# ገዛእ ርእሱ ብትሕትና ሰዊሩ፡ ገዛእ ርእሱ ብተመሳሳሊ መንገዲ ዘግህድ ኣምላኽ፡

ጀፈርሰንቪለ፥ ኢንዲያና USA
63-0317M

1 የቐንየልና ሓውና ነቪለ፡ ጎይታ ይባርኽካ። ከመይ ሓዲርኩም ፍቱዋት። ኣብዛ ንጉሆእዚኣ፡ ደጊመ ኣብ ጉባኤ ተረኺበ ውቁብ ቅርጺ ጉባኤ ንኽርኢ፣ ኣብ ቤቱ ዝተቐመጡ ደቂ ኣምላኽን ስርዓቶምን ክርኢ ዝተዓደለ ናይሂወተይ ጫፍ ኣብዚ ስፍራ እዚ ከምዘሎ እምነተይ እዩ።

ትማሊ፡ ኣብዚ ቦታ እዚ ተረኺበ፡ ብውቃበ እዚ ህንጻ ብሓቂ ተደኒቐ። ከምዚ ክከውን እዩ ዝብል ሕልሚ ፍጹምኣይነበረንን። ንድፊ ናይቲ ካርታ ምስ ረኣኹ፡ ነቲ ንድፊ ምስ ሰኣልዎ፡ ኣብ ሓደ ጠርዚ ዝተጸግዐት ንእሽቶ ኽፍሊ እየ ሪኤ ዝነበርኩ፡ሕጂ ግና ም-ምልኩዕ ስፍራ ኮይኑ ረኺበዮ። ነዚ ምልኩዕ ስፍራ እዚ ንዝሃበና ኹሉ ኸኣሊ ድማ ምስጋናና ነመስግኖ። እንደገና ኩልና...

2 በዛ ንጉሆ እዚኣ ካብ ሰበይተይን ካብ ደቀይን ሰላምታ ተቐበሉ፡ በዛ ንኣምላኽ ኣሕሊፍናእንህበላ ስነ ስርዓት ምረቓን፣ ስእለትና ንክርስቶስ እንህበሉ ሰሙንን ምሳና ኣብዚ ንኽርከቡ ናፊቖም ነይሮም። ይኹን እምበር ቆሉዑኹሎም ኣብ ቤት ትምህርቲ እዮም ዘለዉ፡ ንሱ ሓዲጎም ንኽመጹ ኸቢድ እዩ፡ ኣብ ገዛ ንምውዓል ዝነበሮም ፍቕሪውን ዳርጋ ቀንጢጦሞእዮም፡ ንዓኻትኩም ዘለና ፍቕሪ ግና ፈጺሙ ኣይቐንጠጥን።

ብኸምኡኣይትቕንጥጡዎን ኢኹም። ኣዕሩኽ እትሕዙሉ ኣተሓሕዛ ኣሎ። ኣብ ኩሉ ስፍራ ዘለዉ ኣ-ኣዕሩኸይ ብጣዕሚ እየ ዘድንቐ፡ ብዛዕባ ናይቀደም ኣዕሩኸይ ግና ገለ ነገር ኣለዎ። ሓደሽቲ ፈተውቲ ኣብ ደስ ዝበለኩም ኣፍርዩ እምበር ከምቶም ቀዳሞት ፈተውትስ ኣይኾኑልኩምን። ክንዲ ድላየይ ዋላ እንተ ተንከራተትኩ፡ እዛ ስፍራ እዚኣ ግና ፍጹም ዝተቐደሰት ስፍራእያ። ቅድሚ ሰላሳ ዓመታት ኣቢሉ እዛ ስፍራ እዚኣ ኣብ ጭቃ ዝተነጸፈት ንእሽቶ ቦታ እንከላ፡ ንእየሱስ ክርስቶስ ኣሕሊፈ ኣረከብኩዋ።እዚ ኹሉ ቃላይ እዩ ነይሩ። እዚ ጽርግያ ኣገልግሎት ዘይህበሉ ምኽንያትውን እዚእዩ፣ ካብቲ ቃላይ ንምርሓቕ፡ እቲ ጽርግያ ብኻሊእመንገዲ ክኸይድ ነበሮ። ሻቡ ካብ ማእኸል እቲ ማይ ዝወጸ ዕምበባታት ሊሊ ነበረ።

3 ፍዮሪ ሊሊ ዝገርም ፍዮሪ እዩ። ዋላኳ ኣብ ረግረግ ይወለድ እምበር፡ ውሽጢ ውሽጢረግረግ እንዳጠሓሰ ክኸይድ ግና ግድን እዩ፡ ጫፉ ንደገ ንኸውጽእ መልክዑ ድማ ንኸርእይ፡ ብውሽጢ ማይን ጭቃን ይሰፍሕ። ከም - ከም ዝመስለኒ፡ ሎሚ ንጉሆ ኣብዚ ስፍራ ዝከናወን ዘሎ ነገርውን እዚ እዩ።ንሱ ድማ፡ ካብታ ጊዜ እቲኣ ጀሚሩ፡ ንእሽተይ ሊሊ ረግረግ፡ ገዛእርእሳ ትደፍእ ነበረት፡ ናብ ደገ ናብቲ ማይ ምስ ተቐልቀለት ድማ ኣኽናፉ ዘርግሐት፡ ናእሽቱ ውቑባት ፍዮሪታታ ድማ ኣውጽአት፡ መልክዕፍዮሪ በረኻ ድማ ኣንጸባረቐት።

4 ንዘልኣለም ትጽናዕ! ብምልኣት ንኣምላኽ ዝተወፈየት ቤት ትኹን! እዚ ኣዳራሽ ብ1933 ንጎይታ ኣሕሊፍና ሂብና ኢና፡ ነገር ግን እዚ እንዳሓሰብና፡ሎሚ ንጉሆ ንኣምላኽ መሊስና እነወፍየላ ን-ንእሽቶ ስነ ስርዓት ብምክያድና ሰናይ እዩ። ብፍላይ ድማ ኣብ ቅድሚ እዞም ንክርስቶስብዘለዎም ፍቕርን ተወፋይነትን እዚ ኹሉ ንኽሳኻዕ ዝገበሩ ህዝቢ ኣምላኽ።

5 ስለ ሞባእኹምን ኻልእ ኩሉ ነገራትኩምን፣ እዛ ቤተክርስትያንድማ ንክርስቶስ ክትውፈይ ብምግባርኩም፡ ንኹሉኹም ከመስግነኩም ይፈቱ።

ብዛዕባ እቶም ኩሉ ኣገልግሎታቶም ዘወፈዩ፡ ኣብ ቤተክርስትያን ዘለዉ ኣሕዋት ኣብክንዲ ማሕበር በዘን ቃላት እዚኣተን ኣድናቖተይን ምስጋናይን ዝዓዘዘ እዩ። ክቡር ሓው፡ ሓውና ባንክስ ዉድ፣ ክቡር ሓው፡ ሓውናሮይ ሮበርሰን፣ ከምኡ ድማ ካልኦት ብዙሓት ውፉያትን፡ ለባማትን ኣሕዋትን፡ ከምቲ ሕጂ እንርእዮ ዘሎና ህንጻ ኮይኑ ደው ንኽብል፣ብትኽክል ምንዳቑ ንኸረጋግጹ ገዛእ ርእሶም ንኣዋርሕ ዘወፈዩ ኹሎም።

6 እቲ ኩሉ ጊዜ፡ ምሉእ ህይወተይ! ሃረር ዝብሎ ዓይነት ፑልፒት ንምርኣይ ናብ ውሽጢ ምስ ኣተኹ ድማ፡ ኣነ... ሓውና ዉድስእንታይ ከም ዝፈቱ ይፈልጠኒ እዩ፡ ከም ዝሃንጽ ፈጺሙ ኣይተዛረበን፡ ነገር ግን ሃኒጺዎ። እቲ ህንጻን እቲ ስራሕ ህንጻን እንታይ ከም ዝመስል ኣስተውዓልኩ፡ ኦ! ናይ ብሓቂፍጹም 'ዩ።

7 ሕጂ ድማ ሓጎሰይ ክገልጻሉ ዝኽእል ቃላት የብለይን። ሪኢኹም? በቃ የለን። ኣምላኽ ግን ይፈልጥ እዩ። ስለ ጻዕርኹምንእዚ ህንጻ ቤት ጎይታ ንኽኸውን ንዝገበርኩምዎ ኩሉ ግብርታትኩምን፡ኣምላኽ ንኹሉኹም ጸጋ ይሃብኩም። ሕጂ ድማ ኣ-ኣነ እዘን ቃላት እዚኣተን ክብል ይፈቱ። ሕጂ፡ እቲ ህንጻ ብውሽጢን ብደገኡን ጸቢቑ ...

ስራሕቲ መንደቕ ብሎኬቲ ዝሰርሐ ዘማይ (ሓዋ ንሰበይተይ) ጁንየር ዌበር እዩ። ካብዚንላዕሊ ክስራሕ ይኽእል ኢለ ክርእይ ኣይክእልን እየ'ሞ ውቁብ ስራሕ እዩ።

8 ኻሊእ ሓው ድማ ኣብዚ ኣሎ፡ ብኣካል ረኺበዮ ኣይፈልጥን እየ፡ ነገር ግን ሳውንድ ሲስተምዝዘርግሐ ግና ንሱ እዩ። ኣብ ከምዚ ዝዓይነቱ ለጥ ዝበለ ህንጻ ከምዚ ክኸውን ይኽእል እዩ ኢለ ... እንዳነጠረ ዘጋውሕ ድማጺየብሉን። ብዝተፈላለየ መዳያት ናይቲ ቦሎፎን (ኮርኒስ) ተሰቒሉ ይርከብ። ኣብ ደስ ዝበለኒ ደው ዋላ እንተበልኩ ኩሉ ተመሳሳሊ እዩ። ርኢኹም! ኩሎም ክፍልታት ድማ ኣብ ውሽጦም መጉልሒ ድምጺተተኺሉዎም ተሰ-ተሰሪሖም ኣለዉ፡ ብደስ ዝበለኩም መዳይ ሰቒልኩም ድማ ክትሰምዑ ትኽእሉ ኢኹም። ኢድ እቲ ኹሉ ዝኽእል ኣምላኽ፡እዚ ኹሉ ኸም ዝገበረት እየ ዝኣምን።

9 ሕጂ ጎይታና ካብተን ዝሓለፉ ሰላሳ ዓመታት ንላዕሊ ኣዕዚዝና ምእንቲ ከነምልኾሲ እንእከበሉ ህንጻ ካብ ሃበና፥

ክንጅምር እንከለና፡ ምድሪ ቤቱ ጭቃ፣ ሳጋቱራ ነበረ ዝኣረገ እቶን ከም መሞቑ ንጥቀም ነበርና።ኮንትራክተር ሓውና ዉድስ ወይድማ ሓውና ሮቢንሰን፡ ሓዲኦም ከምዝበሉኒ ድማ፡ ኣብዞም ኣዕኑድ መንደቕ፡ ዝኣረጉ እቶናት ኣብ ዝነበሩሉቦታ፡ ምስኡ ሓቢሮም ዝተተሓሓዙ ወረድቲ ሞራለታት ነበሩ፡ ሓዊ ተሳዊሩዎም ነበሩ ምናልባትም ክልተ ወይ ሰለስተ ፊት (feet) ዝኣክል፡ይኹን እምበር ንምንታይ እዩ ተቓጺሉ ዘይወረደ፡ ኣምላኽ ስለዝሓለወ ጥራይ እዩ። ብድሕሪኡስ ምስ ሓረሩ ክብደት ናይቲ ህንጻ ኹሉኣብኣቶም ዓሪፉ ነበረ፡ ንምንታይ እዩ ዘይፈረሰ፡ ኢድ ኣምላኽ ጥራይ።ሕጂ ግና ኣብ ትሕቲ መሬት ተሪር ብረት ተኣሲሩሉ ጸኒዑ ተሃኒጹ ኣሎ።

10 ሕጂ ድማ ከምዝመስለኒ፡ ብጸጋ ኣምላኽ፡ ኣብታ ሰዓት ንሳ፡ ውሽጣዊ ኽፍሊ ትኽክል ናይ ምግባር ግዴታ ናይ ኩልና እዩ ... እዚ ንሕና እንኣትዎ ምልኩዕ ህንጻ ጥራይ ኣይኮነን ክኸውን፤ ነገር ግን እቲ ዝመጽእ ህዝቢ፡ኣባና ኣብቶም ናብዚ ህንጻ እንኣቱ ሰባት ኣብ ነፍሲወከፍና ውቁብ ዝኾነ ባህርታት እየሱስ ክርስቶስ ይርኣዩ። እዚ ስፍራን እቲ ህዝብንንጎይታና ዝተወፈየ ይኹን። ዋላኳ እቲ ህንጻ ኣብዚሕና እነድንቖ ውቁብ ህንጻ ይኹን እምበር፡ መልክዕ ቤተክርስትያን ግና ባህሪ ናይቲህዝቢ እዩ። ንሓዋሩ ውቁብ ቤት ኣምላኽ ከምዝኸውን እምነተይ እዩ።

11 ኣብታ ስነ ስርዓት እምኒ መሰረት ዘንበርኩላ መዓልቲ፡ ሓያል ራእይ መጸኒ። ኣብታ ንኣምላኽ ዘወፈኹላ ንጉሆ እቲኣ ድማ ኣብቲ እምኒ መሰረት ተጻሕፈ።

12 ቅድሚ ሒደት ደቓይቕ ንምንታይ ደንጒየ ከም ዝመጻእኹ ኹሉኹምተገሪምኩም ትኾኑ ኢኹም፡ ናብ እዚ ሓዱሽ ህንጻ ቸርች ምስኣተኹ፡ ናይ መጀመርታ ስራሐይ ዝነበረ፡ ኣብ ኦፊሰይ ደው ኢሎምዝነበሩ መንእሰይን ወድን ጓልን ከመራዕ እየ ደንጒየ። ነታ እትመጽእ መዓልቲ ጽንብል ዝተዳለወት መርዓት ምእንቲ ከቕርብ፡ ንክርስቶስእሙን ኣገልጋሊ ዝኾነሉ ጽላሎት ይግበረለይ።

13 እስኪ ሕጂ ድማ ከምቲ ኣብታ መጀመርታ ዝገበርናዮ ንግበር። እዛ ቸርች ኣብ ዘወፈናሉ ናይ መጀመር ታ እዋን፡ መንእሰይ እየ ነይረ፡ በቃ ወዲ ዒስራን ሓደን ወይውን ወዲ ዒስራን ክልተንዓመት መንእሰይ እየ ነይረ። ቅድሚ ምምርዓወይ እውን እዩ። ኩሉ ጊዜ ድማ ብኣምላኽ ... ንኣምላኽ ምስ ህዝቡ ሓቢርና ምእንቲ ከነምልኽኩሉጊዜ ስርዓት ዝተመልአ ስፍራ ምርኣይ እየ ዝፈቱ። ክንገብሮ ድማይከኣለና እዩ፡ እዚ ንምግባር ድማ ዉቁባት ህንጻታት ኣይኮኑን ዘድልዩና፡ ንኣምላኽ ዝተወፈየ ውቁብ ባህሪ ጥራይ እዩ እዚ ክገብር ዝኽእል።

14 ቀጺልና ሕጂ፡ እዚ ቸርች ናብ ኣምላኽ ቅድሚ ኣሕሊፍና ምውፋይና፡ ሒደት ቅዱሳት ቃላት እስኪ ነንብብ'ሞ ብድሕሪኡ ናብ ኣምላኽ ከነወፍዮ ኢና። ከምኡ ድማ ንእሽተይ ... ብዛዕባ ወንጌላዊነት ብዝምልከትንእሽተይ መልእኽቲ ኣላትኒ፡ ምናልባት ነቲ ዝስዕብ መልእኽትታት ዝሃንጽ መልእኽቲ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ሎሚ ምሸት ድማ፡ ካብ ራእይ ዮሃንስ 5ይ ምዕራፍ ማለት ካብቲ- ሾብዓቲኤን ቤተክርስትያን ዘመናት ናብ ሾብዓተ ማሕተማት ተሓዊሱ ዝኣተወ ክሰብኽ እየ። ኣነ ኸዓ ... ብድሕሪኡ ድማ እንታይ'ዩ ዝበሃል ክንርእይ ኢና ... ሶኑይ ምሸት ጋላባይ ኣንበላይ (ጻዕዳ-ፈረስ) ክንርእይ ኢና። ሰሉስ ምሸት ... ሻቡ ጋላባይ ጸሊም-ፈረስ, ከምኡ እንዳበልናኣርባዕቲኦም ጋለብቲ ፈረስ ክንርእይ ኢና። ብድሕሪኡ ድማ እቶም ዝተኸፈቱሸዱሽተ ማሕተማት። ካብኡ ንደሓር ንጉሆ ሰንበት፣ እታ እትስዕብ ሰንበት ንጉሆ፡ ከም ፍቓድ ጎይታ ... ደሓር ክንርእዮ ኢና፡ ደሓር ክንእውጅኢና። ምናልባት ኣብታ እትስዕብ ሰንበት ንጉሆ፡ ኣብዚ ህንጻ እዚንሕሙማት እንጽልየሉ ጉባኤ ክህልወና እዩ። ብድሕሪኡ ድማ ሰንበት ምሸት፡ መዕጸዊ ... እታ “ኣብ ሰማይ ኣስታት ፈረቓ ሰዓት ዝኣክል ስቕታ ኾነ” ዝብል ቃል ዘለዋሻብዓይቲ ማሕተም ንምኽፋት ጎይታ ይርድኣና። በታ ስቕታ።

15 ሕጂ ኣነ ብዛዕባ እዚ ማሕተማት፡ እንታይ ማለት ከም ዝኾነ ዝፈልጦ ነገር የብለይን። ከምዚ ገለገለኹም በዚ ንጉሆ እዚ ዘለኹምዎ ዓይነት፡ ምስ ኣእምሮይ ጥራይ እየ ዘለኹ። ኩልና ካብ ሰብ ዝተውሃበና ቤተክርስትያናዊ ኣተሓሳስባታት ኣለዉና፣ ይኹንእምበር እዚኣቶም ክንኽእዎ ኣይከኣሎምን። ንምርኣይ እንተተመኒኹምድማ ብመንፈሳዊ ብርሃን ጥራይ እዩ ክመጽእ ዝግብኦ። ናይ ግድን ኣምላኽ ክኸውን ይግባእ፡ ንሱ ጥራይ እዩ ክፈትሖ ዝኽእል፡ እቲ ገንሸል። ሎሚ ምሸት ድማ ብዛዕባ መጽሓፍ በይዛነት።

16 ሕጂ፡ በዚ ምኽንያት፡ ንሕሙማት ናይ ጸሎት ጉባኤ ኣይኣወጅኩን ወይውን ከምኡ ኣይቀጸልኩን ምኽንያቱ ... ኣብ ቤት ኣሕዋት እየ ዓሪፈ ዘለኹ፡ ሓድሕድ ደቓይቕ ድማ ብጸሎትን ቃል ኣምላኽ እንዳኣጽናዕኹን እየ ዘሕልፍ ዘለኹ። ከም እትፈልጡዎ ድማ ናብ ምዕራብ ቅድሚ ምኻደይ ዝተቐበልኩዎም ራእያት ናይቶም ሾብዓተ መላእኽቲ እንዳበረሩ መጹ። ድሕሪ ቁሩብ ክትርድእዎ ኢኹም።

17 እምበኣርከስ፡ ሕጂ፡ ኣብዚ ህንጻ እዚ፡ ንኣምላኽ እንተድኣ ተወፍዩ ኾ ይኑ ወይድማ ድሕሪ ሒደት ደቓይቕ ንኣምልኾ ኣምላኽ ጥራይ ክኸውን ምስ ኣወፈናዮ፡ ከምዝመስለኒ ንኸምኡ ጥራይ ክኸውን ይግባእ። ክንገብሮ ዝግባኣናውን እዚ እዩ፡

ኣብ ህንጻ ናይ ቤተክርስትያን ክንዕድግን ክንሻየጥን ብፍጹም ኣይግባእን። ኣብ ኣዳራሽእዚ ቤተክርስትያን እዚ ፈጺምና ስራሕቲ ንግዲ ከነካይድ ኣይግባእን። ክንዲ ድላዩ ዝኾነ ይኹን ኣብ ውሽጢ ቤት ኣምላኽ ክኸውን ኣይግባእን፡ኣብዚ ፈጺሙ ከይግበር፡ ኣገልገልቲ ኣትዮም መጻሕፍቶምን ካሊእ ነገራቶም ንኽሸጡ ከይፍቀደሎም። ክንዲ ዝኾነ ይኹን እዚ እንገብረሉካልኦት ስፍራታት ኣለዉ። ኣብ ቤት ጎይታና ክንዕድግን - ክንሻየጥን ኣይግባኣናን። ናይ - ናይ ኣምልኾ ስፍራ ክኸውንይግባእ። ንኣምልኾ ጥራይ ዝተቐደሰን ዝተኸለለን ይኹን። ርኢኹም?ንሱ፡ ሰናይ ናይ ኣምልኾ ስፍራ ባሪኹና ኣሎ። ንሕና ድማ መሊስና ንዓኡ ነወፍዮ፣ ምሱ ሓቢርና ድማ ገዛእ ርእስና ንዓኡ ነወፍይ።

18 ካሊእ ድማ፡ ምናልባት ዘሰንብድ ክኸውን ይኽእል ይኸውን ይኹን እምበር፡ ናይ ኣምልኾ እምበር ንሓድሕድና እንባጻጻሓሉ ስፍራውንኣይኮነን እሞ፡ ካብ ኣምልኾ ወጻኢ ንሓድሕድና ዕጉምጉም ክንብሃሃል ፈጺምና ኣይግብኣናን፡ ፍጹም ኣገዳስነት ዘለዎ እንተዘይኮይኑ።ርኢኹም? ፈጺምና ኣብ ማሕበር ክንኣቱ ክንወጽእ ዕንኪሊል ክንብል ኣይግባእን። ኣብ ውሽጢ እዚ ህንጻ ክንጎዩ ወይ ድማ ደቅና ክጎዩክንፈቅድን ፈጹም ኣይግባኣናን። እዚ እንዳገበርና፡

ክንገብሮ ካብ እንምድብ እውን ብዙሕ ኣይገበርናን፡ ስለዚ ስለዝሃነጽናዮ ድማክንጥንቀቐሉ ይግባኣና። ሕጂ እዚ ስርዓት እዚ ኣለና። ብርግጽ መብዛሕቲኦም ህዝቢ ኣጋይሽ እዮም፡ ይኹን እምበር፡ መጓሰ ናይዚ ጉባኤ እዚ፡ እዚ ህንጻ ንኣገልግሎት እቲ ኹሉ ኽኣሊ ከም ዝውፈይ ይፈልጡ እዮም።

19 ስለዚ ገዛእ ርእስና ምውፋይና እንዳዘከርና ፡ ናብ ኣዳራሽ ክኣቱ እንከለና፡ ንሓድሕድና ከይንረባበሽ ንጠንቀቕ፡ ንኣምላኽ ድማ ነምልኽ።

ንሓድሕድና ክንበጻጻሕ እንተደሊና፡ እንበጻጻሓሎም ቦታታት ኣለዉና። ኣብዚ ብጽሞና ሓሳብኩም ኣብዘይተሰምዑሉ ስፍራ እዚ ግናብፍጹም እትው ውጽእ ክትብሉን ክትመላለሱን ኣይግባእን፡ ኣጋሽ መጺኦም ይኣትዉ እሞ ክገብርዎ ዝግብኦም ኣይፈልጡን፡ ርኢኹም ረብሻን ካሊእ ነገርን እዩ ዝኸውን። ሰብ ከምኡ እዩ፡ እነ ንባዕለይ ኣብ ሓደ ሓደ ቸርቸታት ሕማቕ ክሳብ ዝሰምዓኒ ከምኡ ይርኢ እየ። ምኽንያቱ ድማ ናብ ማሕበርኣምላኽ እንመጸሉ ምኽንያት ንሓድሕድና ክንበጻጻሕ ኣይኮነን። ንኣምላኽ ከነምልኽ ኢና እንመጽእ ብድሕሪኡ ገዛና ንኸይድ። እዚኣዳራሽ እዚ ንኣምልኾ ጥራይ ዝተወፈየኣዳራሽ እዩ። እንተድኣ ... ኣብደገ ዉጹ፡ ቅዱስን ግቡእን ክሳብ ዝኾነ ድማ ደስ ዝበለኩም ተዘራረቡ። ንሓድሕድኩም ኣብ ገዛውትኹምተበጻጸሑ። ኣብ ካሊእ ስፍራታት ተበጻጸሑ፡ ናብዛ ኣፍ ደገ ምስ ኣተኹም ግና፡ ስቕታ ይኹን።

ንስኻትኩም ክትዛረብዎ ንሱ ድማ ክምልሰልኩም ኢኹም ናብዚ ዝመጻእኹም። እቲ ኣዝዩ ዘሸግር ነገር ግና፡ ብዙሕ ንዛረብ እሞ እኹልኣይንሰምዕን። ስለዚ ናብዚ ክንኣቱ እንከሎና ንዓኡ ንጸበዮ።

20 ኣብታ ናይ ቀደም ኣዳራሽ፡ ምናልባት ኣብዛ ንጉሆ እዚኣ፡ እቲ ሻቡ ንኣምላኽ ከነወፍያ እንከሎና ካብ ዝነበሩ ሰባት ሓደ ዘይክህሉውንይኽእል ይኸውን። መጀር ኡሪክ መሳርሒ ሙዚቃ ክጻወት እንከሎ። ነዚ ስፍራ ምእንቲ ከወፍዮ ኣብ ድሕሪ እዘን ሰለስተ መስቀላት ደው ኢለ ነበርኩ። ንዋላ ሓደ ሰብ ኣይፈቐድኩን ... ኣገልገልቲ ኩሎም ዝዛረብ ሰብ ከም ዘየለ ንኽረጋግጹ ኣብ ኣፍ ደገ ደው ኢሎም ነበሩ። ዘረባኹም ኣብ ደገ ምስ ወዳእኹም፡ ትኣትዉ። እንተደሊኹም ከዓ፣ ብጽሞና (ብስቕታ)፡ ናብ መሰውኢ ብምቕራብ ብጽሞና ጸልዩ። ናብወንበርኩም ተመሊስኩም መጽሓፍ ቅዱስኩም ክፈቱ። ኣብ ጎንኹም ዘሎ ሰብ ዝገብሮ ዘበለ ኹሉ ንዓኻትኩም ዝምልከት ኣይኮነን። ምንምክትዛረቡ ኣይግባእን። ክትዛረቡዎ እንተደሊኹም “ኣብ ደገ ክረኽቦ እየ፡ ንነይታ ከምልኽ እየ መጺአ ዘለኹ”በሉ። ወይ ቃሉ ኣንብቡወይ ብስቕታ ጽንሑ።

21 ብድሕሪኡ ድማ ሙዚቃ። ሓፍትና ጌርቲ፡ ሎሚ ንጉሆ ኣላ ድያ የላን ኣይፈለጥኩን፣ ሓፍትና ጊብስ። እታ ናይ ቀደም ፒያኖ ከምዝዝከር ኣብዛ ጸግዒ እዚኣ ተቐሚጣ፡ “ኣብ ትሕቲ እታ መድሓኒተይ ዝሞተላ መስቀል” ዝብል ልስልስ ዝበለ ሙዚቃ ትጻወት ነበረት።ክሳብ እቲ ጉባኤ ዝጅምር፡ ልስልስ ዝበለ ጥዑም ሙዚቃ - ትጻወት ነበረት። መራሒ ኣምልኾ ተላዒሉ ድማ ክልተ ናይ ጉባኤ መዝሙርይዝመር። ዝዝመር ደስ ዝብል ሶሎ እንተሃሊዩ ድማ ይዝምሩ ነበሩ። ዘይረብሕ ጭራሕ ምራሕ ግን ፈጺሙ ኣይነበረን።

ካብኡ ንደሓር መሳርሒ ሙዚቃ ብዘይ ምቁራጽ ክጽወት ምስ ሰማዕኹ ናብ መድረኽ ንኽወጽእ ተራይ ምዃኑ ይርዳእ።ኣገልጋሊ፡ ናብ ብጸሎትን ብቕብኣት ኣምላኽን ዝተኣከበ ህዝቢ ዘለዎ ጉባኤ ክኣቱ እንከሎ፡ ካብ ሰማይ ንኽትሰምዑ ግድን እዩ።በቃ እዚ እዩ። ዘይኾነሉ ምኽንያት የለን። ናብ ሕንፍሽፍሽ እንተ ኸይድኩም ግና፡ ንስኻትኩም - ንስኻትኩም ... ብጣዕሚ ትርበሹ- ትርበሹ እሞ መንፈስ ኣምላኽ ድማ ይሓዝን።

እዚ ፈጺምና ኣይንደልዮንኢና፡ ፍጹም። ናብዚ ንኣምልኾ ኢና እንመጽእ። ጽቡቓት ገዛውቲ ኣለውና፡ደሓር ብዛዕባኡ ክዛረብ እየ፡ ኣዕሩኽና ከንርእዮም እንኽእለሎም ገዛውቲ ኣለና፡ ናብኡ ክንወስዶም ንኽእል ኢና። እዚ ግና ቤት ኣምላኽ'ዩ።

22 ዕሸላት ህጻናት ኣለዉ። ምንም ክፈልዩ ዘይኽእሉ፤ ድልየቶምንኽረኽቡ ክገብሩዎ ዝከኣሎም ብሕታዊ ነገር፡ ብኽያት ጥራይ እዩ። ሓደ ሓደ ጊዜ ማይ ክሰትዩ ይደልዩ ወይ ድማ ኣትኩሮትውንክኸውን ይኽእል። ነዚ ድማ ብጸጋ ኣምላኽ፡ ነዚ ዝተመደበ ኽፍሊ ፈሊና ኣለና። ኣብዚ ዝርዝር “ክፍሊ ህጻናት” CRY ROOM ተባሂሉ ተሰይሙ ኣሎ። ፊት ንፊተይ እዩ ዘሎ። ብኻሊእ ኣበሃህላ ኣደታት ደቀን ዝወስዳሉ ስፍራ እዩ።

ምናልባት ኣነ ኣብ ፑልፒት ኮይነ፡ ዘይክርበሽ ይኽእል እየ፡ ኣብ ትሕቲ ቅብኣት ስለዝኸውንውን፡ ዘይከድህበሉ ይኽእል እየ።ኻልኦት ግና፡ ጉባኤ ኽካፈሉ ስለዝመጹ፡ ኣብ ጥቓኦም ብምዃን ክርበሹ ይኽእሉ እዮም።

ስለዚ ኣትን ኣደታት ... ዕሸላትክን ክበኽዩ እንከለዉ፡ ዋላሓንቲ ክትገብራ ኣይትኽእላን ኢኸን። ስለምንታይ፡ እዚኮ ብርግጽ... ግድን ሒዝክናኦም ክትመጽኣ ይግብኣክን። ትኽክለኛ ኣደ ውላዳ ሒዛ እያ ናብ ቤት ኣምላኽ እትመጽእ፡ ክትገብራኦ ዝግባኣክንነገር ድማ እዩ።

ንኣኻትክን ከም ዝጥዕም ተገይሩ ዝተሰርሐ ኽፍሊ ድማ ኣዳሊናኣለና፡ ሓድሕድ ጠርዚ ኣዳራሽ ብግልጺ ክትሪኣሉ ዝካኣለክን ኣብ ውሽጡ ድማ ምስ - ንእሽቶ ሽቓቕን መሕጸቢን ዘለዎ፣ ከም ዝደለኽንኒርክን ክትቅንሳኦን ክትውስኻኦን ተገይሩ ዝተሰርሐ መጉልሒ ድምጺ፡ ኩሉ ነገር ኣዴታት ንኽጥዕመን ተገይሩ ዝተሰርሐ እዩ። ምስ ወንበሩንነገራቱን፣ ኮፍ ክትብላ ትኽእላ፡ ነገራት ደቅኽን ክቕየር ዘድልይ እንተኾይኑ ድማ፡ ንኽትቅይራሎም ብዝጥዕም መንገዲ ክትቅመጣ ትኽእላኢኽን። እቲ ኣብኡ ዘሎ ኹሉ ነገር ዝተማልአ እዩ። ኩሉ ዝተዳለወሉ።

23 ኻሊእ ኸዓ፡ ብዙሕ ጊዜ ዕሸላት ፣ ሓድ ሓደ ጊዜ ድማ መናእሰይ ናብ ገለ ነገራት ... ማለተይ ይርድኣኩም እንድዩ፣ ኣባጽሕጽሑፋት ይለዋወጡ፣ ይቖዳድዱ፣ ወይ ድማ ኣብ ቤት ኣምላኽ ገለ ነገር ይገብሩ። ብርግጽ ዕድሜኹምሲ ካብኡ ንላዕሊ ኣብሊጹ ዝፈልጥእኹል ዕድመ እዩ። ተረዲኡኩም? ካብኡ ንላዕሊ በላሕቲ ክትኮኑ ይግባእ። ተረዲኡኩም? ናብዚ'ኮ ... ኣይመጻእኹምን፡ ሓደ መዓልቲእኹል ሰብኣይ ክኸውን እየ፡ ንመንግስቲ ኣምላኽ ብቑዕ ቤተሰብ ከፍርይ ኢልኩም ትሓስቡ እንተሃሊኹም፡ ካብ መጀመርያ ጀምሩ፡ ካሊእ- ካሊእ ኸዓ ሕጂ ምስሉ ሕጂ ግበሩ።

ኻሊእ፡ ኣብ ጠርዚታት ናይዚ ህንጻ ደው ዝበሉ ኣገልገልቲን ዝኣመሰሉን። ገለ ነገር እንተተኻይዱ፡ ንሳቶም - ንሳቶም ነዚኣገልግሎት ዝተመዘዙ እዮም፡ ከም ከም እሙናት ኣብ ቅድሚት ደው ይብሉ እሞ ምናልባት ባህሪኡ ዘይጸበቐ እንተሃልዩ፡ ዓሪፉ ንኽቕመጥ ንኽሓቱዎ ሓደራ ዘለዎም ሰባት እዮም።

24 ኣኽብሮት ዘይብሎም ዝዓይነቱ እንተኾይኑ ግና፡ እታ ወንበር ካሊእ ሰብ እንተተጠቕመላ ይሓይሽ፡ ምኽንያቱ ክሰምዕዝግብኦ ካሊእ ሰብ ስለዘሎ። ንኽሰምዕ ኢሉ ዕላማ ሃልዩዎ ዝመጽአ ሰብ ስለዘሎ። ኣብዚ ዝተኣከብናሉ ምኽንያትውን እዚ እዩ፡ ቃልጎይታ ንምስማዕ። ኩሉ ሰብ ድማ እዩ ክሰምዕ ዝደሊ፡ ክንዲ ብጽሞናዝኾኑዎ ዝኣክል እዮም ዝደልዩዎ። ክንዲ ብጽሞና ዝኾኑዎ ዝኣክል፡ ናይ ዘረባን ናይ ምርብባሽን ኣኼባ ኣይኮነን።

እወ ብርግጽ፡ ገለ ሰብ ንጎይታ ከምልኽ ይግብኦ፡ እዚ እዩ ክንገብሮ ዝግባእ። ክኾኖ ዝግባእ ድማ እዚ እዩ። ኣብዚ ዝተኣከብኩምሉ ምኽንያት ድማ እዚ እዩ፡ ንጎይታ ንኽተምልኹ። በቃ ንኣምላኽ ንኽተመስግኑ እንተድኣ ተሰሚዑኩም፡ ወይ ድማ ዕልልታ እንተሃልዩኩም፡ ቀጽሉ፡ ተረዲኡኩም! ምኽንያቱ ኣብዚ ዝመጻእኹምሉ ምኽንያት ንሱ እዩ፡ በቲ ዘልመደኩም ናይ ባዕልኹም ስርዓትኣመላልኻ ንጎይታ ኣምልኹዎ።

ነገር ግን እንዳተዘራረበን ጽሑፋት እንዳተለዋወጠን፣ ከምኡ ድማ ሓደ ሰብ ካብ ኣምልኾ ወጻኢ ንኽኸውንእንዳገበረን ንጎይታ ከምልኽ ዝኽእል ሰብ የለን።

25 ስለዚ ድማ እዚ ጌጋ ከም ዝኾነ ኢና እንኣምን። እምበኣርከስ ኣብ ቤተክርስትያንና፣ኣብ ጉባኤና፣ እዚ ከም መምርሒ ክንገብሮ ኢና እንደልይ፡ እዛ ህንጻ እዚኣ፣ እዛ ቸርች እዚኣ፡ ንመንግስቲ ኣምላኽን፣ ንስብከትቃል ኣምላኽን ዝተወፈየት ጉባኤ እያ። ጸሎት! ኣምልኾ! ናብዚ ክትመጹ ዘለኩም ነዚ እዩ - ንኽተምልኹ።

ኻሊእ ድማ፡ ልክዕ ጉባኤ ምስ ተፈጸመ፡ ኣብ መብዛሕቲኦን ኣብያተ ክርስትያናት እቲ ህዝቢ ... ኣብዚ ኣሎ - ኣብዚ ኣሎኢለ ኣይሓስብን እየ፡ ምኽንያቱ ... ቀልጢፉ ስለ ዝኸይድ፣ ተረዲኡኩም! ቶሎ ስለ ዝኸይድ። ኩሉ ጊዜ፡ ዋላ ኣብ ካሊእ ጉባኤታት ክሰብኽ እንከለኹ፡ እቲ ቅብኢ ይወርድ፣ ራእያት ይገኃዱ። ብጣዕሚ ስለዝዳኸም፡ ናብሓደ ኽፍሊ ይኸይድ። ምናልባት ወይ ቢሊ ወይድማ ኻሊእ ሰብ ናብ ገዛይወስዱኒ፡ ካብቲ ድኻም ክሳብ ዝወጽእ ድማ ዝተወሰነ ዕረፍቲ ኽወስድ ይገብሩ። ሓያል ናይ ድኻም ውጥረት እዩ።

ዝብለኩም ግና ብዙሓት ኣብያተ ክርስትያናት ሪኤ ኣለኹ፡ ደቆም ኣብ እቲ ኣጸድ ኣዳራሽ ክጓየዩ ዝፈቕዱ ኣብያተክርስትያናት፡ካሊእ - ካሊእ ድማ እቶም ዓበይቶም ንሓድሕዶም እንዳተዘራረቡ ደው ይብሉ። ነቲ ናይ ምሸት ፕሮ ግራም ወይድማ ዝኾነ ይኹን ዝስዕብመደብ ንምብልሻው፡ እቲ ዝሓሸ መንገዶም እዚ እዩ። ተረዲኡኩም?

26 ንስኻትኩም ግና፡ እቲ ፕሮ ግራም ልክዕ ክውዳእ እንከሎ፡ ብኡ ብኡ ካብ ኣዳራሽ ውጹ። ወዲእኹም። ብድሕሪኡ ደገ ወጺእኹምንሓድ ሕድኩም ተዘራረቡ ወይድማ ክትገብሩዎ ዝደለኹም ግበሩ። ክትዛረብዎ እትደልዩዎ ሰብ እንተሃልዩ፡ ማለት ክትርእይዎም - ክትርእይዎም፡ ሰናይ ምስኦም ኪዱ፡ ወይ ድማ ናብ ገዛውቶም ኪዱ፣ወይ ናብ ዝደለኹምዎ ኼድኩም ኣዘራርብዎም፡ ነገር ግን ኣብዚ ኣዳራሽ እዚ ከይትገብሩዎ። ንኣምላኽ ፈሊና ንወፍዮ። ሪኢኹም? እዚ መራኸቢ ስፍራ ናይ ኣምላኽ እዩ፡ ምስኡ ሕብረት እንገብረሉስፍራ። ሪኢኹም? ብርግጽ ድማ ሕጊ ኻብ እቲ ኣዳራሽ እዩ ዝመጽእ። እዚ ድማ ንሰማያዊ ኣቦና ባህ ዘብል ከም ዝኾነ ይኣምን እየ።

27 እንደገና፡ ምስ መጻእኹም ውህበታት ኣብ ማእኸልኩም ክገሃዱ ምጅማሮም ምስረኣኹም ... ሕጂ ኣብዚ ... ኣብዚ ፈጺሙ ኣይክኸውንንእዩ ኢለ ክኣምን እየ፡ ነገር ግን ሰባት ሓዱሽ ቤተክርስትያን ክህልዎምእንከሎ፡ መጀመርታ እትፈልጡዎ፡ እቲ ጉባኤ ድኹም እዩ። ከምኡ ክትኮኑ ኣይግባኣኩምን፡ ብመሰረቱኮ እዚ ቤት ኣምላኽ እዩ፣ ናይ ኣምልኾ ስፍራ እዩ። መንፈሳዊ ውህበታት ኣብ ማእኸልኩም ክወርዱ እንተጀሚሮም...

በዚ ስለ ዝሓለፍኩሲ ይርዳኣኒ እዩ፡ ሰባት ካብ ዝተፈላለየ ክፍልታት እዛ ዓዲ፡ እዚ ገዛኦም ንኽኾኖም ዝመጹ ብዙሓት እዮም።በዚ ድማ ንኣምላኸይ የመስግኖ፡ ምኽንያቱ ... ይኣምን እየ።

እቲ መንእሰይ እንከለኹ፡ እምኒ መሰረት ናይዚ ህንጻ እዚ ዘንበርኩላ ንጉሆ፡ ምትካል ናይዚ ህንጻ እዚ፡ ምምጻእ ናይ እየሱስክርስቶስ ንኸርእየና ጸለኹ። ሻቡ እዚ ክገብር እንከለኹ ኣሻሓት ዶላራት ተዓዲና ኢና፡ ንሳቶምውን ... ወርሓዊ ክንከፍሎ ዝግባኣናዕዳ ካብ ሚኢትን ሓምሳን ክሳብ ክልተ ሚኢቲ ዶላር ዝኣክል ነበረ፡ ካብ ከምዚ ዝዓይነታ ሒደት መጓሰ ዝእከብ ሞባእ ግና፡ ሰላሳወይድማ ኣርባዓ ሳንቲም ጥራይእዩ ዝነበረ። ከመይ ኢለኸ ክገብሮ ይከኣለኒ? ስለዚ ስራሕ ከምዘለኒ ይፈልጥ እየ ክኸፍሎ ድማ ይግባኣኒ።ኣብ ዓሰርተ ሾብዓተ ዓመታት ሓንቲ ሳንቲም ከይወሰድኩ ፓስተር ኮይነ ኣገልጊለ ... እኳ ድኣስ ዘለኒ ኹሉ፣ ገዛእርእሰይ፣ እንዳሃብኩ፡ናብራይ ከይሓለኹ፡ እቲ ናብዚ ሳንዱቕ ዝጠራቐም ዘበለ ኹሉ ንመንግስቲ ኣምላኽ ወፈኹ።

ሰባት ድማ ድሕሪ ሒደት ዓመታት ናብ ጋራጅ ከም ዝልወጥ ይንበዩልናን ይግምቱልናን ነበሩ።

28 ሓደ ጊዜ ድማ ሰይጣን ብጉድለትናተጠቒሙ ብዝተጭበርበረ ሞገት ካባና ክወስዳ ፈቲኑ ነይሩ። ሓደ ሰብኣይ፡ ኣብዚ ስፍራ እዚ እንዳሸቀልኩ ኸለኹ እግረይ ተጎዲአ እየብምባል ይኸሰና እሞ፡ እቲኽሲ ቀጸለ፡ ብድሕሪኡ ... ብድሕሪኡ ኽሲሱ፡ ነዚ ህንጻ ድማ ኽወርስ ደለየ። ንቡዙሕ ሰሙናት ድማ ወሰንክሕሉ ደው በልኩ። ነገር ግን ዋላኳ ብዙሕ ዘይምርድዳእን፣ ትንቢታትን፣ ብዙሕ ዘረባኦምን ይንበር እምበር፡ ሎሚ ግና ኣብ ዩናይትድ ስቴትስ ካብ ዝርከባ ውቁባት ኣዳራሻት ኣብያተክርስትያን ሓንቲ ኾይና ወቂባ ደው ኢላ ኣላ። እወ።

29 ካብዛ ስፍራ እዚኣ ድማ ቃል ኣምላኽ ናብ መላእ ዓለም ይዝርጋሕ ኣሎ። ሪኢኹም ናብመላእ ዓለም። ከም እንፈልጦ ድማ፡ ኣብ ትሕቲ ሰማይ ንዘለዋ ሃገራት፣ ኣብዙርያ ዙርያ ዓለም፡ ብተደጋጋሚ ይሽክርከር ኣሎ። ብዛዕባእዚ ክነመስግን ይግባኣና፡ ክንሕጎሰሉ ይግባኣና።

ሕጂ ድማ እንዓርፈሉ ስፍራ ብምርካብና፡ ኣራእስና ዘጽልለሉ ናሕሲ፡ ንጹህ ኮፍ ክትብለሉደስ ዝብል ቤተክርስትያን ስለዝረኸብና፡ ምእንቲ እዚ ዕዮ እዚ ገዛእ ርእስና እንደገና ደጊምና ነወፍይ፡ ገዛእርእስና ድማ

ንክርስቶስንፍለይ።

30 ከምኡ ድማ ሓውና ፓስተር ነቪለ፡ ፍቱው ሓው፣ ሓቀኛ ፓስተር፣ ባርያ ህያው ኣምላኽ።እዚ ሰብ እዚ ነቲ መልእኽቲ ምስተረድኦ፡ ብኡብኡ ብዘለዎ ሓይሉ ኣጽኒዑ ዝሓዘ ሰብ እዩ። ብትኽክል ሓቂ እዩ። ክቡር ሰብ እዩ።ንእሽተይ ስግኣት ኣለዎ ... ወይውን ኣይፈርሐን ይኸውን፡ ከምኡ ማለተይ ኣይኮንኩን። ዝገርም ትሕትና ዘለዎ ሰብ እዩ፡ ድምጹ ኣልዒሉኣይዛረብን። ገለ ነገር ንኽዛረብ፡ ወይድማ - ወይድማ ንምባል፡ ሓጺርን ቆራጽን እዩ፡ “ኮፍ በል” ወይድማ “ጽናዕ” ኣነ - ኣነኣስተውዒለሉ ኣለኹ፡ እቶም ዝተቐድሑ ቴፓት ስምዑዎም።

ከዳምጽ እንከለኹ ብዙሕ ጊዜ የጋጥመኒ እዩ። ስለዚ ቃላ - ቃላተይ ክትዝክሩ ድማይደልየኩም። ኩሉ ድማ ኣብ ቴፕ ዝተቐድሐ እዩ። ሪኢኹም! ኩሉ ኣብ ቴፕ ተቐዲሑ ኣሎ። ኻሊእ ድማ በጃኹም ነፍሲወከፍ ዲያቆናት ኣብግዴታኹም ክትጸንዑ ይምሕጸነኩም፡ ምኽንያቱ እቲ ዝተውሃበኩም ሓደራ ኻብ ኣምላኽ ዝመጸ ሓደራ እዩ ስለዚ ስፍራኹም ዝተቐደሰ ክኸውንይግባእ። ሪኢኹም? ኩሎም እሙናት እውን ከምኡ።

31 ፓስተር ከተሓላልፎ ዝግባእ ... እዚታት ክብል ዝግብኦ ፓስተር ኣይኮነን። እቶም እሙናት ... ማለተይ እቶም ዲያቆናትእዮም እዚ ክገብሩ ዝግብኦም ምኽንያቱ ንሳቶም ፖሊስ ቤተክርስትያን ስለዝኾኑ። ሓደሽቲ ምርዑዋት መንእሰያት ሰብኣይን ሰበይትን መጺኦምኣብ ደገ ጥሩምባ ክነፍሑ እንከለዉ፣ መብዛሕቲኡ ጊዜ ድማ ከመይ ከምዝገብሩ ትፈልጡ ኢኹም። ሓደ ሓደ ጊዜ ድማ ኣብ ጉባኤ ወይ ድማኣብ ደገ። ኻሊእ ሓንቲ ኣደ ጓላ ናብ ጉባኤ እንተ ሊኢኻ፡ ጓላ ድማ ምስ ረበሽቲ ቆልዑ ፈቐዶ መኪና ትጓየይ እንተሃልያ፡ ኣዲኣ ድማ ጓለይ ኣብ ቤተክርስትያን ኣላ ኢላ ትሓስብ እንተሃልያ፡ ዲያቆን እዚን ከምዚ ዓይነቱን ከስተብህል ይግባእ “ወይ ኣቲኺ ኮፍበሊ፡ ወይ ድማ ብመኪና ኣሳፊረ ናብ ኣዴኺ ናብ ገዛ ክወስደኪ እየ” ክብል ይግባእ። ሪኢኹም? ናይ ግድን ክትገብሩዎ፡ ክትገብሩዎ ይግባኣኩም።

32 ፍቕሪ ኩሉጊዜ ከም ዝእርም ኣይትረስዑ። ትኽክለኛ ፍቕሪ ኣራማይ እዩ፡ ስለዚ ነቲእርማት ክትቕበሉ ኩሉ ጊዜ ድሉዋት ክትኮኑ ይግባኣኩም። ስለዚ ኣዴታት ንደቅኽን ዝኸውን ቦታ ከምዝተዳለወልክን ሕጂ ፍለጣ። ኣቱምህጻናት ድማ ኣብ ዙርያ እዚ ኣዳራሽ ካብ ምጉያይ ዝበለጸ ነገር ምፍላጥ ምረጹ። ተረዲኡኩም? ኣቱም ዓበይቲ ድማ ካብ ኣብ ውሽጢኣዳራሽ ጉዳያትኩም ምግባርን ምዝርራብን ዝበለጸ ፍለጡ። ሪኢኹም? ከምኡ ከይትገብሩ። ስሕተት እዩ። ንኣምላኽ ባህ ኣየብሎን።

እየሱስ ድማ በለ “ቤተይ ንኹሎም ኣህዛብ ቤት ጸሎት ትበሃል” ጽሑፍ እዩ በለ። ይዕድጉንይሻየጡን ድማ ነበሩ፡ ጩጉራፍ ሰሪሑ ድማ ነቲ ህዝቢ ካብቲ ኣጸድ ኣባረሮ። ንሕና ድማ ከምዚ ዝዓይነቱ ነገር ኣብ ጉባኤና ክኸውንኣይግባእን። ስለዚ ህይወትና፣ ቤተክርስትያንና፣ ስራሕትና፣ ጉባኤናን ዘለና ዘበለ ኹሉን ንመንግስቲ ኣምላኽ ኣሕሊፍና ንሃብ።

33 ሕጂ፡ ሕጂ ድማ ቅድሚ ናብ ንኣምላኽ እነረክበሉ ጸሎት ቅድሚ ምሕላፍና፡ ሒደት ቅዱሳትቃላት ከንብብ። ካብኡ - ካብኡ ንደሓር ድማ፡ ብርግጽ ናብ ኣምላኽ እነወፍየሉ ዳግማይ ስነ ስርዓት እዩ፡ ምኽንያቱ እቲ ትኽክለኛወፈያ ቅድሚ ሰላሳ ዓመት ተኻይዱ እዩ። ሕጂ ድማ ኣብ ... ስለዚቃሉ ኣብ እነንብበሉ - ንሒደት ደቓይቕ ድማ ኣብ እንዛረበሉ ጊዜ፡ ኣምላኽ ኣብ ልዕሌና በረኸቱ ከምዘምጽእ እምነተይ እዩ።

ሕጂ ድማ፡ ኻሊእ ክብሎ ዝደለኹዎ ነገር ነይሩ። እወ ኣብቲ ቀደም ቴፕ እንቀድሓሉዝነበረ ቦታ ሎሚውን ኣብኡ ቀዋሚ ኽፍሊ ኣለና፡ ስብከት ክትቀድሑ እትደልዩ እንተሃሊኹም፡ ካብ እዚ ዋና ማይክ ብቀጥታ ዝኸይድ መስመራት ስለዘሎ ክትጥቀሙ ትኽእሉ ኢኹም።

ኩሉ ነገር ምሉእ እዩ።

34 ንስርዓት ጥምቀት ዝኾኑ ክፍልታትን፣ ክዳውንትን ኩሉ ኣሎ። ኻሊእ ድማ ብዙሓት ሰባት ብዛዕባይ ባህ ዘይብሎም ሓንቲ ነገር፡ ብዙሓት ሰባት ቃልኣምላኽ ብዛዕባ መስቀል ኣብ ቤተክርስትያን ንኽህሉ ዘይፈልጡ ሰባት። ሓደ እዋን ይዝከረኒ ብዛዕባ እዚ ጉዳይ እዚ፡ ኣብ ቤተክርስትያንና ዝኾነ ነገር ኣሎ። ሰለስተ መስቀል ነይረናኒ፡ ሓደ ሓው ግና ' እዞም ናይ ሃይማኖት ትካላት ብዛዕባ መስቀል ዝዛረቡዎ፡ መስቀል ናይ ካቶሊኽ እዩ ክብሉ ሰሚዑ' ነቓቒልዎ ነይሩ።

እስኪ ተምሃሮ ወይድማ ዝኾነ ሰብ፣ ወይድማ ዳግም ዝተወልደ ክርስትያን መስቀል ናይ ካቶሊኽ እዩ ዝብለኒ ይሃሉ። መስቀል ክርስቶስ ናይካቶሊኽ ምልክት ኣይኮነን፡ ምልክት ኣምላኽ ምልክት መንግስቲ ኣምላኽ እዩ። ቅዱሳን ካቶሊካዊነት ይውክሉ። “ኣብ ሞንጎ ሰብን ኣምላኽንዘሎ ማእኸላይ ንሱ ክርስቶስ” ከም ዘሎ ንኣምን ኢና። ኣመንቲ ሃይማኖት ካቶሊኽ ግና ኩሉ ዝዓይነቱ ማእኸላይነት እዮም ዝኣምኑ፡ኣሻሓት ኣወዳትን ኣዋልድን፣ ከምኡ ድማ ኩሉ ዝዓይነቱ ጽቡቕ ዝነበረ ነገር ግን ዝሞተ ካቶሊካዊ ኹሉ መማለዲ ይኸውን። ስለዚ ሕጂመስቀል ክርስቶስ፡ ንእየሱስ ክርስቶስ እዩ ዝውክል።

35 ብመሰረት ጥንታውያን ታሪኻት ቤተክርስትያን፡ ቀደምቲ ኣመንቲ ክርስትና፡ ናብዝኸዱዎ ዘበለ ኹሉ ክርስትያናት ምኧኖም ንኽርእዩ፡ ኣብ ዝባውንቶመስቀል ተሰኪሞም ይዞሩ ከምዝነበሩ ትፈልጡ ዲኹም? ሕጂ ድማ ካቶሊካውያን ንሳቶም ከምዝነበሩ ገይሮም እዮም ዝእውጁ። ብርግጽ ንሳቶምቀዳሞት ከምዝኾኑ ይኣውጁ እምበር፡ ኣብቲ እዋን ካቶሊኽ ከም ትካል ዝተኣከበት ድርጅት ኣይነበረትን። ሪኢኹም? ክርስትያናት ግናመስቀል ይስከሙ ነበሩ ...

ሰባት “ክሮስባክ” ክብሉ ሰሚዕኹምዎም ኣለኹም። ምስ ካቶሊክ ዲኹም እተተሓሕዝዎ? ትኽክለኛ ካቶሊክ ማለት እዛ ዓለም ለኻዊት ቤተክርስትያን መንፈስ ቅዱስ ዓለም እያ። ካቶሊክ ማለት ንሕና ኢና፡ ኦሪጂናልካቶሊክ፡ ብመጽሓፍ ቅዱስ እንኣምን ካቶሊክ። ተረዲኡኩም? ንሳቶምማሕበር ካቶሊኽ ቤተክርስትያን ማለት ትካል ሃይማኖት እዮም። ንሕና ካብ ከምዚ ዝዓይነቱ ነገራት ሓራ ዝወጻእና ኢና። መቐጸልታ ሰረተእምነት ሓወርያት ኢና። መቐጸልታ ጥምቀት መንፈስ ቅዱስን እታ ጥንታዊት ቤተክርስትያን ሒዛቶም ዝነበረትን ኩሉ ኢና። እዛ ካቶሊኻዊትትካል ሃይማኖት ግና እዚ ኹሉ የብላን።

36 ስለዚ እዚ መስቀል እዚ፡ እየሱስ ኣብ ትሕቲኣ ኮይኑ ዝጸለየላ ኦም ኣውሊዕ ተፈልፊሉ ዝተሰርሐ መስቀል ኮይኑ፡ ነዊሕ ዕድመዘቑጸረ መስቀል እዩ፡ ካብ ሓውና ኣርጋንብራይት ንዓይ ዝተውሃበ ጥንታዊ መስቀል እዩ። ኣነ ድማ ሎሚ መዓልቲ ምስ እዚ ቸርች የወፍያኣለኹ። ስለዚ ኸዓ ነቲ መስቀል ኣብዚ ሰቒሎምዎ። ኣብዚ ብምስቃሉ ድማ ብጣዕሚ ትኽክለኛ ኣሰቓቕላ እዩ። ብመዳይ - ጸጋመይ መን ከም ዝሰቐሎ ኣይፈልጥን። ነቲ ኣብ የማኑዝነበረ ሌባ ግና ምሕረት ገበረሉ፡ ንሱ ኸዓ ኣነ እየ።

ካሊእ ዝውክሎ ምልክት ድማ፡ ርእሱ ብስቓይ ኣድኒኑ፡ ስቓዩ ኣብ እትርእዩሉ ጊዜ ዘሎ ምሳሌ እዩ። ዝኾነ ይኹን ... ሰብ፡ንሱ ናብ እቲመሰውኢ ደኒኑ እዩ ዝጥምት ዘሎ። ዝኾነ ይኹን ሓጢኣተኛታት ሰብ ድማ ናብ መሰውኢ ክትቀርቡ እሞ ክጥምተኩም እዩ ዝጽበየኩምዘሎ። ካሊእ መዓልቲ ኣብዚ ኸባቢ ዝበርህ መብራህቲ ክገብሩሉ እዮም፡ ምኽንያቱ ናብ መሰውኢ ንምምጻእ ጸውዒት ክግበር እንከሎ፡ መብራህቲክበርሆ እዩ፡ እቲ ህዝቢ ን... ናብዚ ክቐርብ እንከሎ።

37 “ቅርጽን ምስልን ንምንታይ ኣድለየ? ምስሊ ክትገብሩ ኣይግባእን” ትብሉ ትኾኑ። እምበኣር ጽቡቕ፡ እቲ “ምስልን ቅርጽን ኣይትግበር” ዝበለ ኣምላኽ ባዕሉ “ክልተ ኩሩቤላት ስራሕ እሞ ኣኽናፎም ኣጋጥሞ፡ ኣብ እቲ ህዝቢ ዝጽልየሉ መንበር ምሕረት ድማ ኣንብሮ” ዝበለ ኣምላኽ ባዕሉ እዩ። ሪኢኹም ኣለኹም ብዘይ - ብዘይ ኣፍልጦ እዩ። ሪኢኹም? ስለዚ ብምርሒት መንፈስ ኣብቲ ክስቀሎ ዝተገብኦ ስፍራ እዩተቐሚጡ ዘሎ፡ ኣነ ድማ እቲ ብየማን ዝነበረ ብምኧነይ ሕጉስ እየ።

ዋላኳ፡ ክሳብ ዝዝክሮ ምንም ነገር ሰሪቐ ዘይፈልጥ እንተኾንኩ፡ከም ዝፈልጦ ከምኡ ጌረ ኣይፈልጥን፡ ይኹን እምበር ጊዜ ኣምላኽ ብዘይኣግባብ ብምጥቃመይ ዳርጋ ዝሰረቕኩ እዩ እሞ፡ ይቅር ከምዝበለለይእምነተይ እዩ። ክገብሮ ዘይግባኣኒ ብዙሕ ነገራትውን ጌይረ እየ። ስለዚ ድማ ሎሚ ንጉሆ፡ ሓጢኣተይ ኩሉ ምሕረት ስለዝገበረለይ፡ንኣምላኽ የመስግኖ።

38 ሕጂ ድማ ካብ ቀዳማይ ዜና መዋዕል ምዕራፍ 17 ከንብብ እሞንሓሙሽተ ደቒቓ ዝኣክል ብዛዕባ ናብ ኣምላኽ ኣሕሊፍና እንህበሉ ስነ ስርዓትን፣ ጸሎትን ከዛረብ፡ ካብኡ ብቐጥታ ናብ መልእኽትናኽንኣቱ ኢና። ኣብ ቀዳማይ ዜና መዋዕል፡ መበል - መበል 17 ምዕራፍ።

ኰነ ድማ፡ ዳዊት ኣብ ቤቱ ምስ ተቐመጠ፡ ዳዊት ንነብዪ ናታን፡ እንሆ፡ ኣነ ኣብ ቤት ጽሕዲ ተቐሚጠ ኣሎኹ፡ ታቦት ኪዳን ጎይታ ግና ኣብ ትሕቲ መጋረጃታት ኣሎ፡ በሎ። ናታን ከኣ ንዳዊት፡ ኣምላኽ ምሳኻ እዩ እሞ፡ ኣብ ልብኻ ዘሎ ኹሉ ግበር፡ በሎ። ኰነ ድማ፡ በታ ለይቲ እቲኣ ኸምዚ ዚብል ቃል ኣምላኽ ናብ ናታን መጸ፡ ኪድ እሞ ንዳዊት ባርያይ፡ ጎይታ ከምዚ ይብል ኣሎ፡ በሎ፡ ኣነ ዝነብረላ ቤት ንስኻ ኣይክትሰርሓለይን ኢኻ። ካብታ ንእስራኤል ዘደየብኩላ መዓልቲ ኽሳዕ ሎም መዓልቲ ኻብ ድንኳን ናብ ድንኳን፡ ካብ ማሕደሪውን ናብ ማሕደሪ እኸይድ ነበርኩ እምበር፡ ኣብ ቤትሲ ኣይነበርኩን። ኣብቲ ምስ ብዘሎ እስራኤልእተመላለስኩሉ፡ ንሓደ ኻብቶም ንህዝበይ ኪጓስዩ ንዝኣዘዝክዎም መሳፍንቲ እስራኤል፡ ስለምንታይ ቤት ጽሕዲ ዘይሰራሕኩምለይኢለዶ ተዛረብኩ ሕጂ ኸኣ ንባርያይ ዳዊት ከምዚ በሎ፡ ጐይታ ሰራዊት ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝበይ እስራኤልመስፍን ክትከውንሲ፡ ኣነ ኻብቲ ምጕሳይ ካብ ድሕሪ እተን ኣባጊዕ ኣምጻእኩኻ። ኣብ ዝኸድካዮ ዘበለ ኸኣ ምሳኻ ነበርኩ፡ንኹሎም ጸላእትኻውን ካብ ቅድሜኻ ኣጽነትክዎም።ከም ስም እቶም ኣብ ምድሪ ዘለው ዓበይቲ ድማ ስም ክገብረልካእየ።

39 ሓደ ነገር ክብል ይፈቱ፡ ኣብዛ ስፍራእዚኣ፡ ዳዊት ልክዕ እቲ - እቲ ንሕና ዝረኣናዮ ዓይነት እዩ ዝርኢ ዘሎ። ዳዊት ዝብል ዘሎ “ኣቱም ሰብ ንዓይ ብጽሕዲ ዝተሰርሐቤት ሰሪሕኩምሲ፡ ታቦት ኪዳን ጎይታ ግና ኣብ ትሕቲ መጋረጃታት ምኧኑ ቅኑዕ ኣይኮነን እዩ ዝብል ዘሎ።” እቲ መጋረጃታት ድማ ካብናይ ኣባጊዕን እንስሳታትን ተላጊፁ ዝተሰርሐ ቆራብቲ እዩ። ስለዚ “ኣነ ኣብ ስሉም ቤት እንዳነበርኩ፡ታቦትኪዳን ጎይታ ግና ኣብ ዳስ ክሰፍር ትኽክል ኣይኮነን” ድማ በለ።

ስለዚ ንሱ ህንጻንኽሰርሕ ኣምላኽ ኣብ ልቡ ሓሳብ ኣሕደረ። ነገር ግን ዳዊት፡ ንኣምላኽ ፈ - ፈቃርንው - ውፉይን ሰብ እንከሎ፡ ብዙሕ ደም ኣፍሲሱ እዩ። ስለዚ ዳዊት፡ ኣብ ቅድሚ ነብዪ ናይታ ዘመን ንሳ ማለት ኣብ ቅድሚ ነብዪናታን ኮይኑ ... በለ። ናታን ድማ፡ ዳዊት ብኣምላኽ ዝተፈትወሰብ ምኧኑ ብምፍላጥ፡ ከምዚ በሎ “ዳዊት፡ ኣምላኽምሳኻ እዩ እሞ፡ ኣብልብኻ ዘሎ ኹሉ ግበር፡በሎ ።” ዝገርምኣበሃህላ!

40 “ኣምላኽ ምሳኻ እዩእሞ፡ ኣብ ልብኻ ዘሎኹሉ ግበር።” ኣብታ ዳዊት ንፍቕሪ ኣምላኽ ዘለዎ ተወፋይነት ዝተርኣየትላ ምሸት ... ኣብታ ምሸት ንሳ ዳዊት ኣብ ስሕተት ከም ዘሎ ንኸርእይ፣ ንሱ ንኽሃንጽ ከም ዘይተፈቐደሉ ንኸርእይድማ፡ ኣምላኽ ወሪዱ ንናታን ንኽዛረቦ በዓል ምሉእ ጸጋ ነበረ። እተን ቃላት ንሳተን ድማ ኩሉ ጊዜ ክፍተዋኒ! “ኪድ እሞ ንናታን... ኪድ እሞ ንባርያይ ዳዊት 'ኣነ ኻብቲምጕሳይ ካብ ድሕሪ እተንኣባጊዕ ኣምጻእኩኻ'” በሎ። በቃ ዘይጠቅም ኣይነበረን።

ንእሽተይ ጽንሑ'ሞ፡ እዚ ኣበሃህላ እዚ ብኸምዚዓይነት ክጥቀመሉ። “ካብ ምንም ኣልዓልኩኻ፣ ሽም ድማ ሃ - ሃ - ሃብኩኻ። ከምስም እቶም ኣብ ምድሪ ዘለውዓበይቲ ድማ ስም ሃብኩኻ።” እስኪ እዚ ድማ ብ - ብፍሉይ ኣጠቓቕማ ክጥቀመሉ፡ ነጥቢ ዘለዎ ብ- ብምግባር። ክሓስባ ዝጸናሕኩ ... እያ።

ቅድሚ ሒደት ዓመታት፡ ኣብዛ ኸተማ እዚኣ ደው ኢለ ነበርኩ፡ ብዛዕባይ ዝግደስ ሰብ ግና ኣይነበረን። ዝፈትወኒ ሰብኣይነበረን። ብጣዕሚ እየ ሰብ ዝፈቱ፡ ብምኽንያት ባህርያት ናይ ቤተሰበይ ግና ሰብ ኣይፈትወኒን። ነቶም ፍቱዋተይ ኣደይን ኣቦይንዘኽብር ኣይነበረን።

ሎሚ ንጉሆ ኣደይ ኣብዚ ኣዳራሽ እዚ እንተትህሉስክንደይ ምተሓጎስኩ ነይረ።

ከምኡ ድማ ኹሎም እቶም እዚ ህንጻ እዚ ክህነጽ ገንዘቦም ዘፍሰሱ ቀዳሞት፡ ኣምላኽ ሎሚ ንጉሆ ናብዞምደገፍቲ ኣዕኑድ ክጥምቱ እንተዝገብሮም።

41 ቤተሰብ ብራንሃም ግና፡ ብምኽንያት ስኽራን፡ ኣብዚ ኸባቢ እዚ ጽቡቕ ስም የብሎምን። ማንም ሰብ ኣይቐርበንን ነይሩ። ኣብዚ ቀረባ እዋናት፡ ንሰበይተይ፦ እዚኣ ዘክሩዋ። ዘዛርበኒ ሓደ ሰብ ክረክብ ኣይ -ኣይክኣልኩን፣ ብዛዕባይ ዝግደስ ሰብ የለን፣ ስለዚ ድማ ንእሽተይ ዕረፍቲ ንምርካብ ክሕባእ እየ ኢለያ ነይረ።

ሎሚ ግና ጎይታ እዚ ዓብይ ቦታ እዚን፡ እቶም ንሱዝገብሮም ዘሎ ግብርታቱን ሂቡና። ኣብ ክንዲ - ኣብ ክንዲ ብላይ ሽም ድማ - ከም ሽም እቶም ሓያላት ሰባት ሽም ገይሩለይ። ኣብዝኸዶ ዘበለ ኹሉ ድማ ንጸላእተይ ቆራረጾም። ናብ ዝኣተወ ኣትዩ ኣብ ቅድሜኡ ደው ዝብል ሓደ የለን። ብዛዕባ እዚ ድማ ሓጎሰይ ብዙሕእዩ።

42 ዝተበጣጠሰ ኽዳን ዝተኸድነ ህጻን ኮይነ ካብዚ ዘለናዮቦታ ክልተ ሰለስተ ኣንጎሎታት ርሒቑ ኣብ ዘሎ ቤት ትምህርቲ ኢንግራምቪል፡ መላገጺ ናይ እቲ ቤት ትምህሪቲ ዝነበርኩ ህጻን፡ ዝተቐደደኣረጊት ኽዳን ተኸዲኑ ኣብ ዝኣረገ ዕቋር ሽታሕታሕ ዝጻወት ቆልዓ ኾይነ'ሲ ኸመይ ኢለ እዚ ክኾነለይ ኢለ ክሓስብ ይከኣለኒ? ኣብትሕቲ እቲ ዕቋር ማይ፡ ከምዚ ኢሉ ዝዕምብብ ዘርኢ ናይ ዕምበባ ሊሊ ክህሉ ይኽእል ኢለኸ ከመይ ጌይረ ክሓስብ ይከኣለኒ?ሓደ ሰብእኳ ዘዛርበኒ ዘይብለይ እንከለኹስ - ኣብ ማእኸል ህዝቢ ዝኸበረ ሽም ከም ዝህበኒኸ ከመይ ገይረ ክፈልጥ ይከኣለኒ?

43 እምበኣርከስ ዳዊት ቤት መቕደስ ንኽሃንጽ ፍቓድኣይተውሃቦን። ክገብሮ ኣይከኣሎን። ነገር ግን ከምዚ ይብል፦ “ካብ ዘርእኻ ኽተንስእ እየ'ሞ ንሱ ቤት መቕደስ ክሃንጽ እዩ፡ እቲመቕደስ ድማ ዘለኣለማዊ ክኸውን እዩ።ኣብ ልዕሊ ውሉድካ ኣብ ልዕሊ ወዲ ዳዊት ድማ ዘለኣለማዊት መንግስቲ ክትህሉ፣ ንሱ ድማ ክገዝኣእዩ።”

እቲ ብስጋ ወዲ ዳዊት ዝኾነ ሰሎሞን፡ ብስጋዊ ሓይሉ ንጎይታ ዝኸውን ቤት መቕደስ ምእንቲ ክኸውን ኢሉ ገዛ ሰርሐ።ደሓር ግና ፡ እቲ ሓቀኛ ዘርኢ ዳዊት ተጋሂዱ፡ማለት ወዲ ዳዊት፡ ብዛዕባ እቲ ቤት መቕደስ፦ እምኒ ኣብ ልዕሊ እምኒዘይተርፈሉ ጊዜ ከም ዝመጽእ ተዛረበ። ነገር ግን ካሊእ ሓዳስ ቤት መቕደስ ኣመላኺቶም።

44 ዮሃንስ እቲ ራኣያይ፡ ኣብ መጽሓፍ ራእይ ዮሃንስ21 ነታ ሓዳስ ድንኳን ረኣያ፡ “እታ ቅድስቲ ኸተማ፡ እታ ሓዳስ የሩሳሌም፡ ንመርዓዊኣ ኢላ ኽም እተሰለመት መርዓት ተዳልያ፡ ካብ ሰማይ ካብ ኣምላኽ ክትወርድ ከላ ርኤኹ። ካብቲ ዝፋንውን ዓው ዝበለ ድምጺ፡ 'እንሆ ድንኳን ኣምላኽ ምስ ሰብ፡ ንሱውን ምሳታቶም ኪነብር እዩ፡ ንሳቶም ከኣ ህዝቡ ኪኾኑ እዮም፡ ኣምላኽውን ባዕሉ ምሳታቶምን ኣምላኾምን ኪኸውን እዩ። ኣምላኽ ከኣ ንብዘሎ ንብዓት ካብ ኣዒንቶም ኪደርዝ እዩ። እቲ ቐዳማይ ሓሊፉ እዩ እሞ፡ ድሕሪ ደጊም ሞት ኣይኪኸውንን፡ ድሕሪ ደጊምውን ሓዘን፡ ወይ ጫውጫው፡ ወይ ጻዕሪ ኣይኪኸውንን እዩ፡ ኪብል ከሎ ሰማዕኩ።'”

(ኣብዛ እትስዕብ ሰሙን ኣብ እንመሃሮ ትምህርቲ ክምእንርእዮ)፡ እቲ ትኽክለኛ ወዲ ዳዊት፡ ድንኳን ኣምላኽ፣ ንኽዳልዋ ኢሉ ዝኸደላ መቕደስ ክመጽእ እዩ። ኣብ ዮሃንስ 14 “ኣብ ቤት ኣቦይ ብዙሕ ማሕደር ኣሎ። እቲ እንተ ዘይህሉስ፡ ምበልኩኹም ነይረ። ... እኸይድ ኣሎኹ” እንታይ ማለቱ እዩ? በቃ ኣቐዲሙ ዝተዳለወ እዩ። “ስፍራ ኽዳልወልኩም እኸይድ ኣሎኹ፡ ከይደ ስፍራ ምስ ኣዳለኹልኩም፡ ኣብቲ ኣነ ዘሎኽዎ ንስኻትኩምውን ኣብኡ ምእንቲ ኽትኮኑስ፡ ተመሊሰ ኽመጽእ እየ እሞ ናባይ ክወስደኩም እየ።” ብርግጽ ድማ ከም እንፈልጦ ኣብታ ዓባይ ዘመን ክንከውን ኢና። እቲ ሓቀኛወዲ ዳዊት ዝኾነ እየሱስ ክርስቶስ ድማ ነቲ ዙፋን ክወርስ እዩ፡ ቤተክርስትያን ድማ ኣብ ቤቱን ኣብ ልዕሊ ዓሰርተ ኽልተ ነገዳት እስራኤል ከም መርዓት ኮይና ምስኡ ንዘልኣለም ክትገዝእ እያ።

45 እዘን ናእሽቱ ስፍራታትውን፦ ዳዊት ከም ዳዊትነቱ፡እታ ሓቀኛ ድንኳን ኣምላኽ ክሰርሕ ኣይከኣሎን፡ ምኽንያቱ፡ እዚ ንምግባርዝተመደበ ሰብ ስለዘይነበረ። ንሱ ክገብሮ ዝከኣሎ ሓንቲ ነገር ኣይነበረን። ደም ዘፍሰሰ መዋቲ ሰብ ነበረ። ንሕና ድማ ሎሚ ኸምኡኢና፡ ነታ ሓቀኛ ማሕደር ኣምላኽ ንኽንሰርሕ ኣይተመደብናን። እዚ ክገብር ዝኽእል ሓደ ጥራይ ኣሎ፡ ኩነታት እቲ ምህናጽ ድማ ኣብከይዲ ይርከብ።

ነገር ግን እዘን ናእሽቱ ህንጻታት እዚኣተን፡ እታሰለሞን ዝሰርሓ ህንጻ ቤተ መቕደስን ካልኦትን ኩለን፡ እታ ሓቀኛድንኳን ኣምላኽ ካብ ሰማይ ናብ መሬት ወሪዳ ክሳብ እትትከል ከም ጊዜኣዊ ናይ ኣምልኾ ስፍራታት እየን። “ጽድቂ ካብ ዘለኣለም ንዘለኣለም ክትገዝእ እያ እሞ፡ ድሕሪደጊም ሓዘን ኣይክኸውንን።” ኣብታ ድንኳን ንሳ፡ ስነ ስርዓት ቀብሪ ኣይክስበኸላን እዩ። ሓንቲን ናይ መወዳእታን ዓባይ መርዓ ንዘልኣለምክትከናወን እያ እሞ፡ መርዓን ደርዓን ኣይክህሉን እዩ። ኣቤት ክጥዕም ጊዜ ዝኾኖ!

46 ይኹን እምበር ክሳብ እታ ማሕደር ንሳ እትመጽእ፡ብሓሳብና እንዳተጸበናያ ሎሚ ኣብ ልብና እንዳተጸበናያ፡ ኣብኣ ከም ዘለና ኾይንና ንገዛእ ርእስና ብመንፈስ ብምፍላይ፡ ኣብታ ስፍራንሳ ኸምዘለና ኾይንና ኣብዚ ስፍራ እዚ ነምልኽ።

ቅዱስ ቃል ከንብብ እንከለኹ፡ እስኪ ኩላትና ብእግርና ደው ንበል።

እቲ ቐዳማይ ሰማይን እታ ቐዳመይቲ ምድርን ሐሊፎም፡ ባሕሪውን ደጊምሲ የልቦን እሞ፡ ሓድሽ ሰማይን ሓዳስ ምድርን ርኤኹ።

እታ ቅድስቲ ኸተማ፡ እታ ሓዳስ የሩሳሌም፡ ንመርዓዊኣ ኢላ ኽም እተሰለመት መርዓት ተዳልያ፡ ካብ ሰማይ ካብ ኣምላኽ ክትወርድ ከላ ርኤኹ።

ካብቲ ዝፋንውን ... ዓውዝበለ ድምጺ፡ እንሆ ድንኳን ኣምላኽ ምስ ሰብ፡ ንሱውን ምሳታቶም ኪነብር እዩ፡ ንሳቶም ከኣ ህዝቡ

ኪኾኑ እዮም፡ ኣምላኽውን ባዕሉ ምሳታቶምን ኣምላኾምን ኪኸውን እዩ።

47 ኣራእስና ነድንን ሕጂ። ሰማያዊ ኣቦና፡ ብፍርሃትን ብኽብርን ብቕድስናን ደው ንብል ኣለና።ኦ! ጎይታ ንስኻ ባዕልኻ ጸጋን ገንዘብን ሂብካና፡ እዚ ንዓኻ ንምምላኽ ዝሰራሕናዮ ህንጻ ንኽትቅበለና ንሓተካ ኣለና። ኣብ ልዕሊምድሪ ይኹን ኣብ ዝኾነ ይኹን ስፍራ፡ መንፈስ - መንፈስ ኣምላኽ ንኽሓድረሉ ዝምጥን፡ ክንሰርሖ ዝከኣለና ምንም ነገር የለን። ነገር ግን ጎይታ፡ ከም ምልክት ናይንዓኻ ዘለና ፍቕርን ሓልዮትን ክኸውን ግና፡ እዚ ህንጻ እዚ ናባኻ ነቕርብ ኣለና። ስለቲ ዝገበርካልና ብዙሕ ነገራት ነመስግነካ ኣለና።

ሎሚ ድማ፡ ቅድሚ ብዙሕ ዓመታት ንኣገልግሎትካ ዝተወፈየ ህንጻንመሬትን ኮይኑ፡ ዝገበርካልና እንዳሓሰብና ነመስግነካ። ሎሚውን ጎ ይታ ኣምላኽና፡ ከም ዝተፈጸመ ራእይ ናይ ብዙሕ ዓመታት፡ ክገልጾእንከለኹ፡ እዞም ሰባት ዝጥቀሙሉ ዝነበሩ ዝኣረጉ ህንጻታት እንደገና ጸጊኖም ሓድሽ ገይረሞ፡ ኣነ ኸዓ ናብ ማዕዶ እቲ ሩባ ተለኣኽኩ።

48 ሎሚ ድማ ጎይታ ኣምላኽ፡ ፈጣሪ ሰማይን ምድሪን፡ ከም ህዝቢ ናይ መጓሰኻ ኣብ ቅድሜኻ ደው ንብል ኣለና። ከም ህዝቢ ናይ - ናይ - ናይ - ናይ መንግስትኻ ደው ንብል ኣለና። ሕጂ ድማ እዚ ህዝቢንፓስተርን ምሳይ ብሓደ ኾይንና፡ እዚ ህንጻ እዚ ንኣገልግሎት ኹሉዝኽእል ኣምላኽ፡ ብሽም ወዱ ጎይታ እየሱስ ክርስቶስ፡ ንኣገልግሎት ኣምላኽን፣ ንቕድስናን ንኽብርን ኣምላኽ ነወፍዮ ኣለና። ካብዛስፍራ እዚኣ ድማ፡ ኽብሪ ኣምላኽ ምእንቲ ኸረኣያ፡ ካብ ኣርባዕቲኡ መኣዝናት ዓለም ንኽእከቡዋ፡ ወንጌል ዝፈሰላ ስፍራ ትኹን። ከምቲቀደም ዝገበርካዮ፡ መጻኢ ግብርታትካ ድማ ካብ ቀደም ኣዕዚዙ ዝበልጽ ይኹን።

49 ኣቦ፡ ሕጂ ድማ በቲ ኣብ ውሽጥና ዘሎ ቓል፡ ገዛእ ርእስና ድማንኣገልግሎታትካ ነወፍይ ኣለና። ኦ! ጎይታ እዚ ጉባኤን እዚ ህዝቢን ድማ ሎሚ ንጉሆ ቃልካ ንምስማዕ፡ ገዛእ ርእሶም የወፍዩ ኣለዉ። ንሕናውን ከም ኣገልገልቲ “ንስብከት ቃልካ፡ ብግዚኡን ብዘይጊዚኡንብብዙሕ ትዕግስቲ ክንግስጽ፣ ከነቃንዕ” ገዛእ ርእስና ነወፍይ ኣለና። ቅድሚ ሰላሳ ዓመታት ኣብ እቲ እምኒ መኣዝን ተጽሒፉ ከምዘሎ። “ኣእዛኖም ኣስሕይዎም ደኣ፡ ብትምኒት ርእሶም መምህራን ኪእከቡ እምበር፡ ነቲ ጥዑይ ትምህርቲ ዘይዕገሱሉ ዘመን ኪመጽእ እዩ፡ ሽዑ ኣእዛኖም ካብ ሓቂ ኺመልሱ፡ ናብ ጽውጽዋያትውን ኪምለሱ እዮም” ዘበልካዮ።

50 ጎይታ ቃልካ ንህዝቢ ኣብ እንህበሉ ጊዜ፡ ብድርብ ጻዕሪ ዝበርሀ ነገር ክህልወናንክንሕይልን ሓግዘና። ኦ! ጎይታ ከምቲ ድርብ መንፈስ ኣብ'ታ ስፍራ ዝወረደ፡ መንፈስ ቅዱስ . . . ከምቲ ኣብታ መዓልቲ ስነ ስርዓት ወፈያ ቤተ መቕደስ ሰለሞን፡ንሱ ምስ ጸለየ፡ መንፈስ ቅዱስ ብመልክዕ ዓምዲ ደመናን ብመልክዕ ዓምዲ ሓዊን ናብ ቅድሚ ኣፍ ደገ ቤተ መቕደስ ወረደ፡ ኣብ ዙርያእቶም ኪሩቤል ዘዊሩ ድማ ናብታ ቅድስቲ ስፍራ ኣተወ፡ ዝዓርፈሉ ድንኳን ድማ ወሰደ።

ኦ ኣምላኽ! ሰለሞን ድማ ኸምዚ በለ “ህዝብኻኣብዘለዉ ኣልዮም ተሸጊሮም፡ ገጾም ናብዛ ስፍራ እዚኣ ገይሮም እንተለመኑ፡ ካብ ሰማይ ስማዕ።”ጎይታ፡ ሎሚ ንጉሆ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ሓድሕድ ልቡ ዝኸፈተ ሰብንኽትመጽእ፣ ነፍሱ ናብ ዘግዘአ ሰብ ይእቶ። መጽሓፍ ድማ ኸም ዝብል “ኸሃናት ምግልጋል ክሳብ ዘይከኣሎም፡ እቲ ኽብሪ ኣምላኽ፡ንምስጋና ኣምላኽ ሓያል ከም ዝነበረ ይገልጽ።”

51 ኦ! ጎይታ ኣምላኽ፡ ገዛእ ርእስናን ቤተክርስትያንን ንኣገልግሎትካ ኣብ እንውፈየሉዘለናሉ ሰዓት ኣባና ድማ እንደገና ይደገም። “ለምኑ፡ ኽወሃበኩም 'ዩ” ድማ ጽሑፍ እዩ።

በዛ ንጉሆ እዚኣ ድማ፡ ምስ ሞባእ እዛ ቤተክርስትያን እዚኣ፡ ገዛእ ርእስና፡ ንኣገልግሎት፣ ነቲ ዳሕራይ - ብርሃን፣ ስለቲ ኣጋምሸት - ዝበርሀ ብርሃን፣ ነቲ ብወንጌል ክርስቶስ፡ ኽዳን መርዓት ተኸዲኑ፡ ጎይታ እየሱስ ንኽቕበል ዝጽበይ ህዝቢ፡ ምጽንናዕንእምነትን ምእንቲ ኸነምጽእ፡ ገዛእ ርእስና ንዓኻ ንህብ ኣለና። እምበኣርከስ፡ ገዛእ ርእሰይን፣ ሓውና ነቪለን ከምኡ ድማ መላእጉባኤን፡ ምእንቲ ኣገልግሎት ኣምላኽ፡ ብሽም እየሱስ ክርስቶስ ነወፍይ ኣለና። ኣሜን። ንበሩ። ኮፍ በሉ።

52 ዳዊት “ናብ ቤት ኣምላኽ ንኺድ ምስበሉኒ ተሓጎስኩ” በለ። ንዓናውንከምኡ ክበሃለና እንከሎስ፡ ኣብ ቤት ኣምላኽ ክንእከብ ሕጉሳት ይግበረና። [ጉባኤ ኹሉ “ኣሜን” ኢሉ።] ኣሜን።

53 እምበኣር ካብ ስነ ስርዓት ወፈያ ንደሓር፡ ሓደ ሰዓት ኣለኒ። ገዛእ ርእስና ንምንታይ ከም ዝወፈይና ንዘክር፡ ንቕድስና፣ ንውዳሰ፣ኣብ ቅድሚ ጎይታ ንምትሓት፣ ኣብ ቅድሚ ጎይታ ንምምላኽ ከም ዝተኣከብና ንዘክር። ስለዚ ኣብ ቤት ኣምላኽ ምስኣተና፡ ክንዲዝተኽኣለናትሑታት ንኹን። ልክዕ ድማ ጉባኤ ምስ ተወድአ ካብዚ ህንጻ ቀልጢፍናንውጻእ። ኣያችሁ? ኣገልገልቲ ጽሬት ብፍጥነት ኣትየን፡ ነቲ ዝስዕብኣገልግሎት ብፍጥነት ክዳሎ ንኽገብራ ይሕግዘን። ስለዚ ድማ ኣብ ቤት ኣምላኽ ዝተረባበሸ ነገር ኣይርከብን።

54 ከም ዝመስለኒ ጉባኤ ምስተዛዘመ ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ ሓሙሽተ ደቓይቕ ኩሉ ነገር ይውዳእ። ምስ ኩሉ ሰላምምኽንኩም ርግጸኛታት ኩኑ። ምስ ኩሉ ሰላምታ ኢድ ተጨባበጡ፣ ተመሊሱ ንኽመጽእ ድማ ተዓዳደሙ። ከምኡ - ከምኡውን ከምሎሚ ሰሙን፡ ኣብዚ ህንጻ እዚ ካብ ዘካየድናዮምጉባኤታት ኩሉ እቲ ዝተረጋግአ ጉባኤ ክህልወና እዩ። ንዓኡ ንጽበይ ኣለና።

55 ሕጂ፡ ክሳብ ክንዲ እዚ ዝኣክል . . . ነዊሑኒ ኣይፈልጥን፣ ኣብ ጸሎት ንነዊሕ፣ ክሳብ ሰዓታትድሕሪ ፍርቂ ለይቲ፡ ሓደ ነገር ምርኣይ ጀመርኩ። ስለዚ ጎይታ እንተረዲእና ድማ፡ ብጣዕሚ ጽቡቕ ጊዜ ከም ዝህልወና እምነተይ እዩ።ሕጂ፡ “ጽቡቕ ጊዜ” ክብል እንከለኹ፡ ብዛዕባ እዚ ነገር እዚ ክዛረብ እየ።

ሓድ ሓደ ጊዜ፡ ሰባት ጽቡቕ እንብሎ ነገራት ጽቡቕኣይኮነን። ኣምላኽ “ጽቡቕ” ዝብሎ ሰባት “ዕሽነት” ይብልዎ። ኣምላኽ“ዕሽነት” ዝብሎ ድማ ሰባት “ጽቡቕ” ይብልዎ። ስለዚ እዚ ኣብ ኣእምሮና ሒዝና፡ ንኹሉ ቓል ንምዘን።

56 እተን ጉባኤታት ነዋሕቲ ጉባኤታት እየን። ብዙሕ ትምህርቲን፣ ተወፋይነትንዝሓታ ከበድቲ ኣገልግሎታት ስለዝኾና ንውሕ ንውሕ ዝበላ ኣገልግሎታት ክኾና እየን። ኣነ ድማ በቃ . . . ኣብቲ ዝዓረፍኩሉ ቦታ፡ እቶም ሰባት “ሓውና ብራንሃም፡ ብዙሕክብደትካ ቀኒስካ'ኮ” ብምባል ኩሉ ነገር ክምግቡኒ ይደልዩ። ብተደጋጋሚ ግና ኣብ ኣገልግሎት እየ ነይረ። ዝቕጽል ሰንበት ምሸትድማ ናብ ካሊእ ኣገልግሎት ክኸይድ እየ፡ ብህጹጽ ናብ ሜክሲኮ። ስለዚ፡ ብጣዕሚ ከቢድ ነገር እዩ። ይኹን እምበር ገዛእ ርእሰይድልዊ ንምግባር፡ ካብ - ካብ ምብላዕን ካብ ምስታይን የርሕቕ ኣለኹ።

ኻሊእ ድማ በዚ ንጉሆ እዚ ሓውና ጁንየር ጃክሰንን፣ ከምኡ -ከምኡውን ሓውና ሩደል፣ ኩሎም - ኩሎም ኣገልገልትን፣ካልኦትን ንኹሉኹምስለዝረኣኹኹም ሕጉስ እየ። ኣምላኽ ንኹሉኹም ይባርኽኩም።

57 ስለዚ ሕጂ፡ ሓደ ሓደ ነጥብታት ጽሒፈ ብዝሓዝኩወን ነጥብታት ክዛረብ - ክዛረበኩም ይፈቱ። ኣቐዲመ ግና ካብ መጽሓፍትንቢት ኢሳያስ መበል 53 ምዕራፍ ክንብብ። ናብኡ እንዳገንጸልኩም እንከለኹም ሓደ ወይ ክልተ ዝኾነ ኣዋጅ (ምልክታ) ክገብር። ንሱውን፡ ኣብ ሞንጎ እታ ናይ መወዳእታ ዘመን ቤተክርስትያንን ናይ መጀመርታ ምኽፋት-ማሕተምን ዝኾነት መጽሓፍ ክዛረብ እየ ዝፈቱ። ኣብ ሞንጎ ክልቲኤን ሰፊሕ ጋህ ዝበለ ነገር ኣሎ።

ኣቐዲመውን፡ ብዛዕባ ዘመናት ቤተ ክርስትያን ምስ ዛዘምኩ፡ ብኡብኡብሓደ ዝተኣሳሰር ስለ ዝኾነ፡ ብዛዕባ ሰብዓ ሱባኤ ዳኒኤል ተዛሪበእየ። እንደገና ዝብሎ “ሾብዓተ መሕተም ክጅምሮ እንተድኣ ኾይነ፡ ምስቲ ማሕተማት ምእንቲ ክተኣሳሰር፡ ኣቐዲመ ናይ ዳኒኤል ሰብዓ ሱባኤ ከወግዶ ይግባኣኒ።” ነታ ሓንቲ ማሕተምጥራይ ከፊተ ክሓድጋ ይግባኣኒ፡ ንሳውን 5ቲ ማሕተም ካብተን ሾብዓተ ማሕተማት እያ። ንሳ ድማ ሎሚ ምሸት ክንሸፍን ኢና።

58 ሎሚ መዓልቲ ምሸት፡ ከይመሰየ ክንጅምር ኢና። ኣነኸ . . .ገሊጽኩምዎ ኢኹም፣ ቀልጢፍኩምዶ ጀሚርኩም? [ሓውና ነቪለ “እወ”ኢሉ።] ካልኦትኩም ኩሉኹምከ ከባቢ ሰዓት ሾውዓተ ኣብዚ ንኽትርከቡ ትኽእሉዶ? [ጉባኤ “ኣሜን” ኢሉ።] ጽቡቕ እምበኣር። እቲ ምምራሕ መዝሙር ፡መደበኛ ፕሮግራም ሰዓት ሽዱሽተንፈረቓን ይጀመር እሞ፡ ሰዓት ሾብዓተ ኣብዚ ክርከብ እየ። ብድሕሪኡ ድማ በተን ሰሙናት ቶሎ ክንጅምር ኢና። እምበኣርከስ - እምበኣርከስ ሕጂ፡ ኣብዚ ኣለና . . . ከም ክርስትያናት ገይሩ መዝሙር ዝፈቱ የለን። ፈተውቲ መዝሙርኢና። ፈተውቲ ከምዚኦም ዝበሉ ነገራት ኢና። ሕጂ ግና ኣብ ካሊእ - ኣብ ካሊእ ነገር ኢና ዘለና። ኣብ ቃል- ኣብ ቃል ኢና ዘለና፤ ርኢኹም፡- ኣብኡ ንጽናሕ።

59 ቀጥታ ናብ ትምህርቲ ኢና እንኸይድ - እንኸይድ ሕጂ። ከመይዝዓይነቱውጥረት ከምዘለኒ ርኣዩ፡ ምኽንያቱ ሓንቲ ዝተጋገየ ነገር እንተምሂረ፡ ብዛዕባኣ መልሲ ክህብ እየ። ሪኢኹምዶ? እምበኣርከስ ማንምዝበሎ ነገር ክወስድ የብለይን። ብግድን . . . ብግድን ብምብራህ መንፈስ ክኸውን ኣለዎ። እቶም ሾብዓተ ነጎድጓድ ዝሓዙ ሾብዓተመላእኽቲ ከም ዝህቡ ይኣምን እየ። ሪኢኹም?

60 ሕጂ ድማ ኣብ ኢሳያስ፡ መበል 53 ምዕራፍ ናይ ኢሳያስ፡ ቀዳመይቲወይ ካልኣይቲ ፍቕዲ። እዚ ሕቶ እዚ ክሓትት ይደልይ።

እዚ ጉዳይ እዚ ብዛዕባ እተን ሾብዓተ ማሕተማትውን ኣይኮነን፡ፈጺሙ ኣይኮነን። በቃ መልእኽቲ እዩ። ስነ ስርዓት ምረቓ ከም ዝነበረኒ ስለ ዝፈልጥ፡ ናብኡ ክኣቱ ኣይከኣልኩን፡ ሰዓት ስለ ዘይህሉ። ነገር ግን ሓሲበ እቲ ስነስርዓት ምውፋይ ናይ ቤተክርስትያንንእስ ክብል፣ ኣብክንድኡ፡ ንእሽተይ መዘከርታ ናይ ቤተክርስትያን፣ ወይድማ ንእስ ዝበለ ኣገልግሎት ኣወፋፍያ። ብዛዕባ ምኽፋት እዚመጽሓፍ እዚ ጊዜ ስለዘይነበረ፡ ክብሎ ደልየዮ ዝነበርኩ ክብል ኣይተኽኣለን፡ ሎሚ ምሸት ግና ናብኡ ክኣቱ እየ።

61 ሕጂ ግና በቃ ንእስ ዝበለ ምስኡ ዝተሓወሰ ኣገልግሎት እዩ። ስለዚ ነቲ ዝበሃል ሓድ ሕድ ቃል ኣዳምጹዎ። ሓዙዎ። ኻሊእ ድማ ብቴፕ ትቐድሑ ሰባት እንተሃሊኹም፡ ወይ ድማ ብዝኾነ ይኹን፡ ምስቲ ትምህርቲ ናይቲ ቴፕ ጽንዑ። ካብቲ እቲ ቴፕ ዝብሎወጻኢ ኻሊእ ኣይትበሉ። በቃ ልክዕ ከምቲ እቲ ቴፕ ዝዛረቦ ዘረባ ተዛረቡ። ርኢኹም? ገለ መብዛሕቲኦም ናይ እዚኣቶም ነገራት ሕጂ ኢና እንርድኦም፡ ንምንታይ፡ ብጌጋ ርድኢት ዝተረዳእናዮ ስለዝኾነ። ርኢኹም? እቲ ቴፕ ዝብሎ ጥራይ ንምባል ርግጸኛታት ኩኑ። ኻሊእ ነገር ኣይትበሉ። ርኢኹም? ምኽንያቱ፡ ኣነ ኻብ ባዕለይ ዝብሎ ስለዘይኮነ። ኣስተውዕሉ፡ ንሱ ባዕሉ እዩ ዝዛረብ ዘሎ። ብዙሕ ጊዜሰባት ይትንስኡ እሞ፡ “እከለ እከለ ዝበሎ እኮ እከለ እከለ ማለቱ እዩ” ሕንፍሽፍሽ ይብሉ። በቃ - በቃ ግደፉ፡ ከምዘለዎ ይኹን።

62 ርኢኹም፡ መጽሓፍ ቅዱስ ከምዘለዎ ንኽጸንሕ እዩ ባህግና። ልክዕከምቲ መጽሓፍ ቅዱስ ዝብሎ መንገዲ፡ ከምኡ ክኸውን ኢና ንደልይ፡ በቃ - በቃ ከምኡ ዓይነት። ናይ ገዛእ ርእስኹም ትርጉም ኣይትሕወሱ።ኣስተውዕሉ ቀደም ዝተተርጎመ እዩ። እምበኣር ሕጂ፡

ነዚ ምስክርና መን ኣመኖ? ቅልጽም ጎይታ ንመን ተጋህደሉ?

እስኪ ብደንቢ ገይረ እንደገና ክንብቦ።

ነዚ ምስክርና መን ኣመኖ?(ሕቶ) ቅልጽም ጎይታ ንመን ተጋህደሉ?

ብኻሊእ ኣበሃህላ፡ “ንምስክርና ኣሚንኩምዎ እንተድኣ ኾይንኩም፣እምበኣርከስ ቅልጽም ኣምላኽ ተጋሂዱ እዩ።” ርኢኹም?

ነዚ ምስክርና መን ኣመኖ? ቅልጽም ጎይታ ንመን ተጋህደሉ?

63 ከምኡ ድማ ካብ ቅዱስ ማቴዎስ መጽሓፍ፡ መበል 11 ምዕራፍውንከንብብ እየ። ንስኻትኩም እውን ወረቓቕትኹም ሓዙ፡ ምኽንያቱ ብዘይምቁርራጽ . . . መቕድሒ እንተዘይሃልዩኩም . . . ወረቐትኩምኣምጽኡ እሞ ብሽምኡ ክንሕዝ ይከኣለና እዩ። ቅዱስ ማቴዎስ መበል 11 ምዕራፍ ፍቕዲ25፣ ፍቕዲ 26፣ 11፡26-27። ጽቡቕ፡ እየሱስኣብ ጸሎት ዝተዛረቦ። ኣቐድም ኣቢለ ካብ ፍቕዲ 25ን 26ን ክጅምር። ካብዚኣ እየ ዝኣወጅኩ ይመስለኒ፡ ኣብ መጽሓፍ ቅዱሰይ እውንኣስሚረላ ኣለኹ።

በታ ወርሓት እቲኣ እየሱስ መለሰ በለውን፡ ዎ ኣቦ ጐይታ ሰማይን ምድርን፡ እዚ ኻብ ብልህታትን ኣስተውዓልትን ስለ ዝሓባእካዮ፡ ንሕጻናት ግና ስለ ዝገለጽካዮ ኤመስግነካ ኣሎኹ።

እወ፡ ኣቦ፡ ኣብ ቅድሜኻ ኸምኡ ስምረትካ ኰይኑ።

64 ነዚ ምስክርና መን ኣመኖ? ቅልጽም ጎይታ ንመን ተጋህደሉ? እትብልን ከምኡ ድማ “ኣምላኽነቲ ሚስጢራት ኻብ ብልህታትን ኣስተውዓልትን ስለ ዝሓባእካዮ፡ ንሕጻናት ግና ስለ ዝገለጽካዮ ኤመስግነካ ኣሎኹ።” ኢሉ እየሱስ ዝጸለያን ጸሎት ንኽልቲኣን ቅዱሳን ቃላት ሓዙወን።እምበኣርከስ፡ ካብዚ ጽሑፍ እዚ ተላዒልና . . .

ካብተን ዘንበብናየን ቃላት ተላዒለ፡ ገዛእ ርእሱብትሕትና ሰዊሩ፡ ገዛእ ርእሱ ብተመሳሳሊ ብትሕትና ዘግህድ ኣምላኽ፡ ዝብል ጽሑፍ ኣውጺኤ። ሕጂ ደጋጊመ ዝብሎ፡ ብዛዕባ እተን ቴፓት፡ምኽንያቱ እተን ቴፓት ይቕድሓ - ይቕድሓ ስለዘለዋ። ገዛእ ርእሱ ብትሕትና ሰዊሩ፡ ገዛእ ርእሱ ብተመሳሳሊ ትሕትና ዘግህድ ኣምላኽ።

65 ኣምላኽ ዝኣክል ከምዚ ምግባሩ ንምሕሳብ ዝኸብድ ነገር እዩ። እቶም ብልህታትን መስተውዓልትንካብ ፍልጠቱ ብዙሕ ሚልዮናት ርሕቀት ምእንቲ ክርሕቀስ፡ ኣብ ሓደ ነገር ብቐሊል ኣተሓባብኣ ገዛእ ርእሱ ይሓብእ እሞ በቲ ቀሊልንትሑትን ኣሰራርሓኡ ተመሊሱ ገዛእ ርእሱ ብተመሳሳሊ መንገዲ የግህድ።

ከም ዝመስለኒ፡ ናብቲ - ናብቲ - ናብቲ ዓብይ ትምህርቲ ናይ ሾውዓተ ማሕተማት ቅድሚ ምእታውና፡ እዚ ጉዳይ እዚ ምእንቲ ኽነጽንዕዝተውሃበና - ጽሑፍ እዩ። በቲ ገዛእ ርእሱ ዘግህደሉ መንገዲ፡ ብዙሓት ኣይረኽቡዎን። ብዙሓት ሰባት ኣምላኽ እንታይ ከም ዝገበረን፣ እንታይ ከም ዝገብርን ናይ ገዛእ ርእሶም ዝኾኑ ሓሳባት ኣለዉዎም። ከምቲ ኩሉ ሻብ ዝዛረቦ ሓሳብ ድማ ሰብ ኩሉ ጊዜ ሰብ እዩ። ሰብ ኩሉጊዜ ኣምላኽ ስለዝገበሮ ምስጋና ዝህብን፣ ነቲ ኣምላኽ ሕጂ ዝገብሮም ዘሎ ረሲዑ፡ ገና ደሓር ንዝገብሮ ኩሉሻብ ዝጽበይን ፍጥረት እዩ።

66 ክርድእዎ ዘይኽእሉሉ መንገዲ እውን እዚ እዩ። ዝገበሮም ግብርታት ንኽጥምቱ ንድሕሪት የቋምቱ፡ ነገር ግን ነቲ ዝገበሮ ግብሪ ንኽገብር ዝተጠቐመሉ ቀሊል ነገር ግን ክርእዩ ኣይኽእሉን። መሊሶም ድማ ገና ዝገብሮ ንኽርእዩ ንቕድሚቶም ይጥምቱ፡ ነገር ግን ትሸዓተ ነገራት ካብ ዓሰርተ ኣብ ዙርያኦም ይገብሮ ኣሎ። ክፈልጡዎ ዘይከኣሉሉ ነገር ድማ ብጣዕሚ ቀሊል እዩ።

67 ሓደ መዓልቲ፡ ሓደ ሰብኣይ ኣብዚ - ኣብዚ ኣብ ኡቲካ . . . ምናልባት ገለ ገለኣዝማዱ ኣብዚ ስፍራ እዚ እንተድኣ ሃሊኹም፡ እዚ ዝዛረቦ ዘለኹ ነገር ኮነ ኢለ ነቲ ሰብኣይ ንኽጎድእ ወይ ድማ ንኽጋልጾ ከምዘይኮነ ተረድኡኒ። ሰራ - ሰራዊት ናይ ኲናት ሓድሕድ ዝነበረ ሰብ እዩ።ከምኡ ነይሩ እየ ዝብል . . . ምስ ኣየነዎት ጉጅለ ዓመጽቲ ከም ዝነበረ እንድዒ እምበር፡ ካብቶም ዓማጽያን ከምዝነበረ ይኣምንእየ። ሃይማኖት - ዘይብሉ ሰብ እዩ ነይሩ፡ ኣምላኽ - ገለ ዝብልዎነገር ከም ዘየለ ድማ ይዛረብ ነበረ። ኣብ ኡቲካ ድማ ይነብር። ሽሙ ድማ፡ ምናልባት መብዛሕቲኹም ትፈልጡዎ ትኾኑ ኢኹም፡ ጂም ዶርሲይበሃል።

ንእሽተይ ቆልዓ እንከለኹ፡ ቀረባ ዓርኪ ኣቦይ እዩ ነይሩ ኣብቲ ትሕቲ - ትሕቲ ሩባሕርሻ ብርጭቕ ነይሩዎ። ብዙሕ ጊዜ ብርጭቕ ይህበኒ ነይሩ። ሓደ መዓልቲ፡ ምስቲ ናቱ ንጽጽር፡ ዘደንቕ ነገር ዝተዛረቦ ሰብ ከምዝነበረ ይዛረብ። ኣብተን መዓልትታት ንሳተን ኣነ ገና ህጻን ቆልዓ እየ ነይረ። ነገር ግን ምስቲ ናቱ እምነት ኣነጻጺርካ እቲ ንሱዝሰምዖ ዘረባ ርእሱ ኣድኒኑ ከበኪይ ገበሮ። ኣነውን እቲ ዘረባ ንሱ፡ ኣብ መበል ሰማንያን ሓሙሽተን ዓመቱ ናብ ክርስቶስ ከም ዘቕረቦክርዳእ ከኣልኩ።

68 ሓደ መዓልቲ፡ ካብ ትምህርቲ ሰንበት ክትምለስ ንዝረኸባ ንእሽተይ ጓል፦ ንምንታይ ኣብ ከምዚ ዝዓይነቱ ነበረያ ነበረ ጊዜኣ ከም እተጥፍእ ሓተታ? ንሳ ኸዓ፡ ኣምላኽ ምህላው ስለ ዝኣምን ኢላ መለሰትሉ። ኣቶ ዶርሲ ድማከምዚ በላ "ከምዚ ዝበለ እምነታት ምእማንኪ፡ ትጋገዪ ኣለኺ ዛጓለይ" በላ።

እታ ንእሽቶ ጓል ደው በለት'ሞ ካብ መሬት ኣብ - ኣብ ጥቓኣ ዝነበረ ዕምበባ ቀንጢባከምዚ በለቶ "ኣቶ ዶርሲ እዚ ከመይ ኢሉ ከምዝነብር ክትነግረኒዶ ትኽእል?" ኢላ ሓተተቶ።

ከምዚ እዩ ነይሩ። ሓሲቡ ምስተመራመረ፡ ነታ ጓል "እዚ ድኣ ኣብ መሬት ይዓቢ ኣሎ።"በላ። ብድሕሪኡ ሕቶኣ ተሸከርኪሩ ከመጽእ ጀመረ። "መሬትከ ካበይ መጺኣ?"፣ "ዘርኢእቲ ዕምበባ ከመይ ኢሉ ናብ መሬት ኣተወ?"፣ "ከመይ ኢሉ ከምኡ ክኸውን ኪኢሉ?" ከምኡን ከምኡን ከምኡን እንዳበለ ገለ ነገር ምርኣይ ክሳብ ዝኽእል ኮነ። ሪኢኹም?

69 ብዛዕባ እቲ እንሓስቦ ዓበይቲ ነገራት ዘይኮነ፤ ኣምላኽ ትኽክል ምህላዉ ቕልል ብዝበለነገራት ንምርዳእ ቀሊል እዩ። ስለዚ ኣምላኽ፡ ገዛእርእሱ ብቐሊል ኣግሂዱ፡ እንደገና ገዛእ ርእሱ ብቐሊል ክሓብእ ከምኡ ድማ ገዛእርእሱ ሓቢኡ ገዛእ ርእሱ ከግህድ ዘሐጉሶ ኣምላኽ እዩ። ኣብ - ኣብ ርእሲ ሰብ ዝተቐመጠ ነገር እዩ።

ምኽንያቱ፡ "ንምንታይ እዩ ኣምላኽ ከምኡ ዝገብር?" እንተድኣ ኢልኩም።

ምኽንያቱ ሰብ ካብ መጀመርታ ክፍጠር እንከሎ ካብ ገዛእ ርእሱ ከይወጽእ ተገይሩ ዝተሰርሐፍጡር እዩ። ሰብ ምሉእ ንምሉእ ኣብ ኣምላኽ ንኽውከል ተገይሩ ዝተሰርሐ ፍጥረት እዩ። ስለዚ ድማ ኢና ብገንሸል ወይድማ ብበጊዕእንምሰል። በጊዕ ገዛእ ርእሱ ክመርሕ ኣይኽእልን፡ ኩሉጊዜ ዝመርሖ የድልዮ። ንሕና ድማ ብመንፈስ ቅዱስ ክንምራሕ ይግባኣና። ስለዚሰብ ከምዚ እዩ ተሰሪሑ።

ኣምላኽ ድማ ንግብርታቱ፡ ትሑታት ጥራይ ምእንቲ ንኽርድኡዎ ንኹሉ ግብርታቱ ቀሊልገበሮ።

ኣምላኽ እዚ ገዛእ ርእሱ በቶ ም ትሑታት ምእንቲ ኽፍለጥሲ፡ ምስቶም ትሑታት ገዛእ ርእሱ ትሑት ይገብር።

70 ብኻልእ ኣበሃህላ ኣብ ኢሳያስ 35 ይመስለኒ "እቲ ብእኣ ዚኸይድ፡ ዓሻ እኳ እንተ ኾነ፡ ኣይኪጋገን፡ እዩ።" ብጣዕሚ ቀሊል እዩ!

ከምኡ ድማ ኣምላኽ፡ ከምዚ ገለ ዓቢዩ ነገር ክሳብ ዝመስለና፡ ዓብዪ ኣምላኽ ምኻኑንርዳእ እሞ፡ ነቲ ትሑት ነገር ኣይንርድኦን።

ብናይ ትሕትና ነገር ንተዐናቀፍ። ፈላጣት ናይ እዚ ዘመን እዚን ናይ ኩሉ ዘመናትን፡ ካብ ፍልጠት ኣምላኽ ሚልዮን ማይላት ክሳብ ዝርሕቁ፡ ኣምላኽ፡ ትሑት ኣምላኽእዩ። ምኽንያቱ ብኣተሓሳስባዊ ፍልጠቶም፡ ከም ኣምላኽ ዝበለ ዓብዪ ከምዘየለ ስለዝፈልጡ፡ ኣብ ገዛእ ርእሱ ምግሃድ ግና ቀሊል ይገብሮእሞ፡ ልዕሊኡ ይኸዱ፡ ስለዚ ኣይረኽቡዎን።

71 ኣቱም ጉባኤ ክትካፈሉ ዝመጻእኹም ሰባት፡ ደጋጊምኩም ኣጽንዑዎ፣ኣጽንዑዎ፡ ናብ ሆቴል ክፍታትኩም ኣቲኹም

ኣስፈሕኩም ዝተውሃበኩም ነገር ኣጽንዑዎ። ብሕጽረት ጊዜ ከምቲ ዝግባእ ጌርና ኣየስፋሕናዮን፡ነገር ግን ኣብ ዝዓረፍኩምሉ ሞቴል ይኹን ሆቴል ወይውን ኣብ ዝኾነ ይኹን ዝዓረፍኩምሉ ገዛ ኮይንኩም ባዕልኹም ኣስፊሕኩም ከተጽንዑዎ ይደልየኩም። ተኣኪብኩም ብሓደ ኽተጽንዑዎ ይግባእ።

72 ስለዚ ገዛእ ርእሱ ነቶም ትሑታት ምእንቲ ክገልጽ፡ ከምቲ ዕብየቱነገር ግን ገዛእ ርእሱ ኣብ ትሑት ነገር ዝሓብእ ስለዝኾነ፡ በቲ ንሱ ገዛእ ርእሱ ዝገልጸሉ መንገዲ ኣይረኽቡዎን። ሪኢኹምዶ? ንሱልዕሊ ዓበይቲ ነገራት ዝኸይድ ስለ ዝኾነ፡ ገዛፍቲ ነገራት ኣይትጸበዩ። ነገር ግን ትሕትና ኣምላኽ ኣስተብህሉ እሞ፡ ንኣምላኽ ኣብቅልል ኣብ ዝበሉ ነገራት ክትረኽቡዎ ኢኹም።

ኩሉጊዜ ዓለማዊ - ጠቢባን፣ ሊቃውንቲ፣ ምሁራን ኣይረኽቡዎን። ኣብዚ ዝመጻእኹ . . . ኣነ ዝፈልጦም ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝምህሩ ክልተ ወይ ሰለስተ መማህራን ኣብዚ ጉባኤ ከምዘለዉ ይፈልጥ እየ፡ ስለዚ ትምህርቲ ወይውን ፍልጠት ተቓዊመ፡ መሃይምነት ከስፋሕፍሕ ኣይመጻእኹን። ነዚ ኣይመጻእኹን፡ እንታይ ድኣ እዩ፣ እቲ ህዝቢ ግን ኣብ ኩሉ ዓይነታት ጉባኤታትን ሰሚናሪታትን፡ ኣብ ከምዚ ዝዓይነቱ ነገራት ኣዕዚዙ ይድገፍ ስለዘሎ እዩ፡ ኣምላኽ ቅድሚኦም ሓሊፉ ይሰርሕ ከም ዘሎ ስለ ዝረስዑ እየ።

73 ስለዚ ድማ እየ ኣንጻር እቶም ኣብ ሃይማኖት ድርጅታትዘለዉ ኣሕዋትዘይኮንኩ፡ ነገር ግን ኣንጻር እቲ ስልቲታት ሃይማኖታዊ ድርጅታት እየ። ምኽንያቱ ህልውናኡ ከስፋሕፍሕ ስለ ዝሰርሕን ካሊእ - ካሊእ- ካሊእ ድማ ኣገልገልቲ ናይ ገዛእ ርእሶም ፍልጠት ስኢኖም ዘገምተኛከሳብ ዝኾኑ ኣገልገልቲ ስለዘሰልጥኑ። ስነልቦናዊን - ዝኣመሳሰሉን ፈተናታት ድማ ክሓልፉ ግድን እዩ። ኣገልገልቲ ብቓል ኣምላኽድኣ እምበር ብናይ ስነልቦና (ሳይካትሪ) ፈተና ምፍታንሲ ፍቓድ ኣምላኽ እዩ ኢለ ኣይሓስብን። ርኢኹምዶ? ኣገልጋሊኡ ክፍትንን ቃሉ ሂቡ ክልእኾን መንገዲ ኣምላኽ እዩ። “ቃል ስበኹ!”

በዚ ዘመን እዚ ቃል ኣምላኽ ክትርድኦ ዘጸግምኢሎም፡ ቃል ኣምላኽ ብምግዳፍ ፍልስፍናን ናይ ሃይማኖት ስርዓትንጸሎተ ሃይማኖታትን እዩ ዝስበኽ ዘሎ። ቃል ኣምላኽ ክንርድኦ ይከኣለናእዩ፡ ምኽንያቱ ንኽንርድኦ ተስፋ ቃል ሂቡ እዩ። ሕጂ ንሓቶ ዘለናውን ከረድኣና እዩ።

74 ሕጂ ንሒደት ደቓይቕ ዝተወሰነ ገጸ ባህርታት ክንወስድ ኢና። ኖህ ዝነበረሉ መዓልታት እስኪ ንሕሰብ። ኣብ መዓልታት ኖህ፡ ኣምላኽ ነቲ ኣብ ዓለም ዝነበረ ክብሪን ምዕባለን፣ ዓለማዊ ጥበባትን ረኣየ'ሞ፡ዕብየቱ ምእንቲ ኽርእይ ኢሉ፡ ብትሑት ሰብ ቅልል ዝበለት መልእኽቲ ለኣኸ። ከምቲ እንፈልጦ ኣብ ኣብ ኣብ መዓልታት ኖህ ዝነበረ ዘመን ምዕባለ፡ዘለናሉ ናይ ምዕባለ ደረጃ ነቲ ንሳቶም ዝነበርዎ ደረጃ ምዕባለ ከምዘይመሳሰል፡ ጫፍ ነቲ ንሳቶም ዝበጽሑዎ ከም ዘይበጻሕና ይንገር።

ጎይታና “ከምቲ ብመዓልታት ኖህ ዝነበረ፡ ኣብ መዓልታትወዲ ሰብውን ከምኡ ክኸውን እዩ” ስለዝበለ ግና፡ ኣብ መወዳእታ ክብጻሕ እዩ። ከምዚ ዝዓይነቱ ስእላዊ ኣገላልጻ ሂቡ እዩ።

75 ኣብ ግብጺ ፒራሚድን እስፊኒክስ፣ ካልኦት ኣብዚ ዘመን እዚ ክንሃንጾ ፈጺሙ ብቕዓት ዘይብልና፡ ገዘፍቲ ነገራት ነዲቖም እዮም። ኣብቲ እዋን፡ ሬሳ ህያው መሲሉ ንነዊሕ እዋን ዘጽንሕ ክሳብ ሎሚ መዓልቲዘጽንሕ ዝገንዙሉ ቅብኢ ነበሮም። እዚ ክንገብሮ ኣይከኣለናን። መሚ ክንሰርሕ ኣይንኽእልን፡ መሚ ዝስረሓሉ ንጥረ ነገር የብልናን። ካብ ቅድሚ ኣርባዕተ ሓሙሽተ ሽሕ ዓመታት ጀሚሩ ክሳብ ሎሚ ከምቲ ዝነበሮ ኮይኑ ክጸንሕ ዝኽእል፣ ብፍጥነት ክጣበቕ ዝኽእል ዓይነት ቀለም ነበሮም።ርኢኹም? ክሳብ ሎሚ ከምቲ ንዓኣቶም ዝነበሮም ዓይነት ነገራት የብልናን። ከምኡ ድማ ካልኦት ብዙሓት ገዘፍቲ ምዕባለታት ናይቲ ዘመን ንሱ፡ኣብ ልዕሊ ምዕባላታት ናይ ዘመንና ዓብይ ብልጫ ከም ዝነበሮም የረድኡ።

76 ከምኡ ድማ ኣብ ከመይ ዝበለ ምዕባለ በጺሖም ከም ዝነበሩንምፍላጥ፡ ትምህርትን ሳይንስ ዘረድእ ዝገደፍዎ ዓበይቲ ምልክታትምግማት ይከኣል እዩ። ከመይ - ከመይ ዘስደምም ምዕባለ ነበረ፡ እዞም መዘከርታታት እዚኣቶም፡ እቲ ህዝቢ ኣብ - ኣብ ከመይ ዝኣመሰለ ሳይንሳዊን - ዘመናዊ ምዕባለ ትምህርትንምስቲ - ምስቲ ህዝቢ ምንባሩ የረድእ። “ክኸውን ኣለዎ፡ ናይ ግድን” ኣብ ሞንጎኦም ፈጺሙ፡ መሃይም ነይሩ ክንብል ንኽእል ኣይመስለኒን።

ኣምላኽ ድማ ኣብቲ ገዚፍ ቁጠባዊ ዘመን ዝነበረሉ ዘመን፡ በቲዝነበሩሉ ስርዓት፡ ሰብ ደለየ'ሞ፡ ነቲ መፍረዪ ኣባጊዕ ዝነበረ ኖህ ዝብሃል ትሑት ሰብ ምናልባትው ን ሓረስታይ ክሳብ ዝረክብ ሓደ ቅኑዕ ሰብ ኣይረኸበን። ስለዚ ነቲ ህዝቢ ምእንቲ ክሰብኽ፡ ቀሊል ስብከትሃቦ፡ ትሕትና እቲ ዝተውሃቦ መልእኽቲ ነቶም - ነቶም ናይታ ዘመን ንሳ ምሁራት፡ ህዝቢ ኩሉ በቲ ትሕትና ናይቲ መልእኽቲ ክሳብዝዕንቀፍ፡ ብጣዕሚ ዝወረደ መልእኽቲ ነበረ።

77 እታ ብዛዕባ ምህናጽ መርከብ፣ ዘንሳፍፉ ማይ ዘየለ እንከሎ፡ ናብ መርከብ እተዉ እትብልንእሽተይ ቀላል መልእኽቲ፡ ነገር ግን ኣብ ቅድሚ ሳይንስ፡ “ዕሽነት! እዩ፡ ኣብ ሰማይ ዝናብ ዘየለ እንከሎስ፡ ከመይ ኢሉኸ ዝናብኣብ ሰማይ ክህሉ?” ርኢኹም? ስለምንታይ፣ ስለዚጉዳይ እዚ ከም ዕቡድ ተቖጽረ። ከምቲ ሎሚ እንጽውዖ ኣበሃህላ . . . እንታይ ኢኹም እትብልዎ፡ ነዚ ኣገላልጻ ምሕረት ግበሩለይ“Oddball” “ገርሂ” ተባህለ።

መብዛሕትኦም ህዝቢ ኣምላኽ ድማ “ገርሂ” እዮም። ርኢኹም፡ ገርህታትእዮም። ኣነውን ከምኣቶም ምዃነይ ሕጉስ እየ። ስለዚ ካብ ዘመናዊ - ናይ ምዕባለ መስመር ዝተ - ዝተፈለዩ ስለዝኾኑ፡ ኣብ ቅድሚኻልኦት ዳንደን ገርሂን ኾኑ። ንሱውን ብዛዕባ ህዝቡ “ፍሉይ ህዝቢ፣ ፍልይ ዝበለ፣ ገርሂታት፡ ኽሃናት መንግስቲ፣ ቅዱስ ህዝቢ፣ብፍረ ኽናፍሮም መንፈሳዊ መስዋእቲ ንኽብረ ሽሙ ዘቕርቡ።” ይብሎም። ከመይ - ከመይ ዝበለ ህዝቢ እዩ! ኣብ ትሕቲኡ እዮም።

78 ከምኡውን ኣስተውዕሉ፡ ኣብታ መዓልቲ ንሳ፡ ናብታ ቸርች ዝመጹሓደ ሓደ ኣኽረርቲ፡ ነቲ ዝሰበኽ ስብከት ሰሚዖም፡ ካብቲ ንሳቶም ዝኣምንዎ ኣተኣማምና ዝፍለይ ናይ እምነት መስመር ስለዝኾነ'ሞ፡ ገለ ዓብይ ነገር ተፈጢሩ ይኸውን። ከምኡ ድማ ሳይንቲስትታት፡ ዝናብ ከምዘይህሉ ብቑሊሉ ተመራማሪሮም ክፈልጡ ስለዝኽእሉ!“ንምንታይ፡

እዚ - እዚ ዕብደት እዩ።" ነገር ግን እቲ ሕያዋይ ዝኾነ መፍረዪ ኣባጊዕ "ኣምላኽ ከዘንብ እዩ እንተኢሉ ከም ዝዘንብ" ይኣምን ነበረ።

እስኪ ምስቲ ሎሚ ዘሎ ነገራት ኣነጻጽርዎ፡ ሓደ ሰብ እንተተፈዊሱ፡"ኣታ'ዚ ስምዒት እዩ፡ ብሳይንሳዊ ምርምር እቲ ካንሰር ወይ ድማ እቲ ነገር፡ ወይ - ወይ - ወይድማ እቲ ነገሩ ኣብ ውሽጡ ከምዘሎ ከረጋግጸልኩም ይኽእል እየ" ይብሉ። ንትሑት ኣማኒ ግና፡ የለን ከይዱ እዩ ይብል። ርኢኹምዶ? ምኽንያቱ ከምቲ ኖህ ዝገበሮ፡ንኹነታትዘይኮነስ፡ ነቲ ተስፋ እዩ ዝጥምት።

79 ስለዚ ኣይረኣየኩምን ድዩ? "ከምቲ ብዘመን ኖህ ዝኾነ፡ ብዘመን ወዲ ሰብውን ከምኡ ኪኾውን እዩ።" ማንም ብሳይንስ . . . ምናልባት ዶክተር "ኣታ ጽሉል ኢኻ ይመስለኒ፡ሕብጠትካ ገና ይረኣይ ኣሎ፣ ካንሰርካ ኣይከደን፣ ኢድካ ከም ቀደሙ ሕሙም እዩ ዘሎ።" ክብል ይኽእል እዩ።

ካብ ዘመን ኖህ ጀሚሩ "ዝናብ የለን፡ ንወርሒ ብዘለና ማሽን ጌርናክንስእላ ንኽእል ኢና፡ ስለዚ ዝናብ ዝብልዎ የለን።" ዝብል ዝነበረሓደ መንፈስ ከምዝኾነ ዘክሩ። ኣምላኽ ዝናብ ክዘንም ኣሎ ካብ በለ፡ ዝናብ ኣሎ!

ምኽንያቱ "እምነት ነቲ ተስፋ ዚግበሮ ነገር ርግጽ ምግባር፡ ናይቲ ዘይርአ ነገር ምርዳእ እያ።" ከምኡ ድማ ናይ እምነት ብቃል ኣምላኽ እዩ ዝዛዘም። እምነት መወዳእታ እትረኽበሉ ስፍራኣለዋ። ተረዲኢኩምዶ? [ጉባኤ ኹሉ፦ "ኣሜን" በለ] እምነት ኣብ ቃል ኣምላኽ እያ እትዓርፍ።

ኖህ እውን "ኣምላኽ ስለ ዝበለ" ኣብኣ ዓረፈ። "ኣምላኽ ስለዝተዛረበ"በቃ።

80 እንደገና፡ እንተኣስተውዒልኩም፡ ኖህ ኣብ ከምዚ ዝዓይነቱ ነገራት ምእማኑ ኣኽራሪ ነበረ። ሎሚውን ብጥምቀት መንፈስ ቅዱስ ዝኣምኑ ሰባት ከምኡ እዮም። ኣብያተክርስትያናት ብዛዕባ እቲ ህዝቢ "ኣኽረርቲ እዮም፣ ስምዒታውያን፣ ዝሕቱላት፣ ብፍርሓት - ዝተወቐዑ ኣኽረርቲ ሰባት" እዮም ይብሉኣለዉ። ነገር ግን ድማ ብዝተወሰነ መልክዑ ቃል ኣምላኽ ከምኡ ከም ዝምህር ይፈልጡ እዮም። ተስፋ ቓል እዩ።

81 ንኖህ ድማ ዋላኳ "ኣእምሮኡ ዝሰሓተ ኣረጊት ይበልዎ፡ ብደረጃሳይንሳዊ ምርምር ግጉይ፣ ከምኡ - ከምኡ ድማ ብደረጃ ኣተሓሳስባ ግጉይ ሰብ ይበልዎ" ንኖህ ግና ናይ ኣምላኽ ቃል ስለ ዝነበረ፡ምስቲ ቃል ጸንዐ። እቶም መስተውዓልትን ጥበበኛታትን ግና በዚ ትሕትናኡ ተዓንቀፉ ህይወቶም ድማ ሰኣኑ። እዚ ነቲ ትውልዲ እቲ፡ዝገርም ተግሳጽ 'ዩ!

ብዙሕ ሰብ፡ "ኣብቲ ዘመን እቲ እንተ ዝነብር ነይረ!" ይብል፡

ይኹን እምበር ተመሳሳሊ ነገር ምግባሮም ኣይምተረፈን። ምኽንያቱ ኣብዚ ዘመንእዚ፡ ብኻሊእ ኣመጻጽኣ መልክዑ ቀይሩ ስለዝመጸ፡ ከምቲ ቀደም ብኡኡ ዝተዓንቀፉ ሎሚውን ብኸምኡ ይዕንቀፉ ኣለዉ።

82 ኣብ ዘመኖም እኮ ብዙሓት ሰበኽቲ ምንባሮም ኣየጠራጥርን፡ ኖህ ግና ምርሒት ኣምላኽ ነበሮ። ስለዚ ኖህ ወጺኡ እንታይ ይመጽእ ከምዘሎ ዝርዳእ ሰብ ነበረ፡ከምኡ ድማ ንኸምኡ ዝዓይነቱ ኽፉእን ኣመንዝራን ትውልዲ፡ ኣምላኽ ከም ዘይጸወሮም ይፈልጥ ነበረ። ሎሚኸ እሞ፡ ተመሳሳሊ ነገር ካብምርኣይ ሓሊፍና እንታይ ኽንገብር ንኽእል! ዘመናዊ ሰዶምን ጎሞራን፣ ኽፉእን ኣመንዝራን ህዝቢ፡ ብትሕትና ምግላጽ ኣምላኽን ቃሉንምእንቲ ኽዕንቀፉስ፡ ቃሉ እንዳረኣዩ ብዝተወልወለ ጽንዓት ትምህርቲ ዝተመልኡ።

83 ኣብ ዓለም ሓደ ሰብ . . . ቃል ኣምላኽ ኣብ ትውልድና ክግለጽ ኣይረኣናን ኣይተገልጸን ክ - ክ - ክብል ዝክኣሎ ሰብ የለን። ንሕናኮ፡ እቲ ኣብመወዳእታ ዘመን ክኸውን ዝተተንበየ፣እቲ ኣጋ ምሸት ብርሃን ክኸውን እዩ ተባሂሉ ዝነበረ ተስፋ ክንርኢ ዝተዓደልና ህዝቢ ኢና። ብልምዲ- ዝተሃንጸት ዓለም ኣብ ዘለዎ ስፍራ ግና፡ ካብኣቶም ዝተሰወረ እዩ።

እየሱስ ንኣምላኽ፣ ንኣቦ "ኻባታቶም ስለዝሓባእኻዮ፡ እወኣቦ፣ ኻባታቶም ሓቢእኻዮ።" ምስ ጥበቦም ድማ . . . ይኹኑ። ሪኢኹም ኣለኹም፡ ካብመጀመርታ ነታ ኩዑሶ ኣብ ርስሓት ሓጢኣት ክትገላበጥ ዝገበራውን ጥበብ ነበረ፡ ምኽንያቱ ሄዋን ምስ ሰይጣን ምስ ተራኸበት ዝደለየቶጥበብ ነበረ፡ ሰይጣን ድማ ጥበብ ሃባ። ሪኢኹም፣ ጥበብ ኣንጻር ቃልእዩ።

ጥበብ ንኽንሕዝ ዘይኮነስ በቲ ዝተብሃለና ቃል እምነት ንኽንሕዝ ኢና ዝተነገረና። ነገር ግን ሎሚውን ከም ቀደሞም ፈላጣትኢና በሃልቲ ናይ ገዛእ ርእሶም ትርጉም እንዳሓወሱ፡ ብኸምዚ ዝዓይነቱ ነገራት ሓኺኾም፡ ኣቐሚጦምዎ ኣለዉ። ሎሚውን ብተመሳሳሊ ዓቐንተመሳሳሊ ነገር ገበሩ።

84 ሕጂ ህዝቢ ከምቲ ሎሚ ዝተጋገዩዎ ንዘይረኸቡዎን ድማ ቀደምውን ከምኡ እቲ ህዝቢ ኣይረኸባን። ተመሳሳሊ ነገር። ተመሳሳሊ ነገር ገበሩ። ጎራሓት ኣመንቲ ስለ ዝነበሩንኸይረኽቡዋ ምኽንያት . . . ምኽንያት ኮኖም። እቶም ጎራሓት፡ ብጉርሖም ምእንቲ ኽይኣምኑዎ እቲ መልእኽቲ ቀሊል መልእኽቲ ገበሮ። ኦ ማይ! እቶም ጎራሓትን ፈላጣትን ምእንቲኽይርእይዎስ፡ ኣምላኽ ነቲ ሓቂ ቀሊል ገበሮ። ንዕብየት ኣምላኽ ኽቡር ዝገብር ዘሎ ነገርውን እዚእዩ። ዓብዪ ኽነሱ፡ ገዛእ ርእሱ ትሑት ዝገብር ኣምላኽ እዩ።

85 ሎሚ ሎሚ ሰባት፡ ካብኣምላኽ ዘይምኺኖም ንኽርእዩ፡ ኣብ ልዕሊ ዕብየቶም ዕብየት እንዳወሰኹ ንኽኽዱ ይደልዩ፡ ብዛዕባ ገዛእ ርእሶም ዕብየት ድማ ይገልጹ፡"ክቡር ካህን፣ ዶክተር ቅዱስ ጳጳስ" ኩሉ ነገር፡ ፈጺሞም ዘይኮኑዎ ነገር ከም ዝኾኑ ይገብሩ። ኣምላኽ ግና ዓብዪ ኽንሱ ገዛእርእሱ ትሑት ይገብር። ትሕትና ክብረት እዩ። በራሪ ጀት ክንሰርሕ ንኽእል፣ ወይድማ ሮኬት ናብ . . . ክንትኩስ ንኽእል፣ ወይውን ሚሳይል ናብ ህዋ ክነምጥቕ ንኽእል ንኸውን። ከምዚወዲ ኽምዚ ክንገብርንኽእል ነገር ግን ሓንቲ ቆጽሊ ሳዕሪ ክነቡቅል ግን ኣይንኽእልን። ኣሜን። እዚኣኸ? ኣብ ክንዲ፡ እንምለስ ተመሊስና እዛ ሳዕሪ መን ሳዕሪ ገበራ ኢልና፡ ነቲ ነታ ሳዕሪ ዝሰርሓ ኣምላኽ እንቕበል፡ ካልኦት ካብ ዝሰርሕዎ ሚሳይል ቀዲሙ ኣብ ሓደ ስፍራ ዝበጽሕ ፈጣን ሚሳይል ንምስራሕ ንፍትን። ርኢኹምዶ?

86 ኣብ በቢ ኣብያተ ክርስትያንና፡ናይ ሚልዮን - ዶላርን ወይድማ ዓሰርተ ሚልዮናት - ዶላራት ኣውጺእና ህንጻታት እንሃንጽ፡ ጎራሓትን ፈላጣትን ኢና፡ ነገር ግንድማ እቲሓደ ካብ ናይ ሜተዲስት ህንጻ ዝበልጽንኽሰርሕ፣ መጥምቓውያን ድማ ካብ ናይ ፕረስቢተርያን ዝበልጽ ህንጻ ንምህናጽ፣ ጴንጤቆስጣላትዘበሉ ድማ ከም ኣጓይያ ኣንጭዋ። ቁምነገሩ ግን፡ እዚ ድዩ፡ ገና! ርእስና ኣትሒትና እቲ ኣብ ሓንቲ ጸግዒ ተጸጊዑ ግብርታቱ ዝገብር ዘሎ ኣምላኽ ንኽይንርድኦ ብጣዕሚ ጎራሓት ብምዃን፡ ነናይ ገዛእ ርእስና መንገዲታት ነዳሉ ኣለና። ርኢኹምዶ? እወ። እምበኣርከስብኽምዚ ኢና ብትሕትና እንሰናኸል። ኩሉ ጊዜ ከምኡ ገይሮም እዮም።

87 እምበኣርከስ፡ ንሳቶም- ንሳቶም ብሰንኪ ጉርሓም ነቲ ትሑት መልእኽቲ ክቕበሉ ኣይተኻኣሎምን። ምስቲ ዘለዎም ዝተጻረየ ሳይንሳዊ ምርምራት ተወዳዲሩ ዝሓልፍጽሬት ኣይነበሮን። ነቲ ኣብ ዘመኖም ዝነበሮም ስርዓት ትምህርቲ ዝምጥን መልእኽቲ ኣይነበረን፡ ዘብህግ ኣይነ - ኣይነበረን። ርኢኹምዶ?ኣምላኽ ምህላዉ ንምፍላጥ ትምህርቲ ወሰዱ፡ ዓብዩ ምዃኑ ድማ ተምሃሩ፡ መንገዲ ዕብየት ትሕትና እንከሎስ፡ ምስ ልዕልናኡ ኽመዓራረዩ ፈተኑ።

እስኪ ሰሜናዊ ንፍቂ ዓለም ሰሜን ምዃኑ ወይ ድማ ደቡባዊ ንፍቀ ዓለም ሰሜን ምዃኑ መን ይፈልጥ? ሰሜናዊ ንፍቀ ዓለም ድማ ደቡብ፡ ደቡባዊ ንፍቀ ዓለም ድማ ሰሜን ምዃኑስ መን ይፈልጥ? ኣየናይ ታሕቲ ኣየናይ እዩኽ ላዕሊ? ኣብህዋ ኢና ተንጠልጢልና ዘለና። ንሕና ግና፡- “ላዕለዋይ ዝበሃል፡ ሰሜናዊ ንፍቀ ዓለም እዩ” ንብል። ከመይ ጌርኩም ፈሊጥኩም? እቲ ሴሜን እትብልዎ ደቡባዊ ንፍቀ ዓለም ክኸውን ይኽእል እዩ። ርኢኹም ኣይትፈልጡዎ ን። ስለዚ ንዘክር፡

ከምኡ ድማ እዚ ቃል እዚ . . . ምናልባት “ሓውና ብራንሃም፡ከመይ ኢልካ ኢኻ ድኣ 'ዓቐብ እሲ ቁልቁለት እዩ' እትብል ዘሎኻ?”

ብመሰረት ቃል ናይእየሱስ!

“ገዛእ ርእሱ ዘትሕት ልዕል ልዕል ክብል እዩ፡ እቲ ገዛእ ርእሱ ልዕል ልዕል ዘብል ግና ክዋረድ እዩ።” ይብል። ስለዚ፡ብርግጽ፡ ላዕሊሲ ታሕቲ እዩ እቲ ታሕቲ ድማ ላዕሊ እዩ።

88 ሓደ ካብቶም ኣብ ቺካጎዝነበሩ ናይ ቀደም ቅዱሳን ከምዚ ኢሉ ነይሩ . . . ናይ ሓደ ድርጅትኣገልጋሊ ዝኾነ ሓደ ሰብኣይ፡ ኣብ ቅድሚ ኣመንቲ ጰንጤቆስጣውያን፡ ዘለዎ ኣእምሯዊ ዓቕሚ ኣኪቡ ቀረበ፡ ኣመንቲ ጰንጤቆስጣውያንክርድእዎ ዘይከኣሎም ቃላት ተዛረበ፡ ወጺኡ ድማ ክርድእዎ ከምዘይኽእሉርኣየ። ስለዚ ድማ፡ “ቅዱስ፡ ዶክተር እከለ እከለ” ኣብ ቺካጎ ካብ ዝርከብ ዝዓበየ እከለ እከለ ዝተብሃለ ቤት ትምህርቲ ስለዝነበረደረቱ ነፊሑ ደየበ። ዙርያኡ ኹሉ ጠመተ እሞ፡ ኣመንቲ ጰንጤቆስጣውያን ንሓድሕዶም ከጠማመቱ ረኣየ። ስለቲ ንሱ ዝዛረቦ ዘሎ ነገርዝፈልጡዎ ነገር ኣይነበሮምን፡ በዓል ብሩህ ኣእምሮ፣ በሊሕ፣ ብጣዕሚዝተምሃረ ሰብ ነበረ። ንሳቶም ግና ኣይፈልጡን።

89 ልክዕ ከም ሓደ ሴናተር፡ከምዚ ናብ ውድድር ኣትዩ ዝተሸነፈ ሴናተር እዩ። ታክ ኩትስ፡ ኣብ ቀብሪ ናይ ማማ ፎርድ ብዛዕባ ትንሳኤ ማለት ውሕስነት ናይ ትንሳኤ“ከምቲ ጸሓይ ግድን እትበርቕ፡ ኣነ ድማ ክትንስእ እየ። ከምቲ ሳዕሪሓጋይ ዝደርቕ፣ ኣቖጽልቲ ድማ ዝረግፉ እሞ ተመሊሶም ዝጥጥዑ፣ ከምቲ ምድሪ ኣብ ዙርያ ክበብ ዓለም ገዛእርእሳ እትእርም፡ ትንሳኤክኸውን እዩ።

90 ሓውና ነቪለን ኣነንኣብ መኪና ተቐሚጥና 'ከለና፡ ታክ፡- “ቢሊ!

መልእኽትኻ ብጣዕሚ እየ ኣድኒቐልካ“ ኢሉኒ። ኣነ ድማ ”ታክ . . . “

ታክ “ኣነ እኮ ትምህርቲ የብለይን” ኢለዮ።

ታክ ድማ፡- “ደስ ንኽብል ዝገበሮውን ንሱ እዩ” ኢሉ።

ደሓር፡ ንሱ ንኽርእይ ከም ዝኸደ ነገረና (ምናልባት እቲ ሰብኣይ ይቅርታ ይግበረለይ) ካብኡ፡ ንዓሰርተ ሓሙሽተ ደቓይቕ ሰምዐ። ሚ/ር ስቴቨንሰን ድማ ዝገርም ተዛራባይ ሰብ እዩ . . . ታክ ንባዕሉ፡ ኣድላይ ስተቨንሰን ማለተይ ግን ኣይኮንኩን። ትምህርቲ ኮሌጅ ዘለዎ ሰብ እዩ ክሳብ ዝብል፡ ንዓሰርተ ሓሙሽተ ደቓይቕ ክሰምዕ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ድቃስ ወሲድዎ ደቀሰ። ነገር ግን ከምዚ ኢሉተዛሪቡ፡- “ምስዚኹሉ ናይ ኮሌጅ ትምህርቱ ሒደት ቃላት ጥራይ እየ ዝሰማዕኹ፡ ኣዕዚዘን ዝተቐመማ ቃላት ነበራ።” ኣኸቲሉ ድማ ኽምዚበለ፡- “ሓውና ብራንሃም፡ ንስኻ ኣብ እተገልግለሉ ጉባኤ ግና ደቂሰ ርኢኻኒ ኣይትፈልጥን። ሪኢኻኒ ትፈልጥ ዲኻ?”

ስለዚ በቃ ትሕትና ጥራይ ምኽንያቱ ኣምላኽ ዝርከብ ኣብኡ ስለዝኾነ።

91 ኣብቲ ዘመን እቲ ግና እቲ ትሑት ኣሰራርሓ መንገዲ ናይ ኣምላኽ እንታይ ምዃኑ ክርድኡዎ ኣይተኻኣሎምን፡ ምኽንያቱ ኣብቲ ዘመን ብጣዕሚ - ብጣዕሚ ፈላጣትስለዝነበሩ። ንዓኣቶም ዘደንቕ ኣይነበረን። ወይ ዘደንቕ ወይ ድማ ኣዕዚዙ ዝተቓመመ እንተዘይኮይኑ ክርድኡዎ ኣይኽእሉን። እቲ ሓያል ያህዌህ ግና ኣብ ቃሉ ይሰወር። ንህዝቡ እቲ ትሑት ቃሉ ከም ዝገሃድብምግባርን ብምድሓንን፡ ገዛእ ርእሱ ይገልጸሎም። እታ ትሕቲ መልእኽቲ ናይ ኖህ፡ ኣምላኽ ንኽትገሃድ ገበራ። ስለዚ ነዚ ነገራት ኣስተውዕልዎ።

92 ኣብ ዘመን ናይ ሙሴ ድማ እንደገና፡ ኣብታ እዋን እቲኣ ዝነበረ ምንጋፍ ዘክሩ። ጎይታ ንህዝቡ ንኽናግፍ ደልዩ ገለ ነገር ክገብር እንከሎ፡ መጀመርታ ናብ ህዝቡ መልእኽቲ እዩ ዝልእኽ። መልእኽትታቱ ድማ ገና ኣብተን ምኽፋት ማሕተማትከም እንርእዮ ቀሊል መልእኽቲ እዩ። እዚ ሓሳብ ዘልዓልኩሉ ድማ፡ ዕላማይ ናብኡ ምእንቲ ንኽንከይድ እየ። ኣከፋፍታ እቲ ማሕተም ቀሊል ምዃኑ ክንርእይ ኢና፡ እቶም - እቶም - እቶም ፈላጣት ግና፡ ሓደ ሚልዮን ማይል ርሒቖም ይጋግይዎ።

ኣብ ትሕትና ኣምላኽ - ኣምላኽ ገዛእ ርእሱ ኣብ ትሕትና ከመይ ከም ዝስውር!

93 ሕሰብዎ እሞ፡ ብዛዕባ ባእታ (ደቂቕ ዝኾነ ሕዋስ) ብዙሕ ክፈልጡ ይከኣሎም እዩ፡ ብዛዕባህይወት ብዝምልከት እንተኢልና ግና፡ ካበይ ከም ዝመጸት ክዛረቡ እኳ ኣይኽእሉን። ኣምላኽ ኣብኣ ተሰዊሩ ኸሎስ፡

ብዛዕባ ሓንቲ ጸጉሪሳዕሪ ክዛረቡ ኣይኽእሉን። ናብ ወርሒ ሮኬት ክውርውሩ፣ ኣብኡ ዘሎ ራዳር ይኹን ኻሊእ ነገር ክድምስሱ ይከኣሎም እዩ፡ ነገርግን ኣብ ውሽጢ ሓንቲ ጸጉሪ ሳዕሪ ዝርከብ ህይወት ግና ክዛረቡ ኣይኽእሉን። እወ ሓቂ እዩ'ኮ፡ ተረዲኡኩም? ክትገልጾ ዝኸብድ ስለዝኾነ።ብጣዕሚ ቀሊል እዩ ነገር ግን ሸለል ይብልዎ።

94 እስኪንሙሴ ዘክርዎ፡ኣምላኽ ከም ተስፋ ቓሉ ንደቂ እስራኤል ከናግፎም ምስ በለ፡ እንታይ እዩ ዝገበረ? በቃ ትሑት ዝኾነ ቤተሰብ ሓረየ። ብዛዕባኦም ዝተጽሓፈ ምስክረት የለን። ርኣዩ፡ “ካብ ደቂ ሌዊ” እትብል ነገርጥራይ ኢና ብዛዕባኦም እንፈልጥ። ርኢኹምዶ? ንሕና ድማ . . . ከምኡውን ሰበይቱ። ምናልባት ድማ ከምቲ ዓለም ኩሉ ዝሓስቦም፡ንጸላኢኡ ጡብ ዝሰርሕ ተራ ለሳኒ ጭቃ - ጭቃ እዩ። ኣብ ማእኸል ደቂ እስራኤል ዝነበረ ተራ ባርያ ነበረ፡ ኣምላኽ ግና፡ እታ ቤተሰብ ንሳ፡ ንእስራኤል ዘናግፍ ሓያል ንኽትወልድ ሓረያ፡ ተራ ዝኾነት ናይ ኣይሁድ ቤተሰብ። ናብ ቤት ነገስታት፣ ናብ ቤት ህቡባት ወይድማናብ ገለ ዝዓይነቱ ኻሊእ ወይውን ኻህናት ክረክብ ኣይከደን። ልሙድ ዝኾነ ተራ ቤተሰብ ሓረየ። ርኢኹም? ትሕትና!

95 ዝገበሮ ዘክሩ፡ካብኡ ድማ ሕጻን ኣውጽአ፣ ትሑት ሰብ። ንሱ ፈጺሙ . . . እንተዝደልይ እኮ፡ ንዓኣቶም ሓራ ንኸውጽእ - ምእናታኦም ንጸሓይ ክእዝዛ ይኽእል እዩ። እንተደልዩ ድማ ንንፋሳትክእዝዞም ይከኣሎ እዩ። ሓራ ንኸውጽኦም፡ መልኣኽ ክእዝዝውን ይኽእልነይሩ።

ኦ! ሃሌሉያ! ጎይታ ክገብሮ ዝደልዮ ዘበለ ኹሉ ኽገብር ይኽእል እዩ። “ጽቡቕ፡ ሓውና ብራንሃም፡ከመይ ኢልካ ፈሊጥካ?” ኣምላኽ ንመደባቱ ኣይሓድጎንእዩ። ሎሚውን እዚ እንፈልጠሉ ምኽንያት እዚ እዩ፡ ትሑት ክኸውንይግባእ። ርኢኹም? ኩሉ ጊዜ ብትሕትና እዩ ዝሰርሕ። ነገር ግን እቲ ካብ መጀመርታ፡ ወንጌል ንኽትሰብከሉ ንጸሓይ ክእዝዛ ዝኽእል ኣምላኽ፣ ንንፋሳት ክእዝዝ ዝኽእል፣ንመላእኽቲ ኽእዝዝ ዝኽእል ኣምላኽ፡ ነገር ግን ነታ ዕላማ ንሳ ካብመጀመርታ ጀሚሩ ንሰብ ሓረየ፡ ቀይርዎ ድማ ኣይፈልጥን።

ብግሊ . . . ፈጺሙ መዲቡ ኣይፈልጥን። ትካላት ናይ ሃይማኖትመዲቡ ኣይፈልጥን። ጉጅለ እኩባት ሰባት መዲቡ ኣይፈልጥን። ወንጌል ምእንቲ ክሰብኩሉ ኢሉ ካብ ሰብወጻኢ ማሽን፣ ሜካኒካል ነገራት፣ ወይድማ መልኣኽ ኣዳልዩ ኣይፈልጥን።ሰብ እዩ ዝጥቀም ዝነበረ።

ኣብተን መዓልታት እቲኣተንድማ፡ ንህዝቡ ዘናግፍ ከተንስእ እንከሎ፡ ኣብ ማእኸል እኩባት ባሮትዝተወለደ ትሑት ሰብ ለኣኸ። ኦ ማይ! ገዛእ ርእሱ ብትሕትና ዘፋልጥ ኣምላኽ፡ ከመይ ዝበለ ኣምላኽ እዩ!

96 ነገር ግን ኣስተውዕሉ፡ብምድራዊ ጥበብ ከም ዘይንናገፍ ንኸርእየና ኢሉ፡ ምእንቲ ኽወድቕ፡ ብናይ ዓለም ጥበብ ኣሰልጠኖ። ብእምነት ኢና እንናገፍ። ጥበብ ግብጻውያን ክምህር ክሳብ ዝኽእል፡ ትምህርቲ ንኽቐስም ሰደዶ፡ጥበበኛ ነበረ። ኣምላኽ፡ ምናልባትውን ሽሞም ምጽሓፍ ምስ ዘይኽእሉቤተሰብ ነበረ። ሙሴ ድማ ናብቲ ምዕቡል ትምህርቲ ዝነበሮ ዝለዓለ ቤት ትምህርቲ ተወሰደ፡ ንመማህራኑ ክሳብ ዝምህር ድማ ዓብዪ ፍልጠት ተማህረ። ነቶም ጂንየሳት ክምህሮም ኽኣለ። እወ።ኣምላኽ፡ ገዛእ ርእሱ ብትሕትና ምእንቲ ኽገሃድን እቲ ንሱ ዝሓዞ ጥበብ ከሕፍርን፡ በቲ መንገዲ ንሱ ንኽኸይድ ገበሮ። ሙሴውን ምስ እዚ ኹሉ ፍልጠቱ ብዘሕዝን ኣወዳድቓ ወደቐ። ምእንቲኽወድቕ ኢሉስ ብኣካይዳ ዕላማኡ ኣኼዶ። ውድቀት ወደቐ ውን።

97 ስለዚ፡ “ብሓይልንብኽእለትን” ዘይምዃኑ ንኸርእይ፣ ብጥበብ ግብጺ ከምዘይኮነ ኸርእይ፣ ብጥበብ ኣብያተ ትምህርትታትና ከምዘይኮነ ንኸርእይ፣ ብሓይሊኮንፈረንሳትና ከምዘይኮነ፣ ወይድማ ብብዝሒ ድርጅታትና ከምዘይኮነ፣ብብዝሒ ፍልጠትና ከምዘይኮነ “ነገርግን ብመንፈሰይ ይብል ጎይታ።”ጥበቡ ምስ ጸንቀቐ፡ ኣብ መወዳእታ፡ ኣብቲ ሃልሃል ዝብል ቁጥቋጥ ንኣምላኽ ምስ ረኸበ፡ ብትሕትና ኣሳእኑ ኣውጽአ፡ ገዛእ ርእሱድማ ብውርደት ኣትሓተ፡ ብዛዕባ ዝነበሮ ጥበባት ድማ ረስዐ።

ኣምላኽ ምንጋፍ ከምጽእእንከሎ፡ ኣብ ቅልጽም ምስትውዓልኩም ወይድማ ኣብ ምስትውዓል ካልኦትከም ዘይትድገፉ ምእንቲ ኸርኢ ኢሉስ፡ ንኽወድቕ ጥበብ ምሃሮ። ይረኣየኩምዶ ኣሎ? ቀላጽሙ ንኸርኢ ኢሉሲ ከምዝወድቕ ገበሮ። [ጉባኤኹሉ “ኣሜን” ኢሉ።] ምኽንያት ናይ ኣምላኽ፡ ከምዚ ምግባሩ፡ ገዛእ ርእሱብትሕትና ንኸርኢ እዩ።

98 ስለዚ ንሙሴ ቀጻላይ ፈርኦን ክሳብ -ክሳብ ዝኸውን ኣዝዩ ዓብዪ ገበሮ። ብመሰረት ታሪኽ ድማ ሙሴ ኣብ ዙርያኡ ንዝነበራ ዓድታት ስዒሩ ዝሓዘ ሓያል ጀነራል ነበረ። ነገርግን ናብ ስራሕ ጎይታ ክምለስ እንከሎ፡ ነቲ ኣብ ውሽጡ ዝነበረ ነገራት ቀጥ ቂጡ ምእንቲ ኸውጽእ ናብ ምድረበዳ ወሲዱ ብዘይ ገለሰጋእ መጋእ፡ ኣምላኽ ነቲ ዝነበሮ ነገራት ገፈፎ። ብትሕትና ተጋሂዱሉድማ፡ ንህዝቡ ንኸናግፍ፡ ኣብ ኢዱ በትሪ ኣትሒዙ ለኣኾ።

ብወተሃደራዊ ልምምድ፣ብትምህርቱ፣ ወይ'ውን ሳይንሳዊ ብዝኾነ ትምህርቲ ኽገብሮ ኣይተኽኣሎን። ከምኡ ድማ ብወተሃደራዊ ሓይሊ ኣይተኽኣሎን። ስለዘይተኽኣሎድማ፡ ካብ ምድረበዳ ዝተረኽበት ሓርፋፍ በትሪ ሂቡ፡ ምስኡ ብምዃን ተዓወተ። ኣምላኽ ብትሕትናን ቅልል ብዝበለ ነገርን! ኣምላኽኣብ ሙሴን ኣብታ በትርን ነበረ። ስለዚ ድማ ሙሴ ነታ በትሪ ክሳብዝሓዘ፡ ኣምላኽ ሒዙዋ ነይሩ፡ ምኽንያቱ ኣምላኽ ኣብ ሙሴ ስለዝነበረ። እወ ብርግጽ።

99 “ኣይብሓይልን፣ ኣይ- ኣይ ኣይብኽእለትን፣ ብመንፈሰይ እምበር” ኣስተውዕሉ። ነገር ግን ብትሕትና እምነት! ሙሴ፡ ካብቲ ኣዲኡእትምህሮ ዝነበረት ነገራት ተላዒሉ፡ መናገፊ ምዃኑ ዝርድኦ ምስትውዓልነበሮ። እዚ ንኽገብር ድማ ወተሃደራዊ ስልጠና ወሰደ፡ እንተኾነ ግናወደቐ። ርኢኹም? ምስትውዓልን ትምህርትን ነበሮ፡ ነገር ግን ኣይጠቅምን። ስለዚ ነዚ ኩሉ ክርስዕይግብኦ ነበረ፡ ረሲዑ ድማ ንኣምላኽ ኣብ ትሕትና ቃሉ ንኽረክብ መጸ፡ ነቲ ህዝቢ ድማ ኣናገፈ። የስሰር!

100 ኣምላኽ (ብኸመይ)የናግፍ? ንቓሉ ብዘለና እምነት። ቀደሙ ከምዚ እዩ ። ጊዜ እንተድኣ ሃልዩና ክንርእዮ ኢና።

ኣስታት ዒስራን ገለን ደቓይቕ ኣለና። ከም ዝረኣናዮ. . . ቃየን ንኣምላኽ፡ ብምልኩዕነገራት ከሐጉሶ ከመይ ከም ዝ-ዝፈተነ ብዛዕባ ቃየንን፣ ኣቤልን ክን- ክን ክንርኢ ንኽእል ኢና። ብኻሊእ መዳይ ድማሰባት "ኣምላኽ፡ ኣዝዩ ምልኩዕ ክዳውንቲ ብ - ብ ብዝተኸድኑ ጉባኤ፣ ብኻህን ምስ - ምስ . . . ቀምሽ ዝተኸድኑ ኣገልገልቲ፣ ቀምሽ ዝተጎናጸፉ መዘምራን፣ ከምኡ ድማ ከምኡ- ከምኡ ብዝዓይነቱ ክዳውንቲ ዝሕጎስ" ገይሮም ይሓስቡ።

ካበይ ከም ዝተበገሰ ይረኣየኩምዶ ኣሎ? ቃየን ሓደ ዓይነት ነገር እዩ ዝገበረ። መሰውኢ እውን ሰሪሑ ነበረ፡ ኣዝዩ ውቑብ ገይሩ ከምዝሰርሖ ኣየጠራጥርን። ካብ ልቡ ነበረ። ናይብሓቁ ኣምለኸ። "ካብ ልበይ ጥራይ ይኹን እምበር፡ ዝፈጥሮ ኣፈላላይየለን" ድማ ኢሉ ሓሰበ። ዝፈጥሮ ኣፈላላይ ኣለዎ! ሓቀኛ ጉጉያት (Sincerely Wrong) ክትኮኑ ትኽእሉኢኹም።

101 ሕሰቡዎ'ሞ፡ መሰውኢሰሪ - ሰሪሑ፣ ብፍላይ ድማ፡ ዕንበባታት ገይሩ ኣጋይጹ፣ ኣብልዕሊኡ ድማ ፍራፍረታት ኣቐመጡ፡ ከምዚ ሓሰበ "ብርግጽ፡ ኣዝዩ ውቑብ፣ ቅዱስ፣ ንጹህ፣ ዓብዪ እዩ'ሞ ኣምላኽ ንመስዋእተይ ክቕበሎእዩ" ኢሉ ሓሰበ። ነገር ግን ርኣዩ፡ ብጥበብ ገዛእ ርእሱ እዩ ገይሩዎ።ብናይ ባዕሉ ኣተሓሳስባ እዩ ገይሩዎ።

ሎሚሎሚ ዘሎ ኣካይዳታትውንከምኡ እዩ። ንሱ - ንሱ . . . በቲ ዝተምሃርዎ፡ ብገዛእ ጥበቦም፣ ኣመሃህራኦም፣ ብፍልጠቶምን ስነስርዓቶምን ይገብሩዎ።

"ኣቤል ግና፡ ብምግላጽ፣ብእምነት ናብ ኣምላኽ ባህ ዘብል መስዋእቲ ኣቕረበ።" ብኣዘራርባ ሰብ፡ ከምቲ ምስሉ፡ ንጹህ እትብሎ ነገር ኣይነበሮን። ኣብ ክሳዱተታሒዙ ሓረግ ተጠምጢሙዎ ዝጉተት ንእሽቶ ዓርኪ፡ በቃ ኸምኡ፡ ናብመሰውኢ ጎቲቱ ኣምጽኦ። ውቑብ ነይሩ እትብልሉ ምንም ነገር ኣይነበሮን። ኣብ ልዕሊ እቲ መሰውኢ ኣጋዲሙ፡ እታ ንእሽተይ ክሳዱ ደሙ ኣብ ዙርያኡ ፍኒን ክሳብ ዝብልን ዝንጸግን፣ እንዳገዓረ ክሳብ ዝመውትን ብበሊሕ እምኒ፡ሓግሓጎ። ርኢኹም! ንኽትርእዮ ዘሰንብድ ትርኢት ነበረ። ይኹን እምበር ዝወረደ ትሑት ነበረ።

ካብ ደም ኣዲኡን ኣቦኡን ከም ዝተወለደ ብቕሊሉ (ብትሕትና) ይፈልጥ ነበረ፡ ካብ ደም ኣቦኡ፡ ኣብ ደም ኣዲኡ ከም ዝተወለደ ይፈልጥ ነበረ። ውድቀት ዘምጽአ ደም ስለዝነበረ ድማ፡ ክጸርይ ዝኽእል ብደም ነበረ። "ስለዚ፡ ተገሊጹሉ ስለዝነበረ፡ ንኣምላኽ ባህ ዘብል ክቡር መስዋእቲ ኣቕረበ።"

102 ሎሚውን ሓደ ሓደኣሕዋት፡ ሜለን ፒርን እዮም በሊዖም ኢሎም ዝሓስቡ ኣሕዋት! ካብ ኩሉ ንላዕሊ ዝገረመኒ ድማ፡

በቐዳማይ ኣብሓደ ጽሑፍ ዘንበብኩዎ፡- ከምዚ ይብል "ሄዋን ዝበልዓቶ ነገር ሜለ ከምዘይነበረ ከምዘረጋገጹ ይሕብር" ከም ዝመስለኒ ድማ "ኩኽ እያ በሊዓ" ኢሎም ይሕብሩ። ኦ! ካበይ ዝመጸ መንፈስም኿ኑ ይረኣየኩምዶኣሎ?

መሊሶም ድማ "ሙሴ ቀይሕ ባሕሪ ኣይተሳገረን ይብሉ። ኣብቲ ዝሳገሩሉ ስፍራ ብዙሕ - ብዙሕ ስንሳለ፡ ባሕሪ ስንሳለ ነበረ። ንደቂእስራኤል ድማ ብማእኸል ስንሳለ ኣሕለፎም። ኣብ ጫፍ ናይቲ - ናይቲ ባሕሪ፡ ጥቕጥቕ ዝበለ ስንሳለ ነበረ። ዋላኳ ሙሴ ብባሕሪ ይሳገርእምበር፡ እቲ ንሱ ዝተሳገሮ ባሕሪ፡ ባሕሪ ስንሳለ እዩ። ብስንሳለ ወይድማ መቃ፡ ሰቲ ብዝዓይነቱ ነዋሕቲ ሳዕሪ ገይሩ እዩ ዝተሳገረ" ይብሉ። ዕብደት እዩ!

መጽሓፍ ቅዱስ ዝብል "እቲ ማይ" "ንየማንን ንጸጋማን ኣብ ክልተ ክኽፈል እንከሎ፡ ኣምላኽ፡ ነቲ ማይ ዝኸፍል ሓያል ዝኾነ ንፋስ ናይ ምብራቕከም ዝነፍስ ገበረ" ብናይ ገዛእ ርእሶም ተመራሚሮም ክርድእዎ ይፍትኑ፡ ኩሉጊዜ ዝወድቁሉ ምኽንያት ድማ እዚ እዩ። ኣብ ውድቀቶም ድማ ክቕጽሉ እዮም። ርኣዩ'ሞ፡ እዚ ኹለ ነገራት!

103 ብናይ ገዛእ ርእሶም ተመራሚሮም ክርድእዎ ይፍትኑ፡ ኩሉጊዜ ዝወድቁሉ ምኽንያት ድማ እዚ እዩ። ኣብ ውድቀቶም ድማ ክቕጽሉ እዮም። ርኣዩ'ሞ፡ እዚ ኹለ ነገራት!ስለዚ ሎሚ ቃየን ማለት ድማ፡ ብላዕሊ ላዕሊ ዝረኣይ ሃይማኖታዊ ዝኾነ ቀንዲምሳሌ ናይ ስጋዊ - ኣእምሮ እዩ። ብላዕሊ - ላዕሊ ገለ ነገር ክገብር ይደልይ፡ ደሓር . . . ናብ ቤተክርስትያን ይኸይድ፡ ናብ ቤተክርስትያን ብምኻድ ድማ ነቲ - ነቲህንጻ ቤተክርስትያን ዘድልዩ ዝተፈላለየ ነገራት ይገብር።ሓንቲ ቤተክርስትያን ኣላ፡ ንሳውን ኬድኩም እትሕወሱዋ ኣይኮነትን።እዘን ኣብ ዙርያኹም ዘለዋ ጎጅታት እየን። ተረዲኡኩምዶ? ናብ ጎጆ ሜተዲስታውያን፣ጎጆ መጥምቓውያን፣ ጎጆ ፕሪስቢተርያን፣ ከምኡ ድማ ጎጆ ጴንጤቆስጣላውያን ይሕወሱ።

ነገር ግን እታ ቤተክርስትያን እትውለዱላ እያ። የስ ሰር። ርኢኹም? እዚኣቶም ኩሎም ጎጆታት እዮም። ቤተክርስትያን ኣይኮኑን። ጎጆታት እዮም።"ቤተክርስትያን" ሜተዲስት ወይ ድማ "ቤተክርስትያን" ጴንጤ ቆስጤ ዝበሃል ነገር የለን። የለን እዚ ኹሉ ጌጋ እዩ። ርኢኹም? ስሕተትእዮም . . . ብሓቂ ስሕተት። ሰባት ዝሕወሱዎም ጎጆታት እዮም። ንስኻትኩም ግና ኣብ ቤተክርስትያን ህያው ኣምላኽ ኢኹም ዝተወለድኩም፣ ንሳድማ ዝተሰርሐት መለኮታዊት ኣካል እየሱስ ክርስቶስ እያ።

104 ብዛዕባ ኣቤል ግና፡ ኣምላኽ በታ ትሕትቲ እምነት ምፍሳስ ደም ሚስጢራቱክኸፍተሉ ንኣምላኽ ዘሐጉስ ነበረ። ብዛዕባ እዚ ኣስፊሐ ንኽዛረብጊዜ እንተዝህልወኒ ነይሩሲ ከመይ ምጸበቐ። ነገር ግን ቃየን ምስእዚ ኹሉ ጥበባቱ፡ እቲ በሊሕ ሰብ! "ኦ" ምናልባትንስኻትኩም ድማ "ሓውና ብራንሃም፡ እንታይ ኢኻ እትብል . . . ዝተምሃረ ጂንየስ ንኽትገብሮ ትጽዕር ኣለኻ" ትብሉ ትኾኑ። እወከምኡ እዩ ነይሩ። በሊሕ እዩ ነይሩ . . . ሰዓብቱ - ሰዓብቱ ርኣዩዎም። ደቂ'ሞ ርኣዩዎም፡ ኩሎም ሳይንቲስትታት፣ዶኳትር ከምኡ ድማ ፈላጣት ሰባት ነበሩ። ኩሎም።

ነገር ግን ትውልዲ ሴት ርኣዩዎ፡ ክሳብ እቲ ጊዜ ጥፍኣት፡ ትሑታት፣ ዓኽያትከምኡ ድማ ሓረስቶትን ዝኣመሳሰሉን ነበሩ።

ደቂ ቃየን ግና በላሕቲን ፈላጣትን ነበሩ። ነሃስ ከም ዘምክኹ፣ ስራሕቲሓጺነ መጺንን ህንጻታትን ከም ዝሰርሑ ዝእመኑ። በላሕቲ ሰባት ነበሩ።

እቶም ሓደ፡ ኣብ ድንኳናትእንዳነበሩ፡ ኣብ ተስፋ ቓል ኣምላኽ ዝዓረፉ፡ መፍረይቲ ኣባጊዕ ክኾኑ - ክኾኑ

እንከለዉ። ርኢኹም? ርኢኹምዶ? ከመይ ከም ዝነበረርኣዩ? እስኪ ንድሕሪት ተመሊስኩም ወለዶታቶም ዘከሩ'ሞ ሓቂ እንተዘይኮይኑስ ረኣዩ። ርኢኹም? ኣብ ተስፋ ቓል ኣምላኽ ዝዓረፉ ሰባት እዮም።

ኖህ ካብ ማእኸል ከምዚዝዓይነቱ ዝተሓረየሉ መንገዲ እዚ እዩ ነይሩ። ጳውሎስውን ካብቲ ዝነበሮመጓሰ ዝተሓርየ ብኸምኡ ነበረ። ርኢኹምዶ? በዓል ጆን ዌስሊ፣ ማርቲንሉተር፣ መን ኣሎ ኻሊእ! እቲ ሎሚ ኾይንኩምዎ ዘለኹም ንኽትኮኑ ዝኽኣልኩምበዚ እዩ፡ ተስፋ ቓል ኣምላኽ ንምእማን ትሑታት ብምዃን። ርኢኹም!

105 ኣስተውዕሉ፡ ኣምላኽ ፈሊኻ - ብምፍላጥ ባህ ዝብሎ ኣምላኽ እዩ። ኩሉ ጊዜ ድማ ኣምላኽ ሓቂ ይኹን ሓሶት ዘረጋግጽ ኣምላኽ እዩ። ሰባት ግና፡ገዛእ ርእሶም፡ ኣምላኽ ሚልዮናት ማይላት ናብ ዝርሓቐሉ ነገራት ብምእታው ነገራት ከገብሩይደልዩ። እወ ብሓቂ። ነገር ግን ኣምላኽ ተመሊሱ ክመጽእ ክትርእዩ እንከለኹም፡ ሓቂ እዩ በሉ . . . ኣብ ቅንፍ ኣእቲኹም"ሓቂ እዩ፣ ሓቂ እዩ፣ ሓቂ እዩ" በሉ። ሓቂ ምኻኑ ድማ ክትርድኡኢኹም።

እምበኣር ርኣዩ፡ መስዋእትታቱኣብ መሰውኢ ምስ ኣንበሮ፡ እቲ ብዛዕባ ኣምላኽ ዝነበሮ ኣእምሮኣዊ ፍልጠቱ ነዓቐ። ንኣቤል ክርእዮ እንከሎ ግና፡ሜለ ወይድማ ካብ መስኖ ዝተረኽበ ፍራፍረ ዘይኮነስ ደም ከምዝነበረብትሕትና ብእምነት፡ ካብ ኣምላኽ ብዝመጸ ምግላጽ ብእምነት ኣመነ። ስለዚ ድማ ኣምላኽ ንመስዋእቱ ብምቕባል ንኣዳም ገለጾ።

106 ንሕሙማት ንምጽላይክንሓስብ እንከለናውን በዚ መልክዑ ክኸውን ይግባእ፡ ኹሉ ነገር። እየሱስ ድማ "ንስኻትኩም ኣባይ ቃለይ ድማ ኣባኹም እንተሃልዩ፡ እትደልይዎ ሕተቱ እሞ ክኾነልኩም እዩ" በለ።

እምበኣከስ እንዳፈጠንና ንኽንከይድ፡ ዒስራ ደቒቓ ኣለና ገና።

107 ኣስተውዕሉ፡

ኣብ ዘመንኤልያስ ኣምላኽ ገዛእ ርእሱ ኣብ ትሑት ሰብ ንኽሰውር ሓረየ። ሕሰብዎ'ሞ! ሓረየ። ኣብቲ እዋን እኮ መማህራንን ካህናትን ነይሮምእዮም። ነገር ግን ኣተሓራርያኡ ከምኡ ነበረ። ኣብቲ ዘመኖም ብዙሓት ሓያላት ሰባት ነይሮም፡ ንጉስ ኣኸኣብውን ኣይሁድ እዩ ነይሩ። ኣብተን መዓልታት ንሳተን ኣብታ ምድሪ ብዙሓት ሓያላት ነይሮም። ኣምላኽግና ገዛእ ርእሱ ዓብዪ ሽም ኣብ ዘለዎም ምሁራት፣ ኣብ ህቡባት፣ ወይድማ ኣብ ሓያላት ጦረኛታት ኣይሰወረን፡ ነገር ግን፡ ትሑት ኣብ ዝኾነ ሰብኣይ ገዛእ ርእሱ ሰወረ። ኣቦኡን ኣዲኡን መንመንከም ዝነበሩ'ኳ እንፈልጦ ነገር የለን። ብዛዕባ ወለዶኡ እንፈልጦ ነገር የብልናን። በቃ፡ ነብዪ ምእንቲ ክኸውን ዝተወልደ ሚስኪንሓረስታይ። ምእንታኡ ንኽነብር ኣምላኽ ናብ በረኻ ፈለየ። ብዛዕባኡ እንፈልጦ ሓደ ነገር፡ ቅጽበት ካብ ገለ ስፍራ ወጺኡ ነቲ ሻቡዝነበረ ስርዓት ከሃናት ኰነነ። ማይ!

108 ብዛዕባኡ እንታይ ከም ዝሓሰቡትፈልጡ ዲኹም? "ካበየናይ ቤት ትምህርቲ ዝመጸ ሰብ እዩ እዚ?" "ምስ ኣየናይ ትካል ሃይማኖት እዩ? ምስ ፈሪሳውያን ድዩ ምስሰዱቃውያን?" ካሊእ እንታይ ነይሩዎም? ካብዚኣቶም ዝኣመሰሉ ሓደ ኣይኮነን፡ነገር ግን ንኹሉ ነገራቶም ኰነነ። ርኢኹም? ኣምላኽ ከምኡ ክገብርሓረየ። ንሱ ግና ትምህርቲዘይብሉ ትሑት ሰብ ነበረ። ንሱ ዝተምሃረሉ ትምህርቲ ቤት እንፈልጦ የብልናን። ብጀካ ኣምላኽ ገዛእ ርእሱ ንኽሰውር ዝፈተዎ ትሑት ሰብ ምዃኑ ብዛዕባኡ እንፈልጦ ነገር የብልናን። ኣምላኽገዛእ ርእሱ ኣብ ትሑት ወዲ ሰብ ሰዊሩ ነበረ። ትሕዙዎዶ ኣለኹም?[ጉባኤ ኹሉ "ኣሜን" በለ።] ኣምላኽ ገዛእ ርእሱኣብ "ዘይተምሃረ ዓኺይ" ሰብ ንዓለም ሰወረ። ምኽንያቱ ንኤልያስ ብኹሉ መዳይ፡ "ጠንቋላይ" ክይተረፈ ኢሎም ክኸሱዎ ከለዉ - ከለዉ ንርእዮም።

ነብያት ኩሎም ድማ ከምኡ ተጸሪፎም እዮም። ርኢኹም። እየሱስውን ከምኣቶምተጸርፈ፡ "ጽሉል እዩ ብኤልዘቡብ" እንዳበሉ "ጽሉል ኢኻ። ዲያብሎስ ኣለካ። ካብ ኣእምሮ - ካብ ኣእምሮኻ ወጻኢ ኢኻ።" ተባህለ።ርኢኹምዶ? ንሱ ከምዚ ክብሎምእንከሎ ነበረ፡ "እተን መወዳእታ መዓልታት ምስ መጻ፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ግብርታቶም ጸር - ጸርፈ" ከምዝኾነ ምስ ነገሮም እዩ። ምሕረትጌይሩሎም ነበረ፡ ሕጂ ግና ኣብተን መወዳእታ መዓልታት ምሕረት የለን። ብዘልኣለማዊ ኣፈላላይ ዋጋ ክኸፍሉ እዮም። "ኣብዛ ዓለምእዚኣ ኾነ ኣብታ እትመጽእ፡ ምሕረት የብሎምን።"

109 ኤልያስ ከም ጽሉልተቖጽረ። ኣብ ቅድሚ . . . ከምተን ዘመናውያን፡ ጸጉረን ዝቖርጻ ደቂ ኣንስትዮ፣ ከም እታ ናይታ ዘመን ቀዳማዊት ወይዘሮ ኤልዛቤልገጸን ዘመላኽዓ ደው ምባል እስኪ ሕሰብዎ? ሰበኽ - ሰበኽቲ ኩሎም፡ ብኹሉ መዳይ ዓለማዊ ኣካይዳ ኣብ ዝኸዱሉ እዋን። እንታይ ተፈጸመ?እነሆ ኤልያስ ካብ ኤልዛቤል ጀሚሩ ኣብቲ እዋን ዝነበረ ዘበለ ኹሉ እንዳኾነነ ተጋህደ።

"ንምንታይ" ትምህረናኣለኻ፣ "ኣይንሰምዓካን ኢና! ዝምህሩና ፓስተራት ኣለዉና።"

እወ ብርግጽ ክሰምዕዎኣይኽእሉን፡ ይኹን እምበር ፈትዮም ጸሊኦም ፓስተሮም ነበረ። ዋላኳ ኤልዛቤል ኣይትድለዮን ናይ ገዛእ ርእሳ ኣካይዳ ይንበራን እምበር፡ ንዓኣውን ፓስተራ ነበረ። ልኡኽ - ኣምላኽ ነበረ። ርኢኹምዶ? ካብ ኣምላኽዝተልኣኸላ ፓስተር ነበረ። ፈጺማ ግና ጸልኣቶ፡ ይኹን እምበር ፓስተርነበረ። ኣስተውዕሉ።

110 ኤልያስ ድማ፡ ኣምላኽመንፈሱ ወሲዱ ሰለስተ ጊዜ ንኽሰዶ ተስፋ ንምሃብ ክሳብ ዝፈትዎ፡ ንኣምላኽ ኣብ ዘሐጉሶን፣ ኣምላኽ ኣብ ዝእዝዞ ነገራትን ጸኒዑጸንሐ። ርኢኹም? ኣሜን። ከምኡ ድማ ገበረ። ኣሜን። እወ ርግጽ ከምኡ ገበረ። ከም ዝመጽእ ተስፋቃል ሂቡ ነበረ፡ ስለዚ ብድሕሪኡናብ ኢልሳዕ ወረደ፣ ካብኡ ድማ ናብ ዮሃንስ መጥምቕ፣ ብመሰረት ሚልኪያስ ምዕራፍ 4 ድማ ኣብ ዘመን መወዳእታ ክገሃድ እዩ። ርኢኹም?

ኣምላኽ፡ መንፈስ እቲኣብ ጣኻታት ዝነበረ ትሑት ዘይተምሃረ ሰብ ፈተዎ። ስለ ቓሉ ድማ ምእዙዝ ነበረ። "ኤልያስ ከምዚ ግበር" እንተኢልዎ፡- ኤልያስ ሰጋእከይበለ ይገብር። ብኸምዚ ዝዓይነቱ ትሕትና ድማ ኣምላኽ ገዛእ ርእሱ ኣብኡ ሰወረ! ብኹሎም ዘይናቱ ተዋህበ"ኣረጊት ዓኺይን" ዝኣመሳስሉ ነገራትን ተባህለ።

111 ሓደ እዋን ምስ -ምስ ኣረገ፡ ጸጉሩ ድማ ምስ በርሐ፡ ጭሕሙ ሰይቡ ንታሕቲ ምስ ተንጠልጠለ፣ እተን ዝተረፋኦ ጸጉሪ ርእሱ ድማ ኣብ ጉስሙ ተንጠልጢለን፣ናብ ሰማርያ ወረደ፡ ዝኣረገ ስጋ ዝተንጠልጠሎ ክንዱ ኣልዒሉ፣

ዝተጎራበጠ በትሪ ንሰማይ ኣልዓለ። ንኽትርእዮ ባህ ዘብል ነገር ኣይነበሮን ይኹን እምበር ነቲ ትውልዲ "ጎይታ ሰራዊት ከምዚ ይብል ኣሎ" ዝብል መንፈስ ነበሮ። ስለዚናብ ሰማርያ ብምውራድ፡ ጋእ! ወታእታእ ከይበለ! "ክቡር ኣኽዓብ ሆይ" እንከይበለ፡ ናብ ብርኽ ዝበለ ወጺኡ "በዘን ዓመታት እዚኣተን፡ ኣነ ኽይተዛረብኩ፡ ኣውሊ ኹ፣ ወይ ዝናም ከይኽውን፡ እቲ ኣነ ኣብ ቅድሚኡ ደው ኢለ ዘሎኹ ጎይታ ኣምላኽ እስራኤል እዩ፡ በለ።" ሃሌሉያ! ርኢኹም? ኣምላኽ ትሕትናኡ ኣኽበረ።

112 ንሱ ትሑት ኣብ ዝበሃልመንገዲ ነበረ፡ ኣብቲ ዘመን ዝነበሩ ኩሎም - ኩሎም ካልኦትን ግና፡ ኣንጻሩ ነበሩ። ማሕበር ኣገልገልትን ዝኣመሳሰሉን ኩሎም ምእንቲ ከወግድዎን ዝኽእልዎ ዘበለ ኹሉ ንኽገብሩን ይጻረሩዎ ነበሩ። ብትኽክል እወ። ዋላኳ ቃልሱን ዝነበሩዎ ካልኦት ነገራቱን ንምድምሳስ ኣይተኣከቡ እምበር፡ በቲ ዝነበሮ ትሕትና ምኽንያት ግና ኩላቶም ከም ዓኺይ ቆጸሩዎ። ኣምላኽ ግና ኣብኡ ተሰዊሩነበረ።

ይኹን እምበር ምህርቲእታ ተዘሪኣ ዝነበረት ዘርኢ ዝሕፈሰሉ መዓልቲ ምስ ኣኸለ፡ ኣምላኽካብ ሰማያት ሓዊ ልኢኹ ነቲ ተዳልዩ ዝነበረ መስዋእቲ ብምልሓስ ገዛእርእሱ ኣግሃደ። ገዛእ ርእሱ ኣብ ትሑት ነገር ሰዊሩ፡ እንደገና ብትሕትና ዝገሃድ ኣምላኽ። ርኢኹምዶ? ብርግጽ። ከምዚ ዝዓይነቱኣሰራርሓኡ ንኣምላኽ የሐጉሶ እዩ። ብኽምዚ ኣካይዳ እዩ ግብርታቱ ዝፍጽም። የስ ሰር!

113 ሕጂ ድማ ብዛዕባ እዞም ነገራት እዚኣቶምተስፋ ቃል ከም ዘለና ንርዳእ። ጸገሙ ግና ሎሚ፡ መብዛሕቲናሰባት፡ ኣምላኽ ፈጺሙ ክጥቀመልና ብዘይኽእለሉ መንገዲ፡ ፈላጣትን ሃይማኖታዊ ትካል - ኣተሓሳሰባን ክንሕዝ ንደልይ። ጎይታ ንሓደ ሰብ ገለ ነገር ክጅምር ይህቦ፡ ኣገልግሎት የጀምሮ፡ ነገር ግን ከይዱእታ ናይ መጀመርታ ነገር ዝገብራ ትፈልጡ ዲኹም? ካልኦት ብዝብልዎ ሞገት ይጽመድ'ሞ ኣብ ከምዚ ዝዓይነቱ ሰባዊ ነገራት ነገራትየተኩር። ኣምላኽ ድማ ኢዱ ጥራይ የልዕል እሞ ንበይኑ ይሓድጎ። ርኢኹም፥

114 ነቲ ስራሕ ክቕጽል ዝኽእል ሰብኣይ ንኽረክብ ድማ ይደልይ። በቃ ን - ንቓሉ ዝቕበል፡ ተቐቢሉ ድማ ብመሎኮታዊ ምግላጽ ዝጸንዕ እምበር ዘይሰናኸል ሰብይደልይ። ኣሰራርሓኡ ከምኡ - ከምኡ እዩ። ኩሉ ጊዜ ከምኡ እዩ ዝገብር።

ሰብ ብዙሕ ዝተምሃረንክኢላን ምስ ኮነ፡ ልክዕ ከምቲ ብዛዕባ "ጥምቀት መንፈስ ቅዱስ፦ኦይ! ንሱ ንኻልኦት ዘመን ዝነበረ እዩ፡ ዝብልዎ" ናይ ገዛእ ርእሶም ትርጉም ክሓውሱ ይጅምሩ።

በሉ ኽነግረኩም፡ "ዋላኳ ከምቲኣመጻጽኣ መዓልቲ ጴንጤቆስጤ ኣይምጻእ እምበር፡ ንኻሊእ ዘመን ጥራይ ኣይነበረን። ምስ ኣመንና መንፈስ ቅዱስ ስለ እንቕበል።" ከምዚንካልኦትን ዝዓይነቱ ነገራት።

115 እስኪ ጥምቀት ብሽም ጎይታ እየሱስ ክርስቶስ ምኺኑ ንዘራረብ፦ እወ . . . መቸም መጽሓፍ ቅዱስ ከምኡ እዩ ዝምህር እወ "ነገር ግን ሲኖዶስ ከም ዝብሎ! ወይ ድማ እከለ - እከለ ከም ዝብሎ!"እዚ ዘይምጽናዕ እዩ። ርኢኹም? ኣምላኽ ከምዚ ዝዓይነቱ ሰብ ኣይጥቀመሉን እዩ። ርኢኹም?

ኣምላኽ ንሓደ ሰብድማ ኣብ መላእ እታ ሃገር እንዳዞረ ከውቃዕ ፣ ከውገዝን ክስሓቕንክባጨዎን፣ ከምዚ ዝዓይነቱ ነገራት ክግበሮን ይኽእል ይኽውን። ነገር ግን እቲ ትኽክለኛ መድረኽ ምርኢት ክገሃድ እንከሎ፡ ኣምላኽ ንገዛእ ርእሱ ኣብ ከምኡ ዝዓይነቱ ትሕትና የግህድ።

116 ልክዕ ከም ዕምበባይትንስእ። ዘርኢ እታ ዕምበባ ናብ ምድሪ ወዲቓ ምስ ሞተት፡ በቃ ኩሉ ነገር ዘብቀዐ ይመስል። ትብስብስ፣ መሬት ትስርስር እሞ ኩሉነገር ድማ ይበታተኽ። ነገር ግን እንደገና ህይወት እትዘርኣሉ ኣዝመራ ይመጽእ እሞ እንደገና ትዕምብብ።

ኣምላኽ ብትሑት ኣሰራርሓኡ፡ኩሉ ጊዜ ተመሳሳላይ ነገራት ይገብር። ኩሉሻብ ድማ መንገዲ ልዕልናስ ትሕትና እያ። ገዛእ ርእስኻ ትሑት ግበራ፡ "ሰናይ፡ እዚንእቲን ኣለኒ" ኣይትበል። ምንም ነገር የብልካን። ኣስተውዕል - ኣስተውዕል፡ ጸጋ ኣምላኽ እንተሃልዩካ፡ ብዛዕባ እቲ ዘለካ ትሑት ኩን ኩሉ ጊዜ ድማ ኣመስግን። ተረዲኡኩም! ገዛእ ርእስኹም ብምትሓት ቀጽሉ።

117 ሰዓታትና . . . እስኪ ምእንቲ ከየደንጉየኩም እሞ ከየድክመኩምሲ፡ ክፈጥን። ኣብዛ ሰሙን ሰፊሕ ጊዜ ክፈጥን ኣለኒ። 'ከድክመኩም ስለዘይደሊ።'

ሎሚ ሎሚ ግና ሰባት ብፍልጠት ገዚፎምን ጎሪሖምን ንረኽቦም።

118 ኻሊእ መዳዮም እስኪ ክርእየኩም። ገሊኣቶም ብኻሊእ - ብኻሊእ መዳይ ርሒቖም ይኸዱ፣ሃይማኖታውያን ንምኺን ኣኽረርቲ ይኾኑ። ከምዚኣቶም ዝዓይነቶም ጉጅለ ከምዘለዉና ንፈልጥ ኢና። እወዶ? ብኻሊእ መዳይ ይኸዱ።

ኣብ ቀረባ ጊዜ ካብ - ካብ መንገዲ ብርሃን፡ ገዛእ ርእሶም ካብ ዝፈለዩ ኣሕዋት ዝተፈለኹሉ ምኽንያት ድማ እዚ እዩ። ገዛእ ርእሶም ከም ሓደ ጉጅለ እንተዘይተወድቦም፡ ነገራት ብትኽክል ክኸይድ ከም ዝኽእል ክራኣዮም ኣይተኽኣለን፡ስለዚ ኻብ ማእኸሎም ሓወርያትን ነብያትን ከምኡ ዝዓይነቶም ነገራትን ንኽስይሙ ኣብ ካናዳ ተኣከቡ። ብኡብኡ ድማ ወደቑ። ርኢኹምዶ?ኹሉ ጊዜ ድማ ይወድቑ። ብዛዕባ ገዛእ ርእሶም . . . ከም ዘይኮኑ ስለ ዝስምዖም . . . ናብ ካሊእ ጽንፊ ክሳብ ዝኸዱ፡ ንኻልኦትነገራትን - ጉዳያትን ብጣዕሚ ይኹንኑ። ርኢኹም?

119 ብዝለዓለ ደረጃ ምሁራት ዝበሃሉ ጉጅለ ኣለዉ ዝሑላትን ግዲ ዘይብሎምን ድማ እዮም፡ብዘለዎ ኹሉ ይኸሕዱ። ካልኦት ድማ ብኻሊእ መዳይ ይኸዱ፣ ካልኦቶም ድማ ብሓይሊ ስምዒታዊነትን ብምኽሓድ ቃሉን ብኻሊእ መዳይ ይኸዱ።

እታ ሓቀኛ ቤተክርስትያን ግና ኣብ ማእኸል መንገዱ እያ ትጸንሕ።

120 እንተድኣ ኣስተውዒልኩም፡ ብልብኹም ንኽትልዓዓሉን ኣብ መንገዱ ድማ ንኽትጸንሑን መንፈሳዊ እዩ፡ ኣምላኽ

ዝተዛረቦ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ቃል ድማ ኣለዎ። ኢሳያስ ከምኡ ከም ዝኸውን ተዛሪቡ እዩ፡ ከምዚ ብምባል “ከምኡውን ነቲ ኻብ ኣሶር ተሪፉ ዘሎ ትራፍ ህዝቢ ጽርግያ ኪኸውን እዩ።”

እቶም ካብ ቤተክርስትያን ናዝራውያን ዝኾኑ ብሩኻትን ቅዱሳትን ፍትዋትን ኣሕዋትና፡ኣምላኽ ብኣኣቶም ንእሽቶ ዝጀመራ ሪቫይቫል ነበረት። ምላሾምከ ከመይ ነበረ? ኣምላኽ ኣብ ቤተክርስትያኖም ብልሳን ምዝራብ ምስጀመረ፡ብጣዕሚ ሃይማኖተኛታትን ዕቡያትን ስለዝነበሩ “ዲያብሎስ” ኢሎም ሰየምዎ።እንታይ ከም ዘበጽሖም ሕጂ ርኢኹምዶ? ርኢኹም? “ካባኻ ንላዕሊ ጻድቃን” እዮም። ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ነገራት ድማ ምስ - ምስ ዘርኢ ዝተኣሳሰሩ ስለዝኾኑ ብቐጥታ እዮም ዝሞቱ። ርኢኹም?ከምኡ -

ከምኡ ድማ ብግምጣሉ።

121 ስለዚ እቶም ሓደ ኣኽረርቲ እቶም ካልኦት ድማ ዝሑላትን ድስኩላትን እዮም። ኢሳያስ፡- “. .. ጽርግያ ኪኸውን እዩ።” በለ። ናዝራውያንን ቀዳሞት ኣመንቲ ቅድስናን (Holiness)፡- “በታ ቀዳመይቲ ጥንታዊትጽርግያ! ክብሪ ንኣምላኽ ይኹን! በታ ጥንታውያን ጽርግያ ንጎዓዝ ኣለና!”

እቲ ንሱ ዝበሎ ግን ከምቲ ንሳቶም ዝበልዎ ከምዘይኮነ ዘክሩ። ንሱ ግና ዝበለ “ከምኡውን ጽርግያ ኪኸውን እዩ (and there shall be a highway)” ከምኡውን ዝብል ቃል መእሰሪ ቃል እዩ፡“ከምኡውን ጽርግያ።” ጽርግያ ቅድስና ዘይኮነስ፡ “መንገዲ ቅድስና”ክትበሃል እያ።

122 ኣብ ጽርግያ ቅድስና ሰባት ገዛእ ርእሶም ቅዱስ ክገብሩ ይጽዕሩ። ከምዚ ንምግባር እንተፈቲንኩምድማ፡ ከምቲ ኣቐዲመ ዝበልኩዎ እዩ ዝኸውን . . . ርግቢት ምእንቲክኸውን ኢሉስ፡ ክንቲት ርግቢት ኣብ ኣካሉ ዝሰኩዕ ኣሞራ ማለት እዩ። ግን'ኮ ብተፈጥሮኡ ኣሞራ እዩ። ርኢኹም? . . . ክንቲትርግቢት ዝተኸድነ ኳኽ ወይ - ወይድማ ፒኮክ “ርኢኹም ርኣዩ ምልክዕቲ ጭሩ እየ” ከም ምባል ዝዓይነቱ ቅጥቃጥ ስራሕ እዩ።

ፒኮክ ግና እምበርከ ናይ ፒኮክ ክንቲት ክህልወኒ ድዩ? ኢላ ኣይትጭነቕን። ርግቢት ድማ ናይ ርግቢት ክንቲት ክህልወኒ ድዩ ወይስ ኣይክህልወኒን ኢላክትጭነቕ ኣይግባኣን። ተፈጥሮ ናይ ርግቢት ጥራይ ይሃልዋ እምበር ናይ ርግቢት ክንቲት ምብቋላ ኣይተርፍን እዩ።

ኣመንቲ ቅድስና(Holiness) “ጓል ኣንስተይቲ ጸጉራ ከተንውሕ ኣለዋ፣ ነዊሕ እጅጌ ክትክደን ኣለዋ፣ ነዊሕ ቀሚሽ ክትክደን ኣለዋ፣ ዝኾነ ይኹንመጋየጺታትን ቀለበት ናይ ቃልኪዳንን ክትጥቀም የብላን” ናብ ምባል ከይዶም ኣለዉ። ርኢኹም፡ እዚ ናይ ገዛእ ርእስኻ ቅድስና ምፍጣር እዩ። ርኢኹም? ርኢኹም? እዚ - እዚ - እዚ ተቐጥቂጡ ዝተሰርሐቅድስና እዩ። እታ ቤተክርስትያን ህያው ኣምላኽ ግን . . .

123 ንኹለንትካላት ሃይማኖት ድማ ርኣዩወን። ከም ኣመንቲ ጴንጤቆስጤ ጸጉተን ይቑርጻን ካሊእማሊእ ይገብራን። ካሊእ - ካሊእ ድማ ኩሎም ኣሸንኪታባትንቀለበታትን የንጠልጥሉ።

ንኣመንቲ ጴንጤቆስጤ ርኣዩዎም፡ ቅድሚ ሒደትዓመታት ክንደይ ኣብዚሖም “ንሕና እታ ቤተክርስትያን” “ንሕና ኢናእታ ቤተክርስትያን” ኢሎም ዝምክሑሉ ዝነበረ። ቤተክርስትያን ኣካልክርስቶስ እያ። ኣብ ሞንጎ ብዙሓት ውልቀ ሰባት ዘሎ ውልቃዊነት። ንሱ ድማ ኣብ ውሽጢ መንግስቲ ኣምላኽ ምውላድ እዩ። ካብ ውሽጢናብ ደገ ዝረኣይ። ፍጹም ዝኾነ ህያውነት።

124 ንበጊዕ፡ ጸጉሪ በጊዕ ኣብቀኍሊ . . . ወይ ድማ ኣምርቲ ኣይትብሉዋን። ማለተይ፡-በጊዕ ሱፍ ከተምርት ክትጭነቕ ኣይግባኣን። “ሎሚዘመን ጎይታይ ጸጉሪ ከምርተሉ ይደልየኒ እዩ እሞ ክተግህ”ክብል ኣይግባእን። ክገብሮ ዝግብኦ ነገር በጊዕ ኮይኑ ምጽናሕ ጥራይእዩ። እወ። እቲ ሱፍ ባዕሉ ብተኣምራዊ . . . ክህሉ ክህሉ። ክፈርይ እዩ፡ ምኽንያቱ . . .

ፍረ ክንሰርሕ ዘይኮንናዝተሓተትናስ፡ ክንፈርይ ኢና ዝግባኣና፡ ርኢኹም፡ ፍረ ክንህብ። ርኢኹም? ፍረ ኽንፈርይ ኢና ዝግብኣና። ምስ ቃል ኣምላኽ ኰንኩምከምኡ ድማ ፍረ ናይ ኦም ኣምላኽ እንተኰንኩም፡ ቃል ኣምላኽ ባዕሉ ክገሃድ እዩ። ጥራይ እቲ ቃል ኣብ ቦታኡ ይሃሉ እምበር፡ ፍረምፍራዩ ኣይተርፍን። እየሱስ ድማ ከምዚ በለ፡- “ኣባይ እንተ ጸናዕኩም፡ ቃለይውን ኣባኻትኩም እንተ ሐደረ፡ እትደልይዎ ዘበለ ትልምኑ እሞ ይኹነልኩም።” ርኢኹምዶ? ኣይተምርትዎን ኢኹም። ባዕልኻትኩም ኣይትሰርሑዎንኢኹም። በቃ ኣብ ቦታኡ እዩ ዘሎ እሞ እንዳቐጸለን እንዳቐጸለን ድማይኸይድ።

ሒደት ደቓይቕ ጥራይእዩ ተሪፉና ዘሎ እሞ፡ እስኪ ንኺድ ንቐልጥፍ፡ ብድሕሪኡ ድማ ኽንውድእ ኢና።

125 ሕጂ፣ ሕጂ ድማ ኻልኦቶምከም ኣኽረርቲ ናብ ካሊእ ጽንፊ ከይዶም ኣለዉ። ብዝተፈላለየ ስምዒታዊነትን ምንቕቓሕን፡ ላዕሊን ታሕትን ስለዝዘለሉ፣ ብልሳን ስለዝተዛረቡ፣ወይ - ወይ - ወይድማ ትኽክለኛ ዝኸውን ትንቢት ስለዝተዛረቡ፡ ወይውን ከምኡ ዝዓይነቱ ነገራት ስለ ዝገበሩ፡ በቃ ከምዚ ኹሉ ነገር ዝረኸቡዎ ኮይኖም፡ ካሊእ ነገር የለን ኢሎም ይሓስቡ። ከምኡ ግና ኣይኮነን።

እየሱስ “ኣብታ መዓልቲንሳ ብዙሓት ናብኡ መጺኦም፡ 'ጎይታ ብስምካዶ ትንቢት ኣይተዛረብኩን?ብሽምካ ድማ ብዙሕ ግብርታት ገይረ፣ ኣጋንንቲዶ ኣየውጻእኹም?'”ክብሉ እዮም በለ። ንሱ ግና ከምዚ ክብሎም እዩ፡- “ካባይ ርሓቑ ኣይፈልጠኩምንእየ” ክብሎም እዩ። ርኢኹም? ከምኡ ኣይኮነን 'ዩ። ከምኡ ኣይኮነን ኣዕሩኽይ።

ምኽንያት ድማ እዚእዩ . . . ልሳንከ፡ ከም ምልክት? ብልሳን ምዝራብ ይኣምን እየ፡ ብሕታዊ ናይ መንፈስ ቅዱስ ምልክት ገይረ ግና ኣይወስዶን እየ። ኖኖ ኣይከምኡን። መርትዖኡ ፍረ መንፈስ እዩ። ርኢኹም? እወ። ርኢኹም እቲ ካብ ጴንጤቆስጤአውያን ኣሕዋትና ዝፈልየኒ ነገርውን እዚ'ዩ፡ “ሓደ ሰብ ልሳን እንተተዛሪቡ መንፈስቅዱስ ተመሊኡ እዩ።”ዝብልዋ ነገር እያ ዝፈለየትኒ። ምልክት ምምላእ መንፈስ ቅዱስ ኣይኮነን።ርኢኹም?

ዲያብሎስ ብክንዲ ዝኸኣሎ ፍጥነት ልሳን ክዛረብ ከሎ ሰሚዐ ኣለኹ፡ ብሽክና ሰብ ድማ ደም

እንዳሰተዩ፡ዲያብሎስ ይጽውዑ።

126 ኣብ ኣሪዞና ዝረኣኹዎምህንዳውያን፡ ተመን ኣብ ሰውነቶም ጠምጢሞም፡ ኣብ - ኣብ - ኣብ ዝናብ ክስዕስዑ፣ ኢድ ንኢድ ተተሓሒዞም ናብዚን ናብትን ይጎዩ። ሻቡ እቲ ጠንቋላይ ነፍሱ እንዳገረፈ ይመጽእ፡ እርሳስ ብምሓዝ ድማ ብዘይፍለጥ ልሳን እንዳጸሓፈ ትርጉም ናይቲ ልሳን ድማ ክትርጉም ርኤ እየ። ርኢኹም?

ስለዚ፡ እዚ ንዓይኣይትንገሩ፣ ኣይትንገሩኒ። ብኸምዚ ዝዓይነቱ ነገራት ኣይታለልን እየ። ርኢኹም?

ስለዚ - ስለዚ ፍረመንፈስ . . . እየሱስ "ብፍሬኦም" እዩ ዝበለ፡ ብልሳን ወይ ድማብስምዒት ኣይበለን። "ነገር ግን ብፍሬኦም ከተለልይዎም ኢኹም።" ርኢኹም? ፍረ መንፈስ ድማ እዚ እዩ። ኣምላኽ ኩሉሻብ ብትሕትናንብሰናይነትን ገዛእ ርእሱ የፋልጥ፡ ኩሉ ጊዜ ድማ ሓደ ዓይነት እዩ። እዚ እዩ፣ ኣብ ቃል ዝጸንዐ ሰብ ድማ፡ ቃል ኣብ ዝሰምዐሉጊዜ፡ ካልኦት ሰባት ክንዲ ድላዮም ይበሉ ነቲ ቃል ከም ዝኣምኖ "ኣሜን"ብምባል ብቕንፍ የጽድቕ። ርኢኹም?

127 ኣብ ኣኽራርነት ንምጽናዕግና ርሑቕ ንኸይድ፡ ሰይጣን ድማ ኣብ ማእኸል እቲ ህዝቢ ይኣቱ። እዚ ሸቾጥ ሰይጣን 'ዩ። ንሱ ድማ ሓያል ነጋዳይ እዩ። ኣብ ማእኸል እቲ ህዝቢ ኣትዩ፡ ላዕልን ታሕትን ስለዝዘለሉ፡ከምዚ ኹሉ ነገር ዝጨበጡ ገይሮም ንኽሓስቡ ይሓባብሎም። ብድሕሪኡኸ ጎረቤትካ ምጽላእ? ኖኖ። ርኢኹም? . . . ከምዚ ዝዓይነቱነገራት ምዝራብ፣ ጽቡቕ ጌርካ ድማ ልሳን ን - ን ንምዝራብን ከምኡን ወዲ ኸምኡን።

ነገር ግን ዘክሩ፡ከምቲ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ቀዳማይ ቆሮንጦስ ምዕራፍ 13 ዝብሎ፡ ብትኽክለኛ መንፈስ፡ ጽሩይ ዝኾነ ልሳን እንዳተዛረብኩም፡ መንፈስቅዱስ ዘይክህለወኩም ይኽእል እዩ። "ብቛንቋታት ሰብን መላእኽትን እንተ ዝዛረብ፡ ፍቕሪ ኻብ ዘይትህልወኒ፡ ከም ዜድሂ ኣስራዚ ወይስ ጭልጭል ከም ዚብል ጸናጽል ምኾንኩ።" ርኢኹም? ስለዚ ከምኡ ኣይትግበሩ።

128 ሜተዲስታውያን "ዓውኢልና ስለዝጨደርና ተመሊእና" ኢሎም ይሓስቡ። ነገር ግን ኣይብሎምን። ናዝሪናውያን ድማ "ብቕድስና እንተነቢርና ንምላእ" ይብሉ።ነገር ግን ኣይብሎምን። ጴንጤ ቆስጤኣውያን ድማ "ብልሳን ስለ ዝተዛረብና ረኺብናዮ ይብሉ" ነገር ግን ኣይረኸቡዎን። ርኢኹም? ርኢኹም?

ኣምላኽ ብስምዒት ርእሱኣይገልጽን። ኣይኮነን, ዋላኳ . . . ስምዒታውነት ኣብኡ ይሃሉ። ቦታኡ ርኢኹሞዶ? ሰብ ክርእዮ ክሳብ ዘይክኣሎ ትሑት ይገብሮ። ናይ ገዛእ ርእስኹም - ናይ ገዛእ ርእስኹምኣተሓሳሰባን፣ ናይ ገዛእ ርእስኹም ኣእምሮን ክትሓውሱ እንተዘይሞኪርኩም። ኣምላኽ እዩ።

ሕጂ እምበኣር፡ ጉጅለኣኽረርቲ ኾይኖም ኣለዉ። በዚ መዳይ እቶም ተራን ዝሑላትን፣ ነቲ ኻሊእ መዳይ ድማ ኣኽረርቲ ኣለዉ። በዚ ኹሉ ድማ እነሆ እታ መርዓት፡ ካብ ክልቲኦም መዳያት እንዳጸወዐት ብቕንዕና ትጎዓዝ ኣላ። እወ። ኣምላኽምስ ቃሉ እንዳኸደ የረጋግጽ ኣሎ።

ዎ! ገለ ገለ ክዘሎ ይግባኣኒ ምኽንያቱ ኣብዚ ጉዳይ እዚ ጸቕጢ ኣብዚሐ። ጊዜይ ይውዳእ ኣሎ። ክንዲ ዝከኣለኒ ክፈጥን ኣለኒ።

129 ካብ ኤደን ካብ ኤደንጀሚሩ መሲሕ ከምዝመጽእ - ከም ዝመጽእ፡ ካብ ኤደን ጀሚሩ ትንቢትተነጊሩ ነይሩ።

ሕጂ እንተኺኢለ፡ መልእኽትታተይብትኽክል ኣብ ሰዓቱ ንኽራግፍ፡ ሓደ ሓደ ዝሓዝኩዎም ነጥብታትን ቅዱሳንቃላትን ክሰግሮም እየ። ኣብ ትሕትና ዝሰወር ኣምላኽ። ብፍጥነት ክዛረብ እየ፡ ነገር ግን ድማ ክትሕዝዎ ይደልየኩም።ተረዲኡኩም?

130 ካብ ኤደን ጀሚሩ መሲሕከምዝመጽእ ብትንቢት ተነጊሩ ነይሩ። ከመይ ዓይነት ሰብ ከምዝኸውን እውን ተነጊሩ እዩ። ንብዙሕ እዋን ክንደናገር ንኽእል ኢና። መጽሓፍ ቅዱስ፡ እንታይ ከምዝኸውን፣ እንታይ ዝዓይነቱ ሰብ ከምዝኸውን። ሙሴ ብዛዕባኡ፡- "ጎይታ ኣምላኽኩም ከማይ ዝኣመሰለ ነብዪ ከተንስኣልኩም እዩ" በለ። ስለዚ እቲ መሲሕ መጺኡ እንታይ ዝዓይነቱ ኣገልግሎት ከምዝህልዎ፡ ነብዪ ከምዝኸውን ይፈልጡ ነይሮም እዮም። ነብያት ኩሎም እንታይ እንታይንከም ዝገብር ተዛሪቦም እዮም። ኩሎም ብምስላ እዮም ተዛሪቦም። ኣብ ርእሶም ይወርድ፡ ኣብ ርእሲ እቶም ዝተረፉ እውን ከምኡ። ርኢኹም?ርኢኹም? ኣብ ትሕቲ እቲ ሓደ ይወርድ እሞ ኣብ'ቲ ሓደ ድማ ይቕጽል። ርኢኹም?

ጊዜ መደቡ ኣብ ዝበጽሓሉእዋን፡ እቶም ምእንታኦም ዝተልኣኸ ህዝቢ ኹሎም፡ እንታይ ዓይነት ከም ዝኸውን፡ ብዛዕባኡ ብደረጃ ናይ ገዛእ ኣተሓሳሰባኦም፡ እንታይ ክኸውን ከም ዝኾነ ዝገልጽ ናይ በዓልቶም ትርጉም ነበሮም።

131 መጽሓፍ ቅዱስ ፍጹምኣይልወጥን። መጽሓፍ ቅዱስ ኩሉሻብ ሓደ እዩ። "ቃል ከም ዝብሎ" ዝብለሉ ምኽንያት ድማ እዚ እዩ። 'መጽሓፍ ቅዱስ ውልቃዊ ዝኾነትርጉም የብሉን'። ኣብኡ ድማ ጸኒዐ ይነብር።

ስለዚ ኣቱም ሜተዲስታውያን፣ባብቲስታውያን፣ ጴንጤቆስጤኣውያን፡ "ከምዚ እምበር ከምኡ ማለቱ ኣይኮነን" እንዳበልኩም ናይ ገዛእ ርእስኹም ትርጉም ንምሃብ ክይትፍትኑ።

ማለቱ ልክዕ በቃ ከምቲዝብሎ እዩ። ሓደ ሰብ "ከመይ ኢሉ ይኸውን?" ኢሉ። ከመይ ኢሉ ከም ዝኸውን ኣይፈልጥን እየ። እዚ ክዛረብ ዝግብኣኒ ኣነ ኣይኮንኩን።ንሱ ባዕሉ ስለ ዝበሎ፡ ኣምላኽ ባዕሉ እዩ ክሓልየሉ ዝግብኦ። ኣነኣይኮንኩን ዝተዛረብኩ። ርኢኹም፡ ብዛዕባ ናይ ገዛእ ርእሱ ነገር ድማ ባዕሉ ይሓሊ።

132 እምበኣርከስ ሕጂ እቲመሲሕ ከም ዝመጽእ ትንቢት ነበረ። ነብያት ብዛዕባኡ ብኸመይ ከም ዝመጽእ፣ ምስ መጸ እንታይን እንታይን ከም ዝገብር ተዛሪቦም እዮም።ኣብ ሞንጎ እቲ ህዝቢ ግና! ብምኽንያት ናይ ገዛእ ርእሶም ትርጉም፣ መላእ እታ ጉባኤ ቤተክርስትያን ክሳብ እትስሕቶ ትሑት ብዝኾነኣመጻጽኣ ተጋህደ። ሓቀይዶ?[ጉባኤ ኹሉ "ኣሜን" በለ።]

ሻቡ እኮ ምሁራት ዝበሃሉ ሰባት ነይሮም እዮም . . . ይኹን እምበር ሓደሰብ፡ ሌዊ ካብ ዝበሃል ዘርኢ ሓረግ ወይድማ ነገድ እንተዘይተወሊዱ ካህን ወይድማ መምህር ክኸውን ኣይኽእልን ነበረ። ሕሰቡዎ'ሞ፡ቅድሚ - ቅድሚ - ቅድሚ - ቅድሚ - ቅድሚ - ቅድሚ ኣቦ ሓጎኡ ለይትን መዓልትን ኣብ ቤት መቕደስ እንዳነበረ ኣብ ቃል ዝተደገፈ ካህን ነበረ።

ልክዕ ከምዚ - ከምዚ ካብ ትውልዲ ናብ ትውልዲ ዝተወራረሰ - ኣገልጋሊ ናይ ሓንቲ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ካህን ዝዓይነቱ፡ "ቅድሚ - ቅድሚ ኣቦ ሓጎይ እኮ ካህን ናይ ሜተዲስት እዩ ነይሩ። ኣቦሓጎይ'ኮ ካህን እዩ ነይሩ፣ወዘተ።" ርኢኹም?

133 እቲኣቶም ኩሎም፡ ምስቲቃል ብሓቂ ነበሩ፡ ነገር ግን፡ ካብኡ፡ ናይ ገዛእ ርእሶም መንገዲ ሰርሑ። እቶም ደቆም ድማ፡ ኣቦታቶም መንገዲ ሓቂ ከም ዝመሃርዎምንበዚ ድማ ድርጅት ከም ዝመስረቱን ብምሕሳብ፡ ዋላኳ መንፈስ ቅዱስ ሓቂ ክህቦም እንተፈተነ፡ ከም ዘይቕበሉ ብምኽንያት ከም ምህሮ ኣቦታቶም ጌይሮም ሓዙ።

ሎሚ ዘሎውን ሓደ ዓይነትእዩ። ክጽረፍ ስለዝደልይ ኣይኮንኩን፡ ሓቂ እዩ። ሎሚውን ሓደ ዓይነት። ፍጹም - ፍጹም ክርድኣካ ከም ዘይኽእልን ካሊእ - ካሊእመንገዲን ገይሮምዎ። ናይ ገዛእ ርእሶም . . . ይምህሩ። ከምቲ ዝበልናዮ "ኣምላኽ ደቂደቂ የብሉን።" እዚ ትፈልጡ ኢኹም፡ ኣወዳትንኣዋልድን ውሉዳት እምበር ወዲወዲን ጓልወዲን የብሉን። ነፍሲወከፍ ሰብ ብሓደ ዋጋ ብሓንቲ መንገዲ ክመጽእ ኣለዎ። ንስኻውን ከምኣቦኻ።

134 ንሱ ትሑት ነበረ።መሲሕ ንኣርባዕተ ሽሕ ዓመታት . . . ነብያት ኩሎም ብዛዕባኡ ተዛረቡ፡ ዳዊት ብዛዕባኡ ዘመረ፣ ካብኡ ንደሓርውን ከምኡ። ንሱምስ መጸ ግና እቲ ህዝቢ፡ መጺኡ እንታይ ከም ዝገብርን፣ ከመይ ከም ዝገብርን ዝገልጽ ናይ ገዛእ ርእሶም ኣተሓሳስባ ሰሪቶም ነበሩ።በቲ ትኽክለኛ ትሑት ኣመጻጽኣኡ መጺኡ፡ ነቲ ኣብ ቻርትታትን ኣብ ካልኣት ነገራትን ስኢሎም ገሊጾምዎ ዝነበረ ስነመሎኮታዊ ኣተሓሳስባኦም ኣዕነ - ኣዕነዎ። ርኢኹም ፍልጠት ኣይነበሮምን።

ብመሰረት ቃል ኣምላኽመጸ። መሲሕ ብምድብቲ ኣመጻጽኣ ክመጽእ ከምዝኾነ ፡ ኣምላኽ ባዕሉብነብያት ከምዝተዛረበ ትኣምኑዶ? ከመይ ከም ዝነበረ እንገልጸሉ ካሊእ ጊዜ ስለዘይብልና የሕዝን እዩ። ርኢኹም? መብዛሕቲና ዳርጋ ኹልና፡ከመይ ከም ዝነበረ ንፈልጥ ኢና፡ ኣምላኽ ብኸመይ መንገዲክመጽእ' ዩ ከም ዝበለ፣ ከምኡ ድማ "ኣቲ ቤተሊሄም ናይ ይሁዳ ካብ ማእኸል ኣእላፍ ዝነኣስኪ . . ." ፣ ከመይ ከም ዝገብር፣እንታይ እንታይ ከምዝገብር ዝብል ኩሉ ነገራት። ርኢኹም?

135 ልዕሊ ኹሉ ግና፡ እቶምምሁራት ክርድኡዎ ክሳብ ዘይኽእሉሉ ደረጃ ንኹሉ ነገር ሓዋዊሶሞ ነበሩ። ንሱ ግና ትሑት ነበረ! ኢየሱስ ኣንጻር ቃል ኮይኑ ኣይመጸን፡ ብመሰረትእቲ ቃል 'ዩ ዝመጸ። ነገር ግን ኣንጻር ትርጉማቶም ኮይኑ ተጋህደ። ርኢኹም? ኣንጻር እቲ ብዛዕባኡ ዝነበረ ካህናዊ ምህሮታት ኮይኑመሃረ።

ከምዚ ይብሉ ንኣብነት፡-"መሲሕ ክመጽእ እንከሎ፡- ብርግጸኛ ቀዲሙ ናብ ቤተ መቕደስ ከይዱ ን 'ቀያፋ' ወይድማ ነቲ ሻቡ ዝህሉ ሊቀ ካህን፡- ' እሞ መጺኤ ኣለኹ ' ይብሎ። ዓሰርተ - ሚልዮን - መላእኽቲ እንዳወደሱዎ ክመጽእእዩ፡ ኣምላኽ ድማ ከምዚ ክብል እዩ 'ሰናይ እምበኣር፡ ኣቱም ኣዕሩኽይ፡ ብጣዕሚ ክቡራት ቤተክርስትያን ኢኹም፡ ህዝበይ ድማ ኢኹም።ነቲ መሸጉራ ሰማይ ከዙሮ እየ እሞ፡ ኮሪደራት ሰማይ ከውርዶም እየ። ነቲ መሲሕ ድማ ሎሚ ንጉሆ ክልእኸልኩም እየ፣ ኣብቲ ጎልጎል ከዕልቦ እየ እሞ እቲ ህዝቢ ኩሉ ይተኣከብ። ዶክተር እከለን ዶክተር ክስቶን ብሰላምታ ምእንቲክትቅበልዎ ናብ ቅድሚት ሕለፉ።'" ክብል ይብሉ። ርኢኹም?

136 ሎሚውን ዝሓስቡዎ ኣተሓሳስባከምዚ ዝዓይነቱ እዩ። ንእሽተይ . . . ከምዚ ዘርኣዊ ዝመስል ምኽኑ ይፈልጥ እየ። ይኹን እምበር . . . ሓደ ጭብጢ ከረድእስለዝደለኹ እየ። "እንደገና - እንደገና፡ ነገራት ዝከናወኑ በዚ መንገዲ እዩ ። በዚ መንገዲእዚ እንተዘይመጺኡ ግና፡ ትኽክል ኣይኮነን፡ ጸረ ክርስቶስ 'ዩ። ርኢኹምዶ? በዚ መልክዑ እንተዘይመጺኡ በቃ ጸረ ክርስቶስ እዩ፡ ርኢኹም፡ ክኸውን ኣይኽእልን። ብድሕሪኡድማ ከምዚ ክህሉ . . . እቲ ዝስዕብ ነገር፡ መሳርሒ ሙዚቃኦም ሒዞም ዝጓዝሙ ዓሰርተ ሽሕ መላእኽቲ፡ ሰለሞን ኣብ ዝሰርሖ መቕደስኣጸድ ክዓልቡ፡ ላዕልን ታሕትን እንዳበሉ፡ ቅዱሳንን ካልኦትን ኣብ ዝሞቱሉ ወዘተ!።"

137 "ኣቱም ግቡዛት! ደቂ ዲያብሎስ!" "እወ" ይብል እየሱስ "ኣቦታትኩም ዝቐተሉዎምመቓብራት ነብያት እተጸብቑ።" ይብሎም። ብሓቂ። ናይ ብሓቂ። ርኢኹም? "ብዙሓት ጻድቃንን ነብያትን ተላእኹልኩም፡ ንስኻትኩም ግናንኹሎም ሓረድኩምዎም!" ርኢኹም? እወ፡ ከመይ ኢሉ ድኣ ንሳቶም"ኣኽረርቲ፣ ጽሉላት" ኢሎም ንዝጽውዑዎም፡ ንሱ ግና "ጻድቃን" ዝብሎም?

ሻቡ ብኸምኡ ዝመጽእመሲልዎም ነበረ።

ንሱ ክመጽእ እንከሎግና ካብ - ካብ ድንግል፣ ሰብኣይ ኣደ፣ ምስ ተራ ጸራቢ፣ ካብ ዘይትፍለጥ ንእሽቶ ጓል ነበረ። ርኣዩ፡ ጓል ሊቀ ካህናትውን ኣይነበረትን፣ካሊእ እንታይ ኣሎ። ናዝሬት ካብ - ካብ እትበሃል ንእሽተይ ኣረጊት ከተማ ካብ ንእሽቶ ጎርዞ፡ ከም - ከም . . . መጸ። ከምኡድማ ሰበይቱ ምስ ዝሞተቶ፣ ደቂ ድማ ምስ ዝነበሩዎ ንዮሴፍ ተሓጽያ - ተሓጽያ ነበረት። ብመሰረቱውን ካብ ሕጊ ወጻኢ ዝተወልደ ኢሎምስለ ዝነበሩ፡ ጥፉእ ሽም ሒዙ ዝመጸ ነበረ። ኦ፡ ማይ!

138 እዚ ነገራት ነቲ ፍልጠቶም ብሓይሊ ወቕዖ። ርኢኹም? ስነ ባህርያት ትምህርቶም ነዚ ክውሕጦ ኣይተኽኣሎን። ንቅዱሳን ቃላት ዝነበሮም ትርጉማቶም፡ ብዛዕባ እዚዝፈልጦ ነገር ኣይነበሮን፡ ንሱ ግና ጎይታ ሰራዊት ከምዚ ይብል ኣሎዝብል ነበሮ። ኦ፡ ማይ! ሎሚውን መሊሱ ተመሳሳሊነገር ክኸውን ክርእይ እንከለኹን፡ ክሓስቦ ከለኹን የንቀጥቅጠኒ። ኣምላኽ ኣይቀያየርን። በቃ ዓሰርተ ኽልተሰዓት ኣኺሉ። እሞኽ ከመይ ኢኹም ከቋርጾዶ፡ ወይስ . . . [ጉባኤ ኹሉ "ኖኖ ቀጽል" ኢሎም።] የቐንየለይ። [ኣብ ከይዲ ጽንዑ።] ቀጺሉ ዝመጽእ መልእኽቲ ስለዘሎ ነቲ መልእኽቲ ዝኸውን መሰረት እየ ዘንጽፍ ዘለኹ'ሞ፡ ንንእሽተይ ጊዜ ተጸመሙኒ። ርኢኹምዶ።እንተ ኽኢልና፡ ድሕሪ

ዓሰርተ ወይ ድማ ዓሰርተ ሓሙሽተ ደቓይቕ ብፍጥነት ከፋንወኩም ክፍትን እየ። ኣምላኽ ይባርኽኩም።

139 ሕጂ ኣስተውዕሉ! ብቐሊሉምስቲ ናታቶም ሕንጻጽ ኣይ - ኣይ - ኣይ ኣይገጠመሎምን። ሽቶ ኣምኽግና ዝወቅዕ ነበረ። ርኢኹም፡ ቃል ኣምላኽ ዝመልእ ነበረ። ንሱ በታ ዝተዛረባ መንገዲ መጸ። ነገርግን ንሳቶም ሂቦምዎ ዝነበሩ ትርጉም ስሕተት ነበሮ። ኣብ ዘመን ናይሙሴ ዝነበረ ትርጉም ናይቲ መናገሬ ግጉይ ነበረ፣ ንናይ ኖህ ዘመን ዝነበሮም ትርጉምውንግጉይ ነበረ። ኣምላኽ ግና ብመሰረት ቃሉ እዩ ዝመጽእ። ርኢኹም!

እየሱስ ድማ መጸ፡ ተጻራሪ ዝኾነ ትምህርትታት ድማ መሃረ። "መሲሕ ንስኻ እንተኾንካስከምዚን - ከምቲን ግበር"፣ "ንስኻ እንተድኣ ኾንካስ፡ ሕጂ ካብ መስቀል ውረድ እሞ ኣርእየና።" ርኢኹምዶ? ኣምላኽ ግና መስሓቕ ሰብ ኣይኮነን። ግብርታት ኣምላኽ ሓቀኛን ባህ ዘብሉን ጥራይ ምግባርእዩ።

140 ብኣተሓሳስባኦም፡ ከምዚዝዓይነቱ ሰብ ብድምጺ ማህሌት መላእኽቲ ተዓጂቡ ዝመጽእ መሲሉዎም ነበረ። ንሱ ግና ኣብ ገበላ መጸ። ከምኡ ድማ በቲ ዉልዉል ምህሮታትስነ ባህርያቶም፡ ንሓደ ተራ ሰብ፡ ኲሉ ዝኽእል ኣምላኽ፣ ልዑል ያህዌ፣ ሰማይን ምድርን ዝወነነ፣ ፈጣሪ ኹሉ፡ ወዱ ዝውለደሉ ካብደንበ ዝሓይሽ ውቁብ ቦታ ምድላው ክሰኣኖ! ዘይሕሰብ እዩ። ኣብ ከምዚ ዝዓይነቱሲ ከመይ ኢሉ . . . ርኢኹም?

እዚኸ እንታይ ነበረ?ኣምላኽ ብትሕትና። ዓብዪ ዝገብሮ ድማ እዚ እዩ። ምህሮ ስነ ምግባር ከ ዚ ገይሩ ገዛእ ርእሱ ከትሕት ኣይከኣሎን እዩ። ርኢኹም!ኣይኽእሎን። ኣምላኽ ግና ምስ ኲሉ ዕብየት ስልጣኑ፡ ንውላዱ ጨርቂ ክኽድኖ ከምዘይኽእል ኮይኑ ገዛእ ርእሱ ናብኡ ብትሕትና ወረደ።ሕሰብ ኣብልዎ! ዓለም ግና . . . ኣብ መዕረፊ ኣጋይሽ ቦታ ኣይነበረን። ስለዚ ናብ መብልዕ ማል ከደ፣ ኣብ ሓደ ጫፍ እቲ ግድሚ ናብ ዘላ ንእሽተይ - ንእሽተይ ገበላ፣ ን - ን ንእሽተይ በዓቲ ኸደ። ኣብ ልዕሊ ዓራት ናይ ሓሰርድማ ወዲ ኣምላኽ መጸ። ኦ! ካብቲ ኣብቲ . . . ክቕበልዎ ዝሓሰቡዎ ኣዝዩ ዝረሓቐእዩ።

141 ወላዲቱ ድማ ኣደ ክትከውን ነበራ። ጠኒሳ ተረኺበት፣ ቅድሚ ኣዋርሕ ድማ ንኽምርዓዉ ተሓጽዮም ነበሩ . . . ተመራዒዎምውን ይኾኑ። ርኢኹም? ስለዚ ጠኒሳ ነበረት።እቲ ህዝቢ ድማ ረኣየ፡ ስለዚ ብኸምዚ ዝዓይነቱ መንገዲ ምኽኑ ፈሊጦም ነበሩ። ማርያም ግና ብልባ፡ እንታይ ኮን ክኸውን እዩ እንዳበለት ትጽበይ ነበረት።

ዮሴፍ ድማ ኣይተረድኦንነበረ እሞ መልኣኽ ጎይታ ብለይቲ ብሕልሚ ናብኡ መጺኡ በሎ፡- "ዮሴፍ ወዲ ዳዊት፡ እቲ ጠኒሳቶ ዘላ ናይ መንፈስቅዱስ እዩ እሞ ሰበይትኻ ማርያም ንምውሳድ ኣይትፍራህ።" በሎ። ኲሉ ድማ ተዓራረየ።

142 እዚ ዮሴፍ ዝተብሃለ ሰብ ኣምላኽ ከሳብ ዝዛረቦ ምስ ኣምላኽ ጥቡቕ ርክብ ነበሮ። ሎሚሎሚ ግና ካብ ከማናዝኣመሰሉ ጉጅለ ድርጅታት ወጻኢ፡ ካሊእ ማንም ከይዛረበናን ከይነኽኣናን ኣብያተ ክርስትያናዊ ጃኬታት ተኸዲንና ኣለና። ጽንፈኛን ኣኽራርን ክኸውን ስለዘይደልይ፡ ነዚ ጉዳይ እዚ ኣብዚ ደው ከብሎ።ኣስተውዕሉ። እንታይ ማለተይ ምኳነይ ግና ተረዲኡኩም ኣሎ። ኣስተብህሉ።

143 ነቶም ውልዉላት ፈላጣት፡መብልዕ ማል ማለት ዘይሕሰብ እዩ። ሓንቲ መዓልቲ ናብ ቤት ትምህርቲ ከይዱ ተማሂሩ ዝብል መዝገብ እኳስ ኣይንረከብን ኢና፡ ይኹን እምበር ወዲ ዓሰርተ ኽልተ ዓመት እንከሎ፡ ኣብ ቤት መቕደስ ንዝነበሩ ካህናት ብትምህርቱ ኣስደመመ።ኦ፡ ማይ! እዚኸ እንታይ ነበረ? ኣምላኽ . . . ? . . . መንፈሳዊ ከምዝኾንኩ ኮይኑ ይስማዓኒ ኣሎ። ኣምላኽ ገዛእ ርእሱኣብ መብልዕ ማል ሓብኣ። ኣምላኽ ገዛእርእሱ ኣብ ንእሽቶ ቆልዓ ሰወረ። ርኢኹም? ኣስተውዕሉ! ግን እኮ ድሕሪ ግዜ ርእሱ ከግህድ'ዩ። ርኢኹም፡ ብግድን።

ኣብ መንገዲ ክኸይድእንከሎ፡ እቶም ስድራቤታት ኩሎም "ምስዚ ቆልዓ እዚ ከይትጻወቱ። ምስኡ ዘራኽብ ነገር የብልኩምን። ኣዲኡ ሓንቲ ኣመንዝራ እያ።ርኢኹም። ኣቦኡን ኣዲኡን ቅድሚ . . . እቲ ቆልዓ ተወሊዱ፡ ቅድሚምምርዓዎም እያ ጠኒሳ። ምስኡ ከይትሓብሩ።" ይብሉ ከም ዝነበሩ ኣየጠራጥርን።

144 ማርያም እንታይ ትሓስብ! . . . ይኹን እምበር ኲሎም . . . ብደገ ዘሎ ኣተሓሳስባ ከም ድላዩ ይኹን፡ ብዛዕባ እዚ ነገራት ኣውጺኣ ኣውሪዳ ሓሰበት። በቃ ኣብ ልቦም ዓቘሩዎ።ይፈልጡ እዮም። ብኣንጻሩ ምንም ኽፉእ ክዛረቡ ኣይኽእሉን። ኣምላኽ ሓደ ሓደ ጊዜ ነቶም ናቱ ከምዚ ይብሎም "ሱቕ በሉ፡ ብዛዕባ እዚ ነገር ገለ ነገር ኣይትዛረቡ ይብሎም እዩ።"

ኣብ ጉባኤታተይ ብዙሓትሰባት "ባርያ ክርስቶስ እንተድኣኾንካስ እዚ ነገር ብኸምዚ እዩ ዝኸይድ" ክብሉ ይሰምዕ እየ። እወ ብርግጽ ከምኡ ምኳኑስ ይፈልጥ ኣለኹ፡ ነገር ግን ንሱ "ሱቕ በሉ፡ ከይትዛረቡ" እንተኢሉስ እንታይ ትገብሩ?

145 በቐዳማይ ገለገለ ሰብኡትወሲደ፡ "ገለ ቀደም ካብ ዝተብሃሉነገራት" ከምዚ ብምባል፣ ካብ ሓደ መጽሓፍ ገለ ነገር የርእዮም ነይረ።

"ኣነ ክርድኦ ኣይክእልን እየ" ኢሎም።

"ርኢኹምዶ እቲ?"ብምባል፣ ሻቡ ክከናወን እንከሎ፡ ዕለቱን ኩሉ ነገራቱን ሒዘ ኣብዚ ድሕሪት እዩ ነይሩ። ብዙሓት ሰባት ኣብቲ መጽሓፍ ርኤሞ እዮም።ኣነውን "ብኸምዚ መልክዑ ክፍጸም እዩ፣እዚን እትን ድማ ክገብር እዩ" ኢለዮም። "እሞኸድኣ'ሞ ብዛዕባእዚሲ ገለ ነገር ዘይትብል?" ኢሎምኒ። ምኽንያቱ ገለ ነገር . . . ብኸምዚ መልክዑ እዩ ክኸውንዝግባእ። ርኢኹም?

146 ዮሴፍ ዝፈልጦ ፍልጠትይፍለ እዩ። እቲ ህጻን ወዲመን ምኳኑ ይፈልጥ እዩ። ማርያም እውን ወዲ መን ምኳኑ ትፈልጥ እያ። እየሱስውን ኣቦኡ መን ምኳኑ ይፈልጥእዩ። ንሱኸ እንታይ በለ? "ስራሕቲ ኣቦይ ክገብር" እምበር ዕንጸይቲ- ክሕግሕግ ማዕጾ ክሰርሕ ኣይኮንኩን፡ ስራሕቲ ኣቦይ ክገብር እምበርበለ። ኣሜን። ከምኡ ብምባል ድማ ነዲኡ "እዚዶ ኣይትርድእዮን፡ ኣብቲ ናይ ኣቦይ ዘበለ ክኸውን ከምዝግባኣኒዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም?" በላ።

147 ንሳቶም ድማ "መስሓቕ ቆልዓ . . . " ቀደሞም እውን ካብ ሕጊ ወጻኢ ዝውለዱ ቆላዑ ስንግጢራት እዮም፡ ዝኾነ

ይኹን ግና ይግደሱሉ። እነህልኩም እምበኣር፡ ርኢኹም? ኣምላኽ ግና ገዛእ ርእሱ ሰዊሩ ኣሎ። ስምዑ! ኣምላኽ ንገዛእ ርእሱ፡ ዓለም “ርስሓት፣ ግዕዝይና፣ ዘይሕጋዊ” ኣብ ትብሎ ነገር ሰወረ። ፡ ኣምላኽ ንገዛእርእሱ ህይወት ንኽዘርእ ኣብ ዝመሸመሸ ሙውት ዘርኢ ተሰወረ። ተረዲኡኩምዶ? [ጉባኤ ኹሉ “ኣሜን” በለ።]

ኣምላኽ ገዛእ ርእሱ ኣብ ትሕትቲን ቅንዕትን ንእሽቶ ሓጻቢት ሰበይቲ ሰወረ። ወይድማ ሰበይቱን ደቁ ቻው ኢሉ - ስዒሙ ዝኸይድ እንጀራኡ ኣብ ቀላጽሙ ኣብ ዝኾነ ተራ ሰብኣይውን ገለ ነገር ምእንቲ ክገብር ኢሉ ምናልባት እቲ ሊቀ ካህን ዘይፈልጦ ነገራት ኣብኡ ሰወረ። ርኢኹም? ጥሩምባ ክነፍሕን ወረ ክነዝሕን ኣይረኣይን። ኣምላኽ ጥራይ ይኽበር፡ በቃ። እቶም ትሑታት ይሰምዑ'ሞ ባህ ይብሎም፣ ርኢኹም።

148 ሕጂ፡ ኣምላኽ ገዛእርእሱ ኣብ - ኣብ ተራ ዝኾኑ ትሑታት ቤተሰብ ብምስዋር ብትሕትና ኣብ ህጻን ቆልዓ ገዛእ ርእሱ ሰወረ። ኦ ኣምላኽ! ከምኡ ድማሃይማኖታዊ ሰባት፣ ህቡባት ሰባት፣ ፈላጣት፣ጂንየሳት፣ ካልኦት - ካልኦት ኩሎም፣ ኣብታ ዘመን ዝነበሩ ከም በዓል ሄሮዶትስ ዝኣመሰሉበዓል ኔሮ ኩሎም ሽለል ኢሎም ነዓቖዎ። ኣምላኽ ግና ብትሕትና ተሰዊሩ ነበረ።

ሕጂ ቀልጢፍና፡

149 ዮሃንስ መጥምቕ ኣብ ኢሳያስ ምዕራፍ 40፣ እንተደሊኹም ክንርእዮንኽእል ኢና። ከምኡ ድማ ሚልኪያስ 3። መድመቒ ምልክት ክትገብሩሉ ትኽእሉ ኢኹም። ኩሉ ሰብ ከም ዝፈልጦ፡ ኢሳያስ40 ን . . . ሰላም እንዳኣወጀ። ጊዜ እንተ - እንተድኣ ሃልዩኩም።ምናልባት . . . ምናልባት እንተ - እንተ - እንተድኣ ኣንቢቦ ዝበልጸ ይመስለኒ። [ጉባኤ ኹሉ “ኣሜን” - ኢሉ።] ሕራይ እምበኣርንእሽተይ ደቒቓ ነንብቦ። ኩልና ትንቢተ ኢሳያስ ምዕራፍ 40 ንኽፈት፣ ደሓር - ደሓር ድማ እቲ ብዛዕባ ሕጂ ተጽሒፉ ዘሎ ነገር ንመልከት። ርኣዩ ፡-

ንህዝበይ ኣጸናንዑ፡ ኣጸናንዑ . . .

150 እዚ ቅድሚ 712 ዓመታት ከም ዝነበረ ዘክሩ። ናበይ ከም ዘመላኽት ድማ ኣስተብህሉ። ርኢኹም። ቅድሚ ምውላዱ ቅድሚ ሾብዓተ ሚኢትን ዓሰርተ ኽልተንዓመታት፡ እነሆ ሓደ ነብዩ ብዛዕባኡ ይዛረብ ኣሎ።

ንህዝበይ ኣጸናንዑ፡ ኣጸናንዑ፡ ይብል ጎይታ።

ንልቢ የሩሳሌም ተዛረቡ፡ ጸበባኣ ኽም እተፈጸመ፡ ኣበሳኣ ኽም እተሐድገላ፡ ስለ ኹሉ ሓጢኣታ ድማ ካብ ኢድ ጎይታ ካዕበት ከም ዝረኸበት ኣውጁ። ድምጺ ኣዋጂ ይኣውጅ፡ መገዲ ጎይታ ኣብ በረኻ ኣዳልው፡ ኣብ ምድሪ ኣጻምእ ከኣ ንኣምላኽና ጽርግያ ኣቕንዑ። ሽንጭሮ ዘበለ ልዕል ይበል፡ ኩሉ ኣኽራንን በረኽትን ድማ ለጠቕ ይበል፡ ቁናን ይቕናዕ ድንጉር ከኣ ሰጥ ዝበለ ስፍራ ይኹን።

ኦ፡ ማይ፣ ማይ! እንታይዝዓይነቱ ሰብ ኮን ክኸውን ነይሩ! ርኢኹም?

151 እስኪ ምሳይ ሓቢርኩምሕጂ ድማ ካብ ብሉይ ኪዳን ናይ መወዳእታ መጽሓፍ ትንቢተ ሚልኪያስ ክፈቱ። ሚልኪያስ ብዛዕባ መወዳእታ ዘመን 'ዩ ዝተናኸፍ ዘሎ'ሞ እዚ ኣይትረስዑዎ። ኣብ ሚልኪያስ፡ ሕጂ ስምዑ። ሚልኪያስ 3ይ ምዕራፍ።

እንሆ፣ ኣነ ልኡኸይ እልእኽ ኣሎኹ፣ ንሱ ቐቅድመይ መገዲ ኺጸርግ እዩ። ብኡብኡ ኸኣ እቲ እትደልይዎ ጐይታ ናብ መቕደሱ ኺመጽእ እዩ፣ እቲ እትናፍቕዎ መልኣኽ ቃል ኪዳን እንሆ፣ ይመጽእ ኣሎ፣ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት።

“እንሆ፣ ኣነ ልኡኸይ እልእኽ ኣሎኹ” ክሳብ ሕጂ ብዛዕባ ዮሃንስ ንዛረብ ኣለና። እየሱስ ብዛዕባኡ ኣብ ማቴዎስ ወንጌል 11:10 ከምዚብምባል ይገልጽ

ክትቅበልዎ እንተ ደሌኹምሲ፡ እቲ ኺመጽእ ዘለዎ ልኡኽ ንሱ እዩ። እቲ ብዛዕባኡ እተጻሕፈሉ ንሱ እዩ፡ እንሆ፡ ኣብ ቅድሜኻ፡ መገድኻ ዚጸርግ መልኣኸይ ቀቅድሜኻ እልእኽ ኣሎኹ . . . ብትኽክል።

152 ቅድሚ ሾብዓተ ምኢቲ ዓመታት መሲሕ ቅድሚ ምምጻኡ ኣቐዲሙ ዝግለጽ ኣበሳሪ ከምዘሎ ተገልጸ። ብዙሓት ብዛዕባዚ እንታይ ይብሉ! ነገርግን ንሱ ተራ ብዝኾነ ኣመጻጽኣ ኣብ ሜዳ ምስ ተገልጸ፡ ክርድእዎ ኣይተኽኣሎምን። ኣይፈለጡዎን።

ሐሰቡዎ'ሞ ንሱ'ኮወዲ ኻህን 'ዩ። ወዲ ኻህን ኮይኑ ኣሰር ኣቦኡ ዘይምኽታሉ፣ ናብ ጉባኤታቶም ዘይምምላሱ ከመይ ዝበለ ከቢድ ከም ዝነበረ ሕሰብዉዎ።ጸውዒቱ ግና ብጣዕሚ ኣገዳሲ ነበረ። ስለዚ ወዲ ትሽዓተ ዓመት ምስኮነ ናብ ምድረበዳ ኸደ። ብድሕሪኡ ድማ እንዳሰበኸ ካብ ምድረበዳ ተገልጸ። ስለዚኣይፈለጡዎን። ነቲ ንሳቶም ሒዞምዎ ዝነበረ ዝተወልወለ ኣረዳድኣታት ፍልጠታቶም፡ ብጣዕሚ ዝወረደ ስለ ዝነበረ፡ ከምዚ ዝዓይነቱ ነገራት ንኽኣምኑ ኣይተዋሕጠሎምን።እዚ ሰብ ክመጽእ እንክሎ . . . ኢሎም ሓሲቦም ነበሩ።

“ሽንጭሮ ዘበለ ልዕል ይበል፡ ኩሉ ኣኽራንን በረኽትን ድማ ለጠቕ ይበል፡ ቁናን ይቕናዕ ድንጉር ከኣ ሰጥ ዝበለ ስፍራ ይኹን።” ዝብልክ'ሞ? ዳዊት ነዚ ብምርኣይ፡ ከምዚ በለ “ኣኽራን ከም ደዓውል፣ ጨናፍርድማ ኣእዳዎም ኣጣቕዑ።” [ሓውና ብራንሃም ብኣእዳዉ ደጋጊሙ ኣጣቐዐ።]

153 እንታይ? ከምኡ ኾይኑ?ሓደ ትምህርቲ ዘይብሉ፡ ዓብዩ ጨሓም - ሰብኣይ፡ ኣብ ዝባኑ ንእሽቶ ቆርበት በጊዕ ዝደረበ ሰብኣይ፡ ካብ በረኻታት ይሁዳ ወጺኡ፡ “ኣቱም ውሉዳት ኣትማን 'ኣንስ ናይዛ ትካል እዚኣ እየኣነስ'ባ ናይዚኣ ኣይትበሉ' መንግስተ ሰማያት ቀሪባ እያ እሞ ተነስሑ፣ ኣምላኽ ካብዞም ኣእማን እዚኣቶም ንኣብርሃም ደቂ ከተንስኣሉስይከኣሎ እዩ'ሞ።” እንዳበለ ዕንቅፋት ኮኖም። ማይ!

“ባዕሉ ከም ዘይነበረንፈልጥ ኢና፣ ባዕሉ ኣይነበረን”

ይኹን እምበር ንሱነበረ! ርኣዩ፡ መንገዲ ይጸርግ ነበረ። ርኢኹም? ስርጓጉጥን ቁናንን ዝተቓንዐሉ ጊዜ ነበረ። በረኸቲ ኹሎም ለጠቕ ዝበሉሉ ስፍራውንነበረ። “ኣብርሃም ኣቦ ኣለና ኢልኩም ኣይትሕሰቡ። ከምዚ ዝዓይነቱ ነገራት ኣይትንገሩኒ፣ንኣብርሃምሲ ኻብዚ ኣእማን እዚ ውሉድ ከተንስኣሉንኣምላኽ ይከኣሎ እዩ።” ኣኽራንን በረኽትን ትሕት ኣበሎም። ኦ - ማይ! በቃ። እወ። ኣፈላላይ ርኢኹምዶ?

154 ከምዚ ከም ዝኸውን'ዩ ኢሉ ዝነበረ። ንሳቶም ክመጽኡ እንከለዉ፡ ኦ - ማይ! ከምዚ ሓሲቦም ነበሩ፡ ብትካላቶም ኣቢሉ እንተመጺኡስ ንኽቕበልዎ ተዳልዮም ነበሩ። ነገር ግን . . . ብኸምኡ ዝዓይነቱትሑት ኣመጻጽኣ ስለ ዝመጽአ። ነገር ግን ብኣተራጉማ እቲ ቃል በረኽቲዘበሉ ትሕት ኢሎም እዮም። ክቕበልዎ ግን ኣይፈተዉን፣ ይኹን እምበርወሪዶም ኢሎም እዮም።

ወይለይ! ልጽይ ኣቢልዎም።“ኣቱም ውሉዳት ኣትማን! ኣትማን ሳዕሪ! ምሳር ኣብ ትሕቲ ኣእዋም ተነቢሩ ኣሎ። ብምባል፡ ነቲ ሕቡእ ነገራቶም ኣንቀጥቀጦ። ፍረዘይፈሪ ኦም ዘበለ ኹሉ ድማ ይቑረጽ፣ ተቖሪጹ ድማ ናብ ሓዊ ይድርበይ። ኣነ ብማይ የጥምቐኩም ኣለኹ፣ ነገር ግን ካሊእ ደድሕረይዝመጽእ ኣሎ፣ ካባይ ዝዓቢ እዩ'ሞ፡ ብመንፈስቅዱስን ብሓዊን ከጥምቐኩም እዩ። ዓውዱ ዘጽርየሉ መስአ ኣብ ኢዱ ኣለዎ፣ ስርናዩ ኣብቆፎኡ ይእክብ፣ ነቲ ሓሰር ግና ብዘይጠፍእ ሓዊ ከንድዶ እዩ።” ኣሜን።

ስርጓጉጥ ዘበለ ሜዳምኺን ማለት እዚ እዩ። ርኢኹም! እቲ ህዝቢ ግና ኣይተረድኦን። በቃ ምስቲ ቃል ሓደ እዩ፣ ልክዕ ከምቲ ቃል ዝብሎ እዩ። ክርድእዎክሳብ ዝሰኣኖም ቀሊል (ትሑት) ነበረ። ስለዚ ክርእይዎ ኣይተኻኣሎምን።

ንስኻትኩም ድማ ዕውራትኣይትኹኑ። ተረዲእኩም? ኣይትዕወሩ።

155 እምበኣርከስ ሕጂ ስምዑ። ኣይፈለጡዎን። ንሱኣዝዩ ትሑት ሰብ ስለዝነበረ፣ ብምኽንያት በቲ ንኸምዚ ዝዓይነቱ ሰብ ዝነበሮም ኣተሓሳስባ፡ ክፈልጡዎ ኣይከኣሉን። እዚኸ እንታይ?ኳሌታኡ ዘጸበቐ ካህን ኣይነበረን፣ ዝጎርሐ፣ምሁር ኣይኮነን። ኣምላኽ! ማለት እቲ ቃል፡ ኣብ ትሕትና ተሓብአ።

እየሱስ ሓደ ሕቶ ሓተቶም“እንታይ ክትርእዩ ወጻእኹም?” ደቀ መዛሙርቲ ዮሃንስ ናብኡ ምስ መጹ፡ እየሱስ ከምዚ ብምባል ሓተቶም፡ “እንታይ ክትርእዩ ወጻእኹም?ቀምሽ ከሃናት ዝተኸድነ ሰብ፣ ወይስ ልስሉስ ክዳን ዝተኸድነ ሰብ፣” “ከም - ከም - ከም - ከምኡ ዝዓይነቱ ሰባኺ?” “እዚ ክትርእዩዲኹም ኬድኩም?” በሎም።

“ከምዚኣቶም ዝዓይነቶምዕሸላት ዝስዕሙ፣ ሙታን ዝቐብሩ፡ ኣይኮነን። ኣብ ግንባር ውግእ ዘሎ ኽልተ - ዝኣፉ ሰይፊ ኣይፈልጡዎን። ከምዚ ኪዋንኪስ ክለብወይድማ ዝዓይነቶም፡ ምስ ክእለት ዘረባኦም ኣብኡ ነይሮም። ኣብኡ ትኽክል 'ዮም። ውግእ ንኽገጥሙ ናብ ግንባር ውግእ እንተወጺኦምግና ዝፈልጡዎ ነገር የለን። ኣብ ኣባይቲ ነገስታት ይነብ - ይነብሩ።ብኸምዚን ወዲ ኸምዚን ህቡብነት ድማ ይተዓሻሸዉ።” በለ።

ነገር ግን ከምዚ ብምባል“እሞኸድኣ እንታይ ክትርእዩ ወጻእኹም? ብንፋስ ዝውዝወዝ ሸንበቆዶ ክትርእዩ ኬድኩም? ወይስ ከምዚ ዝብል ሰብ . . . ሓደ ሰብ ከምዚ ኢሉ፦ 'ትፈልጡ ንስኹም፡ ጉጅለ ናይ - ናይ ኣመንቲ ሓደነት (ኦንሊ ጂሰስ) ኢኹም፡ ናብዚ ሕብረት ኣሰንብሊስ እንተመጺእኹም ግና ዝገብሮ ክነግረኩም እየ፡ ክንፍጽሞ - ክንፍጽሞ ኢና . . . '

'እዚ ከም ዝገብሮ ይኣምን እየ' ኣሃ! ዝውዝወዝ ሸንበቆ? ዮሃንስ የለን። የለን፣የለን።

156 'እንተመጺእኹም ሶዱቓውያን ኩኑ ፈሪሳውያን ወይድማ ኻሊኦት ኣይትኹኑ፡ ብድሕሪኡስ'? ብንፋስ ዝውዝወዝ ሰብ ኣይክትርእዩን ኢኹም። ዮሃንስ የለን።“ የለን ዝሓወይ ንሱ ኣይኮነን።

በሎም ድማ “እንታይ ድኣ እሞ ክትርእዩ ወጻእኹም? ነብዩዶ?” ርኢኹም፡ ነዚክገብር ዝኽእል ነብዩ እዩ። በለ ድማ . . . መርትዖ ናይ ሓደ ነብዩ፡ ቃል ኣምላኽ ምስኡ ምህላዉ፡ ምልክቱ ንሱ እዩ። ርኢኹም?ቃል ኣምላኽ ናብ ነብያት እዩ ዝመጽእ። በሎም ድማ “እንታይ ክትርእዩ ወጻእኹም? ንብዩዶ?” “እወ፡ ብትኽክል። ነገር ግን ይብለኩምኣለኹ ካብ ነብዩ እኳድኣስ ዝበልጽ። ምኽንያቱ፦”

ንምንታይ እዩ ንሱካብ ነብዩ ዝበለጸ? እወ ንሱ ኣብ ሞንጎ ሕግን ጸጋን መንገዲ ዘራኽብ ድልድል ዝኾነ ልኡኽ ቃል ኪዳን እዩ። እወ ንሱ ኸምኡ እዩ።እቲ ብዛዕባኡ ብዙሕ ዝተብሃለ እምኒ ኩርናዕ 'ዩ።

ከምዚ ብምባል “ክትቅበልዎ እንተደሊኹምሲ፡ እቲ ነብያት 'እነሆ' ዝበሉሉ፣ ሚልኪያስ ድማ ኣብ ምዕራፍ3 'ልኡኸይ' ቀቅድመይ እልእኽ ኣለኹ፡ ንሱ ቀቅድመይ መንገዲ ክጸርግ እዩ።” ርኢኹም? ኦ! ኣምላኽ እንደገና ገዛእ ርእሱ ይሓብእ፡ንሱ ብሓቂ ትሑት ነበረ።

157 ብድሕሪኡ ዝገበሮ ርኣዩ።“መንፊት ኣብ ኢዱ ኣሎ፣ ብኣነፋፍያኡ ድማ - ክነፍዮም እዩ።” ብምባልሓያል ኣመጻጽኣ ክርስቶስ ሰበኸ። ዝገርም 'ዩ፣ ማለተይ ዓውዱከጽርይ እዩ። ርስሓት ዘበለ ይጸርግ፡ ጸሪት ድማ ናብ ማዕዶ ናብ ምቅጻል ይስንድዎ። እወ። ነቲ እኽሊ ክእክቦ ናብ ቆፎኡ ድማ ክእክቦእዩ። ርኢኹም፡ ምርሒት ዝነበሮ ሰብ እዩ።

እየሱስ ክመጽእ እንከሎ. . . ሓደ ዝጽበዩዎ ነገር ነይሩ፡ እትፈልጡዎም ሃዋርያት ኩሎም ገለ ንኽመጽእ ዝጽበይዎ ነገር ነይሩዎም እዩ። “ኦ - ማይ ማይ! ይመጽእ ኣሎ'ሞ፡ መደምደምታኡ ንሱእዩ። እነሆ ሓያል ክኸውን እዩ። ንሮማውያን ድማ ካብ ገጽ ምድሪ ከጥፍኦም እዩ። ማይ! ንሱ ምስ መጽአ ንግሪኻውያን በዚ መዳይ፣ንሮማውያን ከዓ በዚ ገጽ ከጥፍኦም 'ዩ።”

ምስ መጸ ግና፡ ካብቲሓደ ጫፍ ናብቲ ሓደ ጫፍ ዝንገላታዕ ሚስኪን ሰብ ነበረ። እዚኸ እንታይ ነበረ? ብትሕትና ገዛእ ርእሱ ዝሰወረ ኣምላኽ። ኦ - ማይ!

158 ኣብ መወዳእታ መልእኽቱ፡ደው ብምባል፡ ከምዚ ይብል “ብሓጢኣት ዝኹነኒ መን እዩ? መጽሓፍ ቅዱስ ብዝብሎ ዘበለ ዝገበርኩዎ . . . ግብርታት ኣቦ እንተዘይገይረኮኑኒ፡ ነገር ግን መጽሓፍ ከም ዝገብሮ ዝብሎም ነገራት

ዘይገበርኩዎስ ኣየናይ እዩ?” ትፈልጡ ዲኹም፡ ሓጢኣት ማለት ዘይምእማንእዩ። “ንዲያብሎስ ብኣጻብዕ ኣምላኽ ዝግስጽ ካብ ኮንኩስ፡ መን እዩ ዝኸሰኒ? እስኪ እቲ እትገብሩዎ ኣርእዩኒ።” ትሕትና!

ንሞት ከይተረፈ ርእሱ ወፈየ! ነገር ግን በታ ንጉሆ መዓልቲ ትንሳኤ፡ ሃሌሉያ፤ሓወይ ናተይ፡ ዓውዱ ጸሪጉ ዘጽረየላ መዓልቲ ንሳ እያ። እወ እምበር። እቲ ስርናይ ድማ፡ ኣብ ምድሪ ዘለኣለማዊ ዕረፍቲ ኣትዩዎብምውዳቑ፡ ነታ ብዛዕባ እንዛረበላ ጎይታ ዝመጸላ ዓባይ መዓልቲ እንዳተጸበየናብ ማዕኸኑ ክሓትም። እቲ ህይወት ንሱ ናብ ህይወት ምስ መጽአ፣ በታ ትንሳኤ ንሳ ድማ ምስ ኣተንስኣና፣ ምስኡ ድማ ናብ ኣየራት ምስተነጠቕና፡ ናብ ቆፎ ድማ ምስተኣከብና፣ እቲ ዘይጠቅም ድማ ክቃጸል እዩ፡ እቲ ናብዚን ናብቲን ዝውዝውዞ ዝነበረ ሓሰር ብዘይጠፍእ ሓዊ ክቃጸል እዩ። ኣሜን። ኦ! ደስ ዝብል! [ጉባኤ ኹሉ “ኣሜን” በለ።] ብትሑት ኣሰራርሓኡ - ንኣምላኽ ክርድእዎ ኣይተኽኣሎምን።

159 ንምንታይ፥ ንምንታይ? ብሃይማኖታዊ ምሳሌታት ፈጺሙ ኣይሰበኸን። ብፍጹም። ከም ሰባኺ ፈጺሙ ኣይሰበኸን። ርኢኹም?ከምዚ . . . ሰበኸ፡ ምሳለታት ትሕትና ኣምላኽ ተጠቕመ። ምሳለከም “ማሕጸ” ምሳለ ከም “ኦም” ፣ ከም “ተመን” ዝኣመሰሉ ምሳሌታት ተጠቕመ። ከም ሓደ ኣብቲ ዘመን ዝነበሩ ሃይማኖታዊ ሰብ፣ ናይዓብዪ ቤት ትምህርቲ መምህር ወይድማ ከም ሓደ ስነመሎኮታዊ ዶክተር፣ ዶክተር እከለ እከለ ኮይኑ ኣይሰበኸን። ከም ካብ ርሑቕ በረኻዝመጸ ዓይነት ኮይኑ ሰበኸ። ብዛዕባ ምሳር፣ ኦም፣ ኣትማንን ከምኦም ዝዓይነቶ ም ነገራትን ተዛረበ፡ ብዛዕባ ስርናይ፣ ብዛዕባ ቆፎከምኡ ዘበለ ብዙሕ ተዛረበ። ሎሚ ሎሚ እንተዝኸውን ነይሩ ከም ሰባኺ ባኮ - ሳሙና ምተቖጽረ ነይሩ ኢለ ይግምት። ከም ዝመስለኒሻቡ ኣብ ከባቢ ዮርዳኖስ፡ ኣብ ጥቓ ዝወደቐ ጉንዲ ኮይኑ ስለዝሰብኽ “ሰባኺ ጉንዲ” ዝተብሃለ ይመስለኒ። . . . ኣምላኽ ብትሕትና፡ካብ ጥበብ ዓለም ተሰወረ።

160 እስኪ ሕጂ ድማ እየሱስዝበሎ ነገር ነስተውዕሎ “ኣቦ፡ካብ ጠቢባን ዓለም ሰዊርካ፡ ንዝመሃሩ ህጻናት ስለዝገለጽካሎም፡ኣመስግነካ ኣለኹ፡” ትርእዩዶ ኣለኹም? ኣምላኽ ብትሕትና ገዛእ ርእሱ ኣብ ክርስቶስሰወረ። ኣምላኽ ብትሕትና ገዛእ ርእሱ ኣብ ዮሃንስ ሰወረ። ርኢኹም? በቃ . . . ርኢኹም፣ ንሱ'ኮ - ንሱ'ኮ . . . ኣምላኽገዛእ ርእሱ ካብ ጥበብ ዓለም ምስዋሩስ ሕሰብዎ'ሞ።

ሕጂ ብዙሕ ከጽንሐኩምስለዘይደሊ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወይ ክልተ ደቒቓ ክንዓጹ ኢና።

161 እስኪ ሕጂ ንሓንቲ ደቒቓ ደው ነብሎ እሞ። እዚ ኣርእስቲ ንምዕጻው እስኪ እንነብረሉ ዘለና ዘመን ንሕሰቦ። እቶም ሃብታማትን ጅኑናትን ምሁራትን “መዓልታትተኣምር ሓሊፉ እዩ። መሎኮታዊ ፈውሲ ዝበሃል ነገር የለን ኣብ ዝብሉሉ ዘመን” እስኪ ሕሰብዎ ሕጂ ኣምላኽ ኣብዛ እንነብረላ ዘለና ዘመን ኣብ ዘይረብሕ ስፍራ ብትሕትና እንተዝውለድ እሞ ሕሙማት እንተዘሕዊ።

እታ ዝኸድኩላ ንጉሆ ኣብዛ ስፍራ እዚኣ ኮይነ ብዛዕባ ዳዊትን ጎልያድን ዝሰበኽኩዋ ስብከት ትዝክሩዋ ዲኹም?

“ሓውና ብራንሃም፡እዚ ሒዝካስ፡ ምስ ኣብ ዓለም ዘለዉ ምሁራት ከመይ ኢልካ ኢኻ እትገጥም” ይብሉ።

ኣነ ድማ “ኣምላኽ'ኪድ' ስለዝበለኒስ፡ ከመይ ጌረ ከምዝገጥም ኣይጭነቕን 'የ።” ርኢኹም? ከምኡ እዩ። ቃሉ እዩ። ተስፋ ቃል ሂቡና። እታ ሰዓት ድማ እነሀት።

162 ኣብዛ እትመጽእ ሰነ ቅድሚ ሰላሳ ዓመት፣ ሰላሳን ሰለስተን ዓመት እምበር ኣብዛእትመጽእ ሰነ፡ እዚ ኣብዛ ስእሊ እትርእይዎ መልኣኽ ኣብታ መዓልቲእቲኣ ናብ እቲ ገምገም ሩባ ምስወረደ፡ ኣብ ቅድሚ ሓሙሽተ ሽሕ ወይ ድማ ዝበዝሕ ህዝቢ ከምዚ ብምባል ተዛረበ “ዮሃንስ መጥምቕ፡ተላኢኹ ከምዝነበረ” “እቲ ንዓለም ዝፈልይ መልእኽትኻ ዝመጸሉ ሰዓታት ኣኺለ” ኢሉ።

ገለ ገለኹም ሻቡ ዝነበርኩምእንተሃሊኹም፡ እቲ ሻቡ ዝነበረ ነቓፌታ ትዝክርዎ ኢኹም። ከም ዝመስለኒ፡ ሮይ ስላውተር ወይ ድማ ገለገለኹም ኣብዚ ዘለኹም ሰባትእታ መዓልቲ ትዝክርዋ ኢኹም። ወይድማ ከም በዓል ወይዘሮ ስፐንሰር፣ ከም - ከም መነ መን ኣለዉ ክዝክሩ ዝኽእሉ ዓበይቲ ሰባት፡ርኢኹም፡ ጆርጅ ራይት ወይድማ ከምኦም ዝበሉ ከመይ ከምዝነበረ ይፈልጡ እዮም። እሞኸ ኣይተፈጸምትዶ? [ጉባኤ “ኣሜን” ኢሎም] ተፈጺማ እያ። ደሓር ድማ ኣብ ማእኸል፡ተመሊሶም “ስነ ኣእምሯዊ ፈውሲ እዩ” ምባል ምስ ጀመሩ፡- ኣምላኽ ድማ ዘዊሩ ተመለሰ እሞ ሞይቱ ዝተደርበየ ኣረጊት ኦፐሰም ኣምጸአ፡ብሓይሊ ኣምላኽ ድማ ተፈወሰ። (ኦፐሰም ኣብ ኣሜሪካን ኣውስትራሊያን ኣብ ዛፍ ዝነብር እንስሳ እዩ።)

163 ለይል ዉድን ባንክስን፡ ኣምላኽ - ሓቁ ኣብ ዘረጋገጸላ ስፍራ ኮፍ ኢልና እንከለና። ቅድሚ እታ መዓልቲንሳ ድማ መንፈስቅዱስ ክብሩ ክብሩ ከም ዝገልጸሎምን ገለ ነገር ከም ዝገብር ነጊሩዎም ነበረ። ስለዚ ሞይቱ ኣብ ማይ ዝተደርበየ ሚነው ዝበሃል ዓሳ ወዲቑ ነበረ። ጊሉን ኣቕሓ ከብዱን ብኣፉ ንደገ ተሳሒቡ፡ንፍርቂ ሰዓት ዝኣክል ሞይቱ ነበረ። ኣብታ ስፍራ እንከለና፡ መንፈስ ቅዱስ ናብታ ዝነበርናላ ጀልባ ወረደ፡ ካብ ምቕማጠይ ተላዒለነቲ ዓሳ ተዛሪበዮ። ብኡብኡ ድማ ናብ ህይወት ተመልሰ፡ ከም ካልኦት ዓሳታት ድማ ምሕንባስ ጀመረ። እዚኸ እንታይ? ገዛእ ርእሱኣብ ትሕትና ዝሰወረ ኣምላኽ።

164 ንኣብርሃምሲ ኻብዚ ኣእማን እዚ ውሉድ ከተንስኣሉ ንኣምላኽ ይከኣሎ እዩ። ንኦፐሰም ይኹን ንዓሳ ወይውን ንኹሉ ነገር ክፍውስ ንኣምላኽ ይከኣሎ እዩ።ኣምላኽ መልእኽቱ እንተሊኢኹ፡ እቲ ህዝቢ ግና ምእማን እንተኣብዩ፡ ኣምላኽ ንኦፐሰም ኣተንሲኡ ንኽኣምን ክገብሮ ይከኣሎ 'ዩ። ሃሌሉያ!ኣምላኽ ዝሞተ ዓሳ ከተንስእ ይኽእል እዩ። ዝሞተ ኦፐሰም ከተንስእ ይከኣሎ እዩ። ኽኣሊ እዩ። ክገብሮ ዝደልዮ ኹሉ ክገብር ይኽእልእዩ።

ነዚ ትውልዲ እዚ ከመይዝበለ ግርም ግሳጼ! “እዚን እቲን ኣይተገብረን” ኢሎም ብዛዕባ እዚ ክሰናኽሉን ክቓልዱን እንከለዉ፡ ኣምላኽ ግና ንእሽተይ እንስሳኣተንስአ። ርኢኹም? ከመይ ዝመሰለ ግሳጼ! እዚኸ እንታይ ይበሃል? ርኢኹም ኣምላኽ ብቐሊል ነገር ሓያል ምዃኑ ንኸርእይን፣ ነዚትውልዲ እዚ ድማ ብሰንኪ ዘይምእማኑ ንኽግስጽን እዩ።

165 ሕጂ ንሳቶም ከምቲ ኩሉ ጊዜ ዝሓስቡዎ፡ ናይ ግድን በቲ ናታቶም መንገዲ ክከናወን ጥራይ እዮም ዝደልዩ።

“ከምዚ ዝዓይነቱ መለኮታዊ ፈውሲ እንተዝህሉነይሩ . . .!” ኢሉኒ ሓደ ካቶሊኽ ሰብኣይ። በቐዳማይ ምሸት ሓደፈታዊ፡ ብዛዕባዚ ከምዚ ኢልኒ። ብዛዕባኡ ትፈልጡ ኢኹም። እዚ ኣብ ሆስተን ወዱ ንኽርእይ ዝኸድኩዎ ሰብ ከምዚ ኢሉ - ኢሉኒ .. . “ጵቡቕ፡ እምበኣርከስ እዚ ውህበት ኣምላኽ እንተ - እንተዝኸውን ነይሩስ፡ ናብ ካቶሊክ ቤተክርስትያን ምመጸ ነይሩ።” ርኢኹምዶ? ርኢኹም? ሜተዲስታውያን እውን ናብ ቤተክርስትያኖምምመጸ ይብሉ። ጴንጤ ቆስታላውያን እውን ናብ ቤተክርስትያኖም ምመጸ ነይሩ ይብሉ። ይኹን እምበር ናብ ሓደ ካባታቶም ኣይመጸን።

ገዛእ ርእሱ እንዳገለጸብሓይሊ ትንሳኤ እየሱስ ክርስቶስ 'ዩ ዝመጽእ። እወ ብትኽክል። ከምኡእዩ ዝገብር። እወ። ኣስተውዕልዎ ጥራይ። ከም ዝሓልፈኩም ኣይትግበሩ።ኣብ ውሽጢ - ውሽጢ ልብኹም ዑቑሩዎ። ኣሰላስልዎ ድማ።

ንናይ በዓልቶም፡ ካብናታቶም ትካላት ሃይማኖት፡ ብመንገዲታቶም ክመጽእ ኣለዎ። “ከምኡ እንተዘይኮይኑ ግና፡ ንሱ ኣይኮነን፡ ርኢኹም! ብቃ ወይ ሳይኮሎጂወይ ድማ ዲያብሎስ እዩ። ብቃ ኣምላኽ - ኣምላኽ ኣይኮነን . . . ምኽንያቱ፡ ኣምላኽ እንተዝኸውን ነይሩስ ብመንገዲታቶም ከመጽእነይሩዎ።” ርኢኹምዶ! “በቲ ኣቐዲምና ዝገለጽናዮ መንገዲ።”

166 ንፈሪሳውያን ድማ፥ እየሱስ ክመጽእ ዝነበሮ ብመንገዲታቶም እዩ። በኽምዚ ክኸውን ይግብእ ነበረ። ርኢኹምዶ? እቲ ናቶም . . . ኣምላኽ መሲሕ ክልእኽ እንተድኣ - እንተድኣ ኾይኑ፡ ብኸመይ መልክዑ ክኸውን ከምዝግብኦኣቐዲሞም ዝተንተንዎ ትንተና ነይሩዎም። ነገር ግን ብኻሊእ ኣመጻጽኣ ስለ ዝመጸ “መሲሕ ኣይኮነን። ብነውሪ ዝተወልደ፣ ቡኤል ዘቡብ።”ኣምላኽ ግና ገዛእ ርእሱ ብትሕትና ሰወረ።

በቢመዓልቱን በቢዓመቱ ንኣገልቲ ብምሻም ከም ሚሺነሪታት እምነት ናብ ዘይብሎም ከይዶም ከእምንዎም ኣብ ዝልእኹሉ እዋን “እዚ እቲ ክመጽእ ዘለዎ ጸራጊ መንገዲ ክኸውን ኣለዎ” ኢሎም ይሓስቡ። እቲ ጸራጊ መንገዲ ብዘይጥርጥር . . . ብኣረዳድኣኦም ምሁር ሰብ ክኸውን ኣለዎ። ኣምላኽ ግናፈጺሙ ትምህርቲ ቤት ኣብ ዘይብሉ ምድረበዳ ኣዕበዮ። ወዘተ። ርኢኹም? ኣምላኽ ኣብ ዝወረደ ነገር ብትሕትና ርእሱ ይሰውር።

167 ጵንሑ ሕጂ። ኣብ ምዕጻውና፡ከምዚ ንብል። ኣምላኽ ዝለኣኾ ቀሊል መልእኽቲ ምቅዋም፣ ናይ ኣምላኽ ትሑት መልእኽቲ ም - ም - ምቅዋም ማለት፡ ዘለኣለማዊ ዕንወትእዩ። ዓቐኑ እዚ እዩ . . . ክንደየናይ ዝኣክል ቀሊል ምኳኑ ተዛሪብና ኣለና፡ ሰባት ዝሓስቡዎ ግና፦ ደሓን ክሕጩጩን ከላግጹንይኽእሉ፡ ወይ ድማ ብዝደለይዎ መልክዑ ይሕሰቡዎ። ካብ ኣምላኽ ዘለኣለማዊ ዝኾነ ምቁርራጽ እዩ።

ኣብ ዘመን ኖህ መልእኽትታቱምስማዕ ዝኣበዩን ዝሞቱን ኩሎም ዓነዉ። እየሱስ ግና ከይዱ ኣብ ማእሰር ጸልማት ንዝነበሩ፡ ቅድሚ ትንሳኤኡ፡ ብሞቱ ኸይዱ ሰበኸሎም።ኣብተን ነዋሕቲ መዓልታት - ስቓይ ኖህ፡ ብትሑት ሰብ ዝተሰበኸ መልእኽቲ ኣምላኽ ቀሊል ክንሱ፡ ዘይተነስሑ ኩሎም ነፍሳት ንኽሰብኽናብ መዓሙቕ ናብ ሲኦል ወረደ። ከይዱ ከምዚ በለ “ኖህ ናብዚ ከምዝመጽእ ሰቢኹ ነበረ፡ እነሆ መጺኤ” በለ። እወ ብሓቂ። ርኢኹም?

168 እቶም ኣብ ምድረበዳ፡ሙሴ ናይ ዝበሃል ነብዩ፡ ካብ ኣምላኽ ዝተቐበሎ መልእኽቲ ከምኡ ድማ ብዓምዲ ሓዊ ተገሊጹሎም፣ ብበረኻ እንዳመርሖም ዘይተቐበሉ ሰባት፡በቲ ዝረኣዩ ነገራት ትካል ክምስርቱ ዝተልዓሉ ኹሎም ብዘይካ ኢያሱንካሌብን ኣብ ምድረበዳ ዓነዉን ጠፍኡን።

ኣብዚ ድማ፡ ፈሪሳውያንኣዲንቶም ብምዕዋረን ክርእዩ ስለዘይተኽኣሎም፡ ንድሕሪት እንዳጠመቱ “ኣቦታትና ኣብ ምድረበዳ መና በሊያም፡ መና በሊያም” ይብሉ።

እየሱስ “ኩሎም ሞይቶም”በለ።

169 ክብሪ ኣምላኽ ርእዮም፣ ብብርሃን ተጓዒዞም . . . ብብርሃን ተጓዒዞም ነይሮም። ብብርሃን ዓምዲ ሓዊ ተጓዓዙ። ኣብ ማእኸል ሓይሊ ህልውናኡ ኸዱ። መንፈስ ቅዱስ ንኽኸዱሉ ብዘዳለዎ መንገዲ ኸዱ። ኣምላኽ ካብ ሰማይ ዘዝነበሎ ማና ኣብ ምድረበዳ በሊያም ጠፍኡ ናብሲኦል ድማ ወረዱ። “ኩላቶም ሞይቶም እዮም።” እቲ ቓል እንተዘይሒዝኩም ካብ ህልውና ኣምላኽ “ዘለኣለማዊ ዝኾነ ኣፈላላይ እዩ።” “ነፍሲ ወከፍ ኩሎም ጠፍኡ።”ርኢኹም?

170 ንእየሱስ ዝተቓወመ ዘበለ ኹሉ ዓነወ። እንታይ ማለተይ ምኳኑ ተረዲኡኩምዶ? ንትሕትና ኣምላኽ ምቅዋም! ከምዚ ብቐሊሉ “ተጋግየ ነይረ” እትብሉዎ ነገር ኣይኮነን። ኣምላኽብኽምዚ ኣይቕበለኩምን። ንዘልኣለም ትጠፍኡ። ብዛዕባ ገለ ነገር ክንሓስብ ይግባኣና። ብቓሉ እንተድኣ ኾይኑ፡ ሕጂ ብትኽክል ብናይኣምላኽ ኣፍልጦ ክንውሰን ይግባኣና። ርኢኹም? ኦ! ከምቶም ኣብ ዘዘመኖም ንሙሴ ዝተቓወሙ፣ ንኤልያስ ዝተቓወሙ፣ ንዮሃንስ ዝተቓወሙ፣ ንእየሱስ ዝተቓወሙ።

171 እስኪ ሕጂ ድማ ንእሽተይዘሕዝን ነገር እስኪ ክነግረኩም። ኣዕዚዘ ዝጎድኦ ሰብ ከምዘየለ ተስፋ ይገብር። ብዝሓለፈ መዓልታት ናብ ሂውስተን፡ ቴክሳስ ተጸዊዐ፡ ነይረ። ገለ ሰባት ብሕብረት ተኣኪቦምእዮም ክልተ ወድን ጓልን መናእሰያት፡ ምሕረት ምእንቲ ኽወሃቦም ፊርማታት ዝእክብ መልእኽቲ ንኽስበኽ ተጸዊዐ ነይረ። ናብ ከመይዝበለ ጸገም ከም ዝኣተዉ ትፈልጡ ኢኹም። ካብ መጻሕፍቲ ብዛዕባኦም ከም ዘንበብኩም ተስፋ ይገብር። እቲ መንእሰይ ድማ ወዲ ወሰን ናይ ኣቶ ኣየርስ እዩ።

ኣቶ ኣየርስ ማለት ድማ ስእሊ እቲ ሕጂ እትርእይዎ ዘለኹም መልኣኽነ ይታ ፎቶግራፍ ዘልዓለ ሰብኣይ እዩ። ንሱ ተኸታሊ ሮማዊት ካቶሊክቤተክርስትያን እዩ፡ ሰበይቱ ድማ ኣይሁድ እያ።

172 ኣይሁዳዊት ጓል ተመርዕዩ። ብዛዕባ ሃይማኖት ወይድማ ብዛዕባ ኽምኡዝኣመሰለ ነገር ፈጺሞም ኣይዘራረቡን እዮም። ወናኒ ዳግላስ ስቱድዮ ዝኾነ ቴድ ዳግላስ ድማ ምስኡ ነበረ።

ናብቲ ኣቶ ቤስት፡ዶ/ር ቤስት፣ ባብቲስት ቤተክርስትያን፣ ዝነበሮ ቦታ ምስ መጸ ድማ፡ ኣእዳዉ ዓማኙ ኣብ ትሕቲ ኣፍንጫ ሓውና ቦስዎርዝ እንዳወዛወዘ ከምዚ ብምባል ተዛረበ፦ “ከምዚ እንዳገበርኩክለኹ ፎቶ ግራፍ ኣልዕለኒ” “ቀርበት ናይዚ ኣረጊት ሰብኣይ ገፊፈ ንመዘከርታ ናይ መለኮታዊ ፈውሲ ምእንቲ ክኸውን፡ ኣብ ክፍሊ መጽናዕታይ

ክሰቕሎ እየ በለ።”

ናብ ሂውስተን ቴክሳስቅድሚ ምኻደይ፡ ጎይታ ኣምላኽይ ናብኡ ንኸኸይድ ሓቢሩኒ ነይሩ። ብሽም ጎይታ ድማ ኣብኡ ነበርኩ። ብዛዕባ እቲ ኣብኡ ዝተልዓለ ሞጎትንክትዕን ኩሉኹም ትፈልጡ ኢኹም። ካብ መጻሕፍትን ካልኦት ነገራትን ኣንቢብኩምዎ ኢኹም። ኣብኡ ከለኹ፡ ኣብታ ምሸት ንሳ . . . ብትሕትና ንኽመላለስ ጥራይ ይጽዕር ነበርኩ።

“ንምንታይ” “ሕብረትደናቕር” ስለዝበሉና። ዶ/ር ቤስት ድማ “ጉባኤ ደናቕር ካብ ምኧን ሓሊፎም ገለ ዘይብሎም” “መለኮታዊ ፈውሲ ገለመለ ዝኣምን ሰብየለን እዚ ናይ ጉጅለ ዘርበብቲ እዩ” ብምባል ተዛረበ። ይኹን እምበር ኣምላኽ ብትሕትና ዝገብሮ ግብርታቱምኧኑ ኣይተረድኡን። “ንምንታይ” “ትምህርቲ ስዋስው እኳ ዘይተምሃረሰብኣይ እዩ” ስለ ዝበሉ።

ምስቶም ናይ ዲግሪምሁራት ኩሎም ክሳብ ዝመዓራረይ ፈላጥ ሰብ ስለ ዝነበረ፡ ንሓውናቦስዎርዝ ብቐሊሉ ክጥምዝዞ ከም ዝኽእል ክሳብ ዝሓስብ በጺሑ ነበረ። ናብ ቃል ኣምላኽ ምስ መጹ ግና ብዓሰርተ ኢድ ኣይተመዓራረዮን።ርኢኹምዶ?

173 ሓውና ቦስዎርዝ ዝረገጸ ስፍራ ዝፈልጥ ሰብኣይ ነበረ ።ኣብዚ ኮፍ ኢሎም ዘለዉ ብዙሓት ሰባት ድማ ኣብቲ ስፍራ ነይሮም እዮም። ስለዚ ብኽምዚ ቀጺሉ፡-

ጉባኤ ደናቕር “እምነትዘይብሎም፣ ዝሑላት ኣተሓሳስባ ዘለዎም ሰባት” እንዳበለ ኣብ ልዕለና ክስንዱ ቀጸለ።

ሓውና ቦስዎርዝ ድማ ብምቕጻል “ጽንሑ'ሞ” በለ። ኣብታ ምሸት ንሳ ኣስታት ሰላሳ ሽሕ ህዝቢ ተኣኪቡ ስለ ዝነበረ፡ ከምዚ ብምባል ሓተተ “ነበርቲ እዛ ኸተማ ዝኾንኩምናብ ጉባኤታት ቤተክርስትያን ባብቲስት ድማ እትኸዱ ሰባት! ሓውና ብራንሃም ኣብዛ ኸተማ ኽሰብኽ እንከሎ ብሓይሊ ኣምላኽ ዝተፈወስኩምሰባት እንተድኣ ኣሊኹም፡ ነቲ ዶ/ር ዝተዛረቦ ዘረባ ዝረትዕ ስለ ዝኾነ ካብ ዘለኹምዎ ብምትንሳእ ደው በሉ” ብምባል ተዛረበ። ሰለስተ ሚኢቲ ሰባት ደው ካብ ምቕማጦምሓፍ ብምባል ደው በሉ። እዚኸ'ሞ?

174 እነሆ እምበኣር! ኣብ ትሕትና ዝተሰወረ ኣምላኽ። ብድሕሪኡ ድማ ኸምዚ በለ ሓውና . . . ብድሕሪኡ “በሉ ነቲ መለኮታዊ ፈዋሲ ጸውዑዎ፣ ንሓደ ሰብ ድማ ዓንደረቢ ይግበረሉ፡ ደሓር ንዓመታ ዝኾኑዎ ክርኢ እየ” ብምባል ኣወጀ፡

ቴድ ኪፐርማንን እቲ ኣየርስ ዝበሃል ፎቶግራፍ ዘልዓለ ሰብኣይ ከምዚ ብምባል ቀጸለ “ኣቶ ብራንሃም ደብተራ እምበር ካሊእ ኣይኮነን። በቐዳማይ ንሱ ዝደፍተረላ፡ ኣብ ጎሮሮኣ ዕንቅርቲ ዝነበራ ሰበይቲ ሪኤ ነይረ። ድሕሪ ሓደ መዓልቲ ኣዘራሪበያ ዕንቅርቲ ዝብልዎ የብላን” “እቲ ሰብኣይ ደብቲሩዋ” እንዳበለ፡ ኦ! ኣነ ካብዚ ኸተማ ክወጽእ ከም ዘለኒ ንሱ ጥራይ እዚ ክገብር ከም ዝግብኦ ከፈራርህ ሞከረ። ብዙሕ ከምዚ ዝዓይነቱ ነገራት ገበረ። ብቕድሚ ሂውስተን ክሮኒክል ዓብዪ ሰልፊ።

ስራሕ ኣቦይ ክሰርሕእየ ኣብኡ ዝነበርኩ እሞ ሓንቲ ቃል እኳ ኣይተዛረብኩን። ንሱ ስለዝለኣኸኒ ኩሉ ስራሑ እዩ። ካሊእ ኣይነበረንን። ንስኹምውን ኣብቃል ጽንዑ።

175 ኣብታ ምሸት ንሳ ናብ መድረኽ ምስ ደየብኩ ከምዚ ብምባል ተዛረብኩዎም፡- “ ዝኾነ ይኹን ሰብ ብዛዕባይ መለኮታዊ ፈዋሲ እዩ ኢሉ እንተተዛሪቡ፡ ኣነ መለኮታዊ ፈዋሲ ኣይኮንኩን እየ። ኣይኮንኩን” “ተጋግዮም እዮም” “መለኮታዊ ፈዋሲ ተባሂለ ክጽዋዕውን ኣይደልይን እየ።” ኢለ ተዛረብኩ። ንኣብነት ዶ/ር ቤስት ስለ ምድሓን ዝሰብኽ ሰብኣይ ስለዝኾነ፡ መለኮታዊ መድሓኒ ተባሂሉ ክጽዋዕ ኣይደልይን እዩ። ብርግጽ ድማ ንሱ መለኮታዊ መድሓኒት ተባሂሉክጽዋዕ ከምዘይፈቱ ተዛሪቡ እዩ። ብርግጽውን ኣይኮንን። ስለዚ ድማ መለኮታዊ ፈውሲ ስለዝሰበኽኩ መለኮታዊ ፈዋሲ ተባሂለ ክጽዋዕኣይደልይን እየ። ኣነውን መለኮታዊፈዋሲ ኣይኮንኩን። ነገርግን ናብቲ“ብስምብራቱ ሓወና ዝብል ቃል እየ ዘመላኽት” ርኢኹምዶ?

ንሱ ድማ ናብዚን ናብቲ እንዳተመላለሰ “ፋይዳቢስ” ብምባል ተዛረበ።

ኣነ ድማ “ እዚ ክረጋገ ጽዝኽእል ህልውናን ውህበትን ኣምላኽን፣ መልኣኽ ጎይታን ኣብ ሕቶ ዝኣቱካብ ኮነኩም” ክብል እንከለኹ፡ ኣብታ ሰዓት ንሳ እንዳተጎምጸጸት ወሪዳ ከምዚ ብምባል ተዛረበት “በቃ ካብ ሕጂ ንደሓር ዘረባ ኣየድልይን፡ንሱ ምእንታይ ተዛሪቡለይ እዩ።” ካብኡ

176 ኸይደ . . .

ናብታ ካብዛ ሃገርዝዓበየትን ዝጸበቐትን ከተማ ሂውስተን ኸድኩ። በቐዳማይ ኣብታ ኸተማ እንዳጠመትኩ እንከለኹ፡ ንኽትጥምታ እተሕፍር ከተማ እያ። ጎደናታት ረሳሕ ነበረ። ብጎደና ቴክሳስኣከባቢ ዘሎ ኣደባባይ ጌረ፡ ኣክተራት ፊልሚ ኣብ ዝዓርፉሉ ራይስ ዝበሃል ሆተል ኣተኹ፡ ናብቲ ካፊቴርያ ዘለዎ ምድሪቤት ድማ ወረድኩ፡ ናሕሲ ናይቲ ገዛ የንጠባጥብ ባይታኡ ድማ ብፕላስተር ዝተለጣጠፈ ኣዝዩ ረሳሕ።ኣብ ሂወተይ ሙሉእ ሪኤዮን ሰሚዐዮን ዘይፈልጥ ዝዓይነቱ ሕንፍሽፍሽ ናይ ሰበኽቲ።

ንምንታይ? ብርሃንኣይደልን ምባል ኣብ ጸልማት ምምልላስ እዩ። ደቆም ኣብ መንበር ሞት ተቐሚጦም ኣለዉ። እወ። ኣምላኽ ወሪዱሎም! ትሕትና ተጋሂዱተቓዊሞምዎ። እምበኣርከስ ኣምላኽ ገዛእ ርእሱ ብትሕትና እዩ ዘርእይ።

ካብኡ ድማ እቲ መላእዓለም ዘዛረበ ስእሊ ወሰዱ። ሳይንቲስትታት ከይተረፉ እቲ ስእሊ ኣብ ታሪኽ ዓለም ንመጀመርታ እዋን ብካሜራ ስእሊ ዝተልዓለ መለኮታዊስእሊ ብምባል፡ መንፈሳዊ ጥበባት ኣብ ዝረኣየሉ፡ ዋሺንግተን ዲ. ሲ ኣብ ዝርከብ ኣዳራሽ ሰቒሎምዎ ኣለዉ። ርኣዩ፡ ትሕትና ክገሃድእንከሎ። ርኢኹምዶ? ርኢኹም? ኣምላኽ ገዛእ ርእሱ ኣብ ትሑት ነገራት ይስውር እሞ ብኽምኡ ድማ ገዛእ ርእሱ የግህድ። ርኢኹም?

177 ሕጂ! ኣብ ሞት ክርስቶስ ገዛእ ርእሱ ሓብአ፡ ብትንሳኤ ግና ገዛእ ርእሱ ኣግሃደ። ኦ - ማይ! ይቕጽል በቃ . . . ንሕና . . . መወዳእታ ኽንገብረሉኣይከኣለናን እዩ፡ በቃ በሉ ቀጽሉ ተዛረቡ። ነገር ግን ፍሕት ኣይትብሉን፣ ርኢኹም።

ናብ ምድሪቤት ብምውራድኣዒንትኹም ካብ ጸሓይ ብርሃን ምኽልካል፣ ጸሓይ ኣይበረቐትን ኢልካ ንዘይምቕባል እዩ። እዚ ድማ ሓቂ እዩ። ጌጋ ንምግጋይ ናይ ፈለማ ነገር ድማ ንሓቂ እምቢ ምባል ምዃኑዘክሩ። ርኢኹም? ኣዒንትኹም ንኽይኽፈት እምቢ ምባል ድማ ኣብ ጸልማት ምንባር እዩ። ርኢኹም? እምቢ ኣይጥምትን እንተኢልኩምሲ፣ከመይ ጌርኩ ኢኹም እትርእዩ? ተረዲእኩም? ነዚ ቀለልቲ ነገራት እዚኣስተውዕሉሉ። ክትፍጽምዎ እትፍትኑዎ ዘለኹም ዓበይቲ ነገራት ዘይኮነ፡ ቀለልቲ ዝበሃሉ ነገራት እዮም ክት - ክትገብሩዎም ዘይተኻኣለኩም።ኦ - ማይ!

ርኣዩ፣

178 ክነግረኩ። ኣብ ሚልኪ . . . ኣብ ማቴዎስ 11፡10 “ክትቅበልዎ እንተ ደሊኹምሲ፡ እዚ ንሱ እዩ” ርኢኹም “እቲ ቀቅድመይ ዝተልኣኸ እዚ እዩ” ቅልል ብዝበለ ብትሕትና።

ሓደ መዓልቲ ብዛዕባኡ“ስለ ምንታይ ድኣ ጸሓፍቲ ከምዚ . . . ዝብሉ” ኢሎም ሓተቱ።

“ወዲ ሰብ ናብ ኢየሩሳሌምክድይብ እዩ። ኣብ ኢድ ሓጥኣን ድማ ክወሃብ እየ። ንወዲ ሰብ ድማ ክቐትሉዎ እዮም። ክመውት ድማ እዩ። ኣብ ሳልሰይቲ መዓልቲ ድማካብ ሞት ክትንስእ እዩ።” ስለዚ ድማ በሎም “ነቲ ዝረኣኹምዎ ነገር ንሓደ'ኳ ኣይትንገሩ።” በሎም።

179 እቶም ምስ ዮሃንስ ዝነበሩ፣ ዝተዛረቡ፣ ምስኡ ዝበልዑ፣ ኣብ በረኻን ኣብ ሸንጥሮን ምስኡ ዝነበሩ ደቀ መዛሙርቱ ድማ ከምዚ ኢሎም ክሓስቡ ጀመሩ “ንምንታይ ደኣ ጸሓፍቲ፡ ቅድም ኤልያስ ኪመጽእ እዩ፡ ዚብሉ? ኢሎም ሐተትዎ።” ንስኻ ከም እትስቀል፣ ከም እትትንስእ፣ መሲሕ ምዃንካን ዙፋን ከም እትወስድን ትዛረብኣለኻ። ከመይ ኢሎም ድኣ ጸሓፍቲን . . . ኩሎም ቅዱሳን ቃላትን፡ ብግልጺ፡ ክርስቶስ ቅድሚ ምምጻኡ ኤልያስ ቀዲሙ ከም ዝመጽእንምንታይ ይዛረቡ? ኢሎም ሓተቱ። እወ። ርኢኹም?

ንሱ ግና “ኤልያስመጺኡ ነይሩ፡ ንስኹም ግና ኣይፈለጥኩምዎን” ኢሉ መለሰሎም። ብዛዕባ መን ይብል ኣሎ? ደቂ መዛሙርቲ።

180 ሕጂ ንእሽተይ ክጎድኣኩም እየ፡ ካብ ልበይ ግን ኣይኮንኩን፡ ኣጸቢቑ ምእንቲ ኽርድኣኩም ንሓንቲ ወይ ክልተ ደቒቓ ክትጽመሙኒ ኢኹም። ሰሚዕኹምኒዶ? [ጉባኤኹሉ “ኣሜን” ኢሎም።] ርኣዩ! “ንምንታይ?”እዞም ምስ ክርስቶስ ዝተመላለሱ ሰብኡት “ንምንታይ ደኣ ጸሓፍቲ፡ ቅድም ኤልያስ ኪመጽእ እዩ፡ ዚብሉ?” ካብ ዮሃንስ ዝመጹ ሰባት'ኮ እዮም፡ ዮሃንስ መን ከም ዝነበረግና ኣይፈለጡዎን። “ንምንታይ ድኣ ቅዱስ ቃል ከምኡ ድማ መማህራን?” እንታይ ማለት ምዃነይ ተረዲእኩምዶ? ርኢኹም? ምስኡ ዝነበሩደቀ መዛሙርቲ “ንምንታይ ደኣ ጸሓፍቲ፡ ቅድም ኤልያስ ኪመጽእ እዩ፡ ዚብሉ?” “ንምንታይ ድኣ'ሞ ኢልያስ ቀዲሙ ክመጽእ እዩ ንኹሉ ድማከቕንዕ እዩ ዝብል?” ናብ ፍርቂ ደርዘን ዝኣኽሉ ሰባት መጺኡ። በቃእዚ ጥራይ እዩ ነይሩ። ርኢኹምዶ? ክቕበሉዎ ዝነበሮም እዚኣቶም ጥራይ እዮም። ንኽርእይዎ ዝተመደቡ እዚኦም ጥራይ ነበሩ።

181 እየሱስ “ንሱ'ማ መጺኡ ነይሩ ነገር ግን ኣይፈለጥኩምዎን። ቅዱስ ቃል ክፍጽሞ እዩ ዝበሎ ነገርፈጺሙ። ኣታኒዑዎም፡ ኩሉኹም እትቕበሉኒን ብኣይ እትኣምኑን፡ ቅዱስ ቃል ክፍጽሞ ምዃኑ ዝተዛረበ ብትኽክል ፈጺሙ እዩ። ነገር ግን እቲ ቅዱስ ቃል ከምዚ ክገብሩዎ እዮም ዝብሎ ድማ ገበርዎ። ንሱ መጺኡ ነይሩ ንስኹም ግና ኣይፈለጥኩምዎን።”

እስኪ ንእሽተይ ክሰንብደኩም! ድሉዋት ዲኹም? ንጥቀትውን ብተመሳሳሊ መልክዑ ከምዚ ክኸውን እዩ። ብቐሊሉ ክከናወን እዩ፣ በዘን መዓልታት እዚኣተን ንጥቀት ተፈጺሙሓደ ክሳብ ዘይርድኦ፡ ከምኡ ስውር ከም ዝኸውን ኣየጠራጥርን እየ።

182 ኣይ ኣይትተስኡ ሕጂ ንደቒቓ ተምሃሩ። ርግጸኛ እየ ክንዓጹኢና። ፍርዲ ክሳብ ዝኣክልን፣ ንወዲ ኣምላኽ ክሳብ ዝርእይዎን፣ “እዙይን - እቲንዶ ክህልወና ኣይግባእን 'ዩ? ኤልያስ ክለኣኽልናዶይግባእ ኣይነበረን? ንጥቀት ክኸውንስዶ ኣይግባእን ነበረ?” ክሳብ ዝብሉ ንጥቀት ብኸምዚ ዝዓይነቱ ሕቡእ ቀሊል ኣመጻጽኣ ክመጽእእዩ።

እየሱስ ድማ “ተፈጺሙእዩ ንስኻትኩም ግና ኣይፈለጥኩምዎን” ክብሎም እዩ። ርኢኹም? ኣምላኽ ኣብ ትሕትና።

183 እምበኣር፡ ኣብዛ ሰሙን እዚኣ ናብ ዓሞቕቲ ምህሮታት ክንኣቱ ኢና . . . ኣስተውዕሉ ብንጥቀት ዝውሰዱ ድማ ኣካል እታ መርዓት ዝኾኑ ሒደትሰባት ጥራይ 'ዮም! . . . ኣይክኸውንን እዩ። መማህራን ኩሎም ከመይከም ዝተረደኡዎ ርኣዩ? ነቲ ህዝቢ፡ ሓደ ሚልዮን ህዝቢ በዚ ኣንፈት ክመጽእ እዩ ኢሎም ዘርእዩሉ ቻርትታት ኣለዎም። ናይ ሜተደሲትሰባኺ እንተኾይኑ ሜተዲስታውያን ይገልጽ፣ ሰባኺ ናይ ጴንጤ ቆስጤ እንተኾይኑ ድማ ኣመጻጽኣ ጴንጤ ቆስጤያውያን ይገልጽ። ፈጺሙ ኣይትንከፋን።

ምናልባት ሓደ ካብ ጀፈርሰንቪለ ክንጠቕ ይኽውን፡ ስለዚ ሓደ ሰብ ከም ዝጠፍአ ይፍለጥ። ብዛዕባ ካልኦቶም ዝፈልጡዎ ነገር ኣይክህሉን ስለዚ “እሞ ሕራይ. . . ብፍጹም ኣይፍለጥን” ክብሉ እዮም። ሓደ ድማ ካብ ጆርጂያ ክስወር እዩ። ርኢኹም? ሓደ ድማ ካብ ኣፍሪካ ይንጠቕ። እስኪህያዋን ኮይኖም ዝልወጡ ሓሙሽተ ሚኢቲ እዮም ንበል።

እዚኣቶም ኣካል ቤተክርስትያን ፈጺሞም ኣይኮ - ኣይኮኑን እዚኣቶም እታ መርዓትእዮም። እዚኣ ቤተክርስትያን ኣይኮነትን። እዚኣ መርዓት እያ። ርኢኹም? እታ - እታ ቤተክርስትያን ኣእላፍ ኮይና ክትመጽእ እያ፡ እዚ ግና ድሕሪ ዳግማይ ትንሳኤ እዩ ክኸውን። “ንሓደ ሽሕ ዓመት ሙሉእ ብህልውና ኣይነብሩን” ርኢኹም? ኣብታ መርዓት ግናሓሙሽተ ሚኢቲ ሰባት ብንጥቀት እንተድኣ ተወሲዶም፡ ኣብታ ደቒቓ ንሳ፡ ዓለም ብዛዕባ እዚ እትፈልጦ ነገር ኣይክህልዋን እዩ።

184 እየሱስድማ በለ “ክልተ ኣብ ሓንቲ ዓራት ክድቅሱ እዮም፡ ነቲ ሓደ ሓዲገ ነቲ ሓደ ክወስዶ እየ” እዚማለት ብለይቲ ማለት እዩ። “ክልተድማ ኣብ ማሕረስ ክጸንሑ እዮም” “እቲ ሓደ ክውሰድ እቲ ኻልኣዩ ክተርፍ እዩ።” እዚ ድማ

በቲ ሓደ ኽፍለ ዓለም ማለት እዩ። ከምቲኣብ መዓልታት ኖህ ዝነበረ ድማ፡ ወዲ ሰብ ክመጽእ እንከሎ ከምኡ ክኸውን እዩ።

ሕሰቡዎ! ኩሉ ነገርከም ዘለዎ ኾይኑ ክቕጽል እዩ። ኣኽራርያን መልእኽትታት ብኸምኡ ክቕጽሉ እዮም። ፈለማ እትፈልጡዎ ነገር ድማ "ኣገልጋሊ፡ ናብ ዝኾነቦታ ምስ ከደ ፈጺሙ ኣይተመልሰን። ምናልባት ሃደን ክሃድን ናብ ጣሻ ወጺኡ ይኸውን። ካብኡ ንደሓር ኣይተመልሰን። ሓደ መሓዛ ድማናብ ዝኾነ ስፍራ ኸይዱ። እንታይ ከም ዝኾነ ትፈልጡዶ? መንእሰይዃል ገለ ወሲዱዋ። ከም ዝመስለኒ ሓደ ሰብ ወሲዱ ዝዓመጻንናብ ሓደ ሩባ ከም ዝሰንደዋን ይመስለኒ። ምኽንያቱ በይና እያ ነይራ።"ቴስዓን - ትሽዓተን ካብ ሓድሕድ . . . ብጀካ ሓደ ካብ ሚኢቲ ሚልዮን ብዛዕባ እዚ ዝፈልጡዎ ነገር የብሎምን። ምስኣ ቀሪቡ ዝነበረ ሰብ ጥራይ እዩ "ክርድኣኒ ኣይከኣለን እምበር ንሳ ተሰዊራ እያ፡ " ከምዚ ጠፊኣ ኣይትፈልጥን" ክብል ዝኽእል። ርኢኹም?

185 "መቓብራት ክኽፈቱእዮም" ክብሉ እንከለዉ ድማ። መቓብር ከመይ - ከመይ ኢሉ እዩ ዝኽፈት? ዋላኳ ይድለይ እምበር ናብዚ ንኽኣቱ ጊዜ የብለይን፡ ነገርግን ትሕትና ኣምላኽ ከርእየኩም ስለ ዝደለኹ እየ። እቲ ኣባኹም ዝርከብ ሓንቲ ማንካ ጥራይ ካልሺየም፣ ፖታሽን ካልኦት ባእታታትን ናብ መንፈስን ህይወትን ይቅየር።

ኣምላኽ ቃሉ ይዛረብ'ሞ ንጥቀት ድማ ብኡብኡ ክኸውን እዩ። መላእኽቲ መኹዓቲ ሒዞም ካብ ሰማይ ወሪዶም ዝበስበሰ ሬሳ ካብጎዳጉዲ ፈሒሮም ከውጽኡ ኣይኹዕቱን። እዚ እንታይ? ፈለማውን ብሓጢያት ዝተወልደ። ነገር ግን ብምስሉ ዝተሰርሐ ሓዱሽ ሰብ እዩ።ርኢኹም? እዚ እንተሒዝና ዳግም ክንመዉት ኢና። ተረዲእኩም? ዋላ ሓደ . . . "መቓብራት ክኽፈቱ ሙታን ድማ ክትንስኡ እዮም"ትብሉ ኢኹም። ምናልባት እዚ ሓቂ ይኹን፡ ነገር ግን ከምቲ እትሓስቡዎ ኣተሳስኣ ኣይኮኑን ዝትንስኡ። ርኢኹም? ናይ ብሓቂ። ከምኡ ኣይኮነን።

ሚስጢራዊ እዩ ክኸውን።ምኽንያቱ ብዛዕባ ንጥቀት "ከም ሌባ ብለይቲ ከም ዝመጽእ"

186 ኣቐዲሙ ነጊርና ስለዝኾነ።

ካብኡ ንደሓር ድማ ፍርዲ ክውሕዝ እዩ፡ ሓጢያት፣ መቕዘፍቲ፣ ሕማም ካሊእ ብዙሕ ነገርን። ፍርዲምስ በዝሖም ድማ ሰባት ሞት ክምነዩ ክበኽዩን 'ዮም። "ዎ ጎይታ ቀዲሙ ንጥቀት ክፍጸም 'ዩ ኢልካ እንከለኻስ ንምንታይ ፍርዲ ኣብልዕለና ወረደ?" ክብሉ እዮም።

ንሱ ድማ "ንጥቀትተፈጺሙ፡ ንስኹም ግና ኣይፈለጥኩምዎን" ክብሎም እዩ። ርኢኹም? ገዛእ ርእሱ ኣብ ትሑት ነገራት ዝስውር ኣምላኽ። ኦ - ማይ! ሰናይእምበኣር። "እዚ ኹሉ፡ በቃ ተፈጺሙ እዩ፡ ንስኻትኩም ግና ኣይፈለጥኩምዎን።"

ስለምንታይ ግን ኣመንቲነዚ ቀሊል ዝኾነ ኣመጻጽኣኡ ዘይኣምኑ?

ቅዱሳን ቃላት ዝተዛረቡዎምነገራት ይጽበዩ፡ ወርሒ ብመዓልቲ ክትጽልምት . . . ማለት ጸሓይ ቀትሪ እንከሎ ክትጽልምት ዝብልን ካልኦት ነገራትን ይጽበዩ።ኦ! . . . እንተዝህልወና ነይሩ፡ እዞም ነገራት እዚኣቶም እንታይ ምዃኖም ዘረድእ ዝርዝር ማስታወሻ ሒዘ ነይረ። ደሓን! ኣብዘንመዓልታት ናይዛ ሰሙን እዚኣ ማሕተማት ኣብ ዝኽፈት ጊዜ ክንርእዮ ኢና። ርኢኹም? እነህልኩም፡ ተፈጺሙ ዝሓለፈ ነገር ግን ኣይትፈልጡዎን።መልኣኽ ኣምላኽ ነቲ ማሕተም ዝኸፍቶ እንተድኣ ኾይኑስ፡ እስኪ ርኣዩ። ብሾብዓተ ሚስጢራዊ ነጎድጓዳት ዝተሓትመ ምዃኑ ዘክሩ። ርኢኹምዶ?

187 እሞኸ ድኣ እንታይ?ንምንታይ እዮም ሰባት ቀሊል ዝኾነ ትሕትና ናይ ትሑታት ሰባትን ድምጺ - ድምጺ ምልክታት ኣምላኽን ክኣምኑ ዘይከኣሎም? ንምንታይክኣምኑ ዘይከኣሉ? ከምቲ ኩሉሻብ ዝግለጽ ሓቀኛ ግህደት ቃል ኣምላኽ። ምኽንያቱ እዚ እዩ፡ ነቲ ቀሊልን ትሑትን ኣግባብ ኣጸሓሕፉቃል ኣምላኽ ንኸይኣምኑ፡ ብጣዕሚ ፈላጣትን ምሁራትን ብምዃኖም እዩ። ናይ ገዛእ ርእሶም ትርጉማት ክሓውሱ ይደልዩ። "ከምዚ ማለቱኣይኮነን፣ ከምቲ ማለቱ ኣይኮነን።" ርኢኹም? ከምዚ ማለቱ እዩ።

ስምዑ፡ ቀልጢፈ ክነግረኩም።ካሊእ ይትረፍ እቶም ኣብዚ ስፍራ እዚ ብኣምላኽ ዝወሃቡና ራእያትሰባት ብዘይኮነ ኣረዳድኣ ይርድእዎ እዮም። ስለዚ ድማ ኢኹም ኣብተን ቴፓት "እቲ ቴፕ ዝብሎ በሉ። እቲ ራእያት ዝዛረቦ ተዛረቡ" ኢለ ክእውጅ እትሰምዑኒ።

188 ንቑሓት እንተድኣ ኾይንኩም ሓደ ነገር ክትርእዩ ትኽእሉ ኢኹም። ርኢኹም? ኣብ ኢደይ ሒዘ ርኣዩ ክብለኩምከምዘይግበኣኒተስፋ ይገብር። ርኢኹም? ርኢኹም? ርኢኹምዶ? . . . ኣብ - ኣብ ቀረባ እዩ ዘሎ። ኣብ ፍጻመ ኢና ዘለና። ተረዲእኩም? የስሰር! እቲ ትሑት ዝኾነ ራእያት፡ ኣብ ልዕሊ ርእሲ ሰባት ክሳብ ዝሰፍፍ ብኸምዚ ዝዓይነቱ ቀሊል ምግሃድ ክግለጽ እንከሎ፡ እቶምምሁራት ዝበሃሉ ኣይርድእዎን። ርኢኹም?

ምኽንያቱ ኣብ ማዕዶ ኣብ ሃደን ኮይነ ዝረኣኹዎ ራእያትን እንታይ እንታይ ከምዝኾነን ኩሉ ነጊረኩም፡ነገር ግን ሰባት በዚ ይሰናኸሉ። ኣምላኽ ድማ ንፍጹም ዓላማኡ እዩዝልእኾ፡ ንኽትርጉሞ ድማ ናብዚ ይመጽእ፡ ኣከያይዳ ናይ ወላዲተይንከምኡ ዝዓይነቶም ነገራትን። መጺኡ ድማ ይትርጉሞ ኣብ ቅድሚ ዓይንኹም ይትርጉሞ። ከምቲ ንሱ ክገብሮ እየ ዝበሎ ዓይነት ድማ ብትኽክል ይኸውን። ርኢኹምዶ?

189 ዮሃንስ መጺኡ "ኣነመሲሕ ኣይኮንኩን፡ ነገር ግን ኣነ እቲ ኣብ በረኻ ዝእውጅ ድምጺ እየ" ብምባል ተዛሪቡ እዩ።

ደቀ መዝሙርቱ ግና"ንምንታይ ድኣ ጸሓፍቲ ብዛዕባ ቃል ኣምላኽ . . . ኤልያስ ቀዲሙ ከምዝመጽእ ቃል ኣምላኽ ከምዝምህር ዝዛረቡ?" ብምባል ይሓቱ።ርኢኹም? ትሕትና ኣምላኽ ይቕጽል፡ ኣብ ልዕሊ ኣራእስ ደቂ ሰብ ድማይሰርት።

እስኪ እዚ ንውሰድእሞ ክውድእ እየ። ብረዲኤት ኣምላኽ ክውድእ እየ። ርኢኹም? ሕራይ። እስኪ ንቐጽል። ይቅርታ ግበሩለይ ወዲኤ - ወዲኤ እንዳበልኩ ስለ. . . ሕራይ ይቕረታ ስለ ዝሓዝኩኹም፡ በቃ ንእሽተይ ጊዜ።

190 ርኣዩ፡ ንእሽተይ ንጣብቀለም እስኪ ንጥማዕ። ኩሉ ነገር ንምኽንያትእዩ ዝኸውን። በዛ ንጉሆ እዚኣ ሎሚ መዓልቲ

ኣብዚ ምትእኽኻብኩም ብዕላማ እዩ። ቻርሊ፣ ኔሊ ኣብ ገዛውትኹም እንጀራ በሊዕ፡ ምግቢ ቀሪብኩምለይ እዚውን ብዕላማ እዩ። ኣነ . . . ኩሉ ነገር ብምኽንያት እዩ። እዛ ቤተክርስትያን ኣብዛ ቦታ እዚኣ ብዕላማ እያ ተሃኒጻ፥ ብዘይምኽንያትን ዕላማን ዝኾውን ነገር የለን።

191 እምበኣር ሕጂ ነታንእሽተይ ንጣብ ንጥማዓያ። ትሰምዑኒዶ ኣለኹም? [ጉባኤ ኹሎም "ኣሜን"ኢሎም።] ንእሽተይ ንጣብ ንጥማዕ እሞ ንርኣያ። እንታይ እዩ? ጥማዕ ነጥቢ። ካበይ ዝመጸ? ጽቡቕ። እስኪ ሕጂ ነዛ ጥማዕ ነጥቢንውሰድ እሞ፡ ጸሊም ጥማዕ እዩ ንበል። እዛ ንእሽተይ ጥማዕ ጸላም ዕላማ ኣለዋ፡ ብምኽንያት እያ። ካብ እ . . . ካብ እስር ቤት ዝወጸላ ጽሕፈት ምሕረት ክትጽሕፍ ትኽእልእያ። ካብ ቅጽዓት ሞት ዝፍተሓላ ምሕረት ድማ ክትጽሕፍ ትኽእል እያ። እማን 'ወ። ዮሃንስ 3:16 ጽሒፉ፡ ንዝጽሓፈቶ ብምእማነይ ድማ ነፍሰይ ከተድሕን ይከኣላ እዩ። ሓቀይዶ? ["ኣሜን።"] ወይድማትእዛዝ ናይ ሞተይውን ክትጽሕፍ ትኽእል እያ። ርኢኹም? ኣብ ስፍራ ፍርዲ ክትኩነኒ ትኽእል እያ። ብምኽንያት ንዕላማ እዩ። ሓቀይዶ?["ኣሜን"።]

እምበኣር ጽቡቕ፡ ነዛንእሽተይ ቀለም ንርኣያ እሞ ካበይ ከም ዝመጽኣት ነስተውዕል። ቀለምእያ። ቀለም ክሳብ እትኸውን ኬሚካላትን ካሊእ ነገራትን እዮም ተሓዋዊሶም። ጸላም ቀለም ድማ እያ። እስኪ ናብ ክዳንኩም ኣንጥቡዋ፡ማኪያ እያ እትኸውን።

ነገር ግን ዘጽርይበረኪና ድማ ፈጢርና። ንሽኻትክን ኣንስቲ ድማ ክሎሮክስ ዝበሃል መጽረይ ኢኽን እትጥቀማ። ሕራይ እስኪ ሓንቲ ንጣብ ቀለም ወሲደናብ - ናብ'ቲ መጽረይ ኬሚካል ዝሓዘ ታኒካ እንተድኣ ኣንጢበ፡ እቲ ቀለም እንታይ ይገጥሞ? ርኢኹም? ንምንታይ? መጽረይ ኬሚካልስለዝተፈጥረ፣ ፈጠራዊ ኬሚካላዊን ምህርቲ ብሓደ ብምሕባር ነቲ ቀለም ደጊምኩም ከምዘይትረኽብዎ ገይሩ ይሰባብሮ።

192 ሓደ ባእታ እቲ መጽረይ ኬሚካል ድማ ማይ እዩ። ውህደት ማይ ድማ H2O፡ ማለት ሃይድሮጅንን ኦክሲጅንን እዩ። ክልቲኦም ማለት ሃይድሮጂንን ኦክሲጂንን ድማ ሓደገኛታት ተባራዕቲ ባእታታት እዮም። ብርግጽ ድማ ሃይድሮጂንን ኦክሲጅንን ሓሙኽሽቲ እዮም። በቃ ከምኡ እዩ። ትኽክል፡ ኬሚካላዊ ሓሙኽሽቲ፣ በቃ ኬሚካላዊ ሓሙኽሽቲ። ስለዚ ናብ ሓደ ኣዋህድዎም ማይ ድማ ትረኽቡ። ነግር ግን እስኪ ፈላልይዎም፡ ሃይድሮጂንን ኦክሲጅንን ኢኹም እትረኽቡ። እስኪ ብኸምኡ ንድሕሪት ተመለሱ። እምበኣርከስ ናብዚ ክኣቱ እንከለና፡

ምናልባት ምሁራት ኬሚስትሪ ኣብዚ ስፍራ ኮፍ ኢሎም ስለ ዝህልዉ . . . ኣነ ኣይፈልጥን እየ። ፎርሙላ (ቀመር)ኣይፈልጥን እየ ነገር ግን ዝሰምዑ ምሁራት ኬሚስትሪ ስለዝህልዉ እስኪ - እስኪ ምናልባት ኣምላኽ ገዛእ ርእሱ በዚ ከግህድ ስለዝኽእል ብናይ ገዛእ ርእሰይ ትሑት ኣገላልጻ ክገልጾ።

193 ርኣዩ፡ እታ ንጣብቀለም ናብቲ መጽረይ ኬሚካል ኣ - ኣ - ኣ ኣንጠብኩ። እንታይ ኮይኑ? ብኡብኡ እቲ ጸሊም ማኪያ ጠፊኡ። ደጊምኩም ንኽትርእይዎ እንተፈቲንኩም ደጊም ኣይትረኽብዎን የለን ከይዱ እዩ። ካብኡ ንደሓር ፈጺምኩምኣይትርእይዎን። እንታይ ድኣ ረኺብዎ? ካብኡ ዝወጽእ ነገር ዋላኳ ገለስ ኣይትርእዩን። ኣይትርእዩን። ንምንታይ ዘይትርእዩ? ምኽንያቱስለዝተደምሰሰ።

ሕጂ ምናልባት ሳይንስ"ናብ እቲ ኦሪጂናል ኣሲድነቱ ተመሊሱ" ክብል ይኽእል ይኸውን።

ኣሲድከ'ሞ ካበይ መጺኡ?ርኢኹም? ምናልባት "ካብዚን ካብቲን መጺኡ" ትብሉ ትኾኑ። ጽቡቕ! ንኣብነት "ትኪ ኣሲድ ኮነ" በሉ። ትኪኸ ካበይ መጺኡ? "ትኪድኣ'ሞካብ ሜለኩል ክንብል ኢና።" ሜለኩልከ ካበይ መጺኡ? ካብ "ኣተም።"ኣተምከ ካበይ መጺኡ? "ካብ ኤለክትሮን" ኤለክትሮንከ ካበይ መጺኡ? "ካብ ኮዝሚካዊ (ፈሊጋዊ) ብርሃን።" ርኢኹም ቱምቢ ናይ ሕሉፍሳይንሳዊ ግኝት ኢኹም እትኸተሉ ዘለኹም። እምበኣርከስ ጭብጢ ዘለዎ ፍጡር ካብ ኮነስ ካብ ፈጣሪ እዩ ክመጽእ ዘለዎ።

ንሽኻትኩም እውን ብኣጋጣሚኣይኮንኩምን ኣብዚ ኮፍ ኢልኩም ዘለኹም።

194 ክሳብ ሽዱሽተን ፈረቓን ወይ ድማ ክሳብ ሰዓት ሓደ ብዕድል ኣየጽናሕኩኹምን። "ኣሰር ጻድቃንሲካብ ትእዛዝ ጎይታ እየን።" ርኢኹም? ዝተመደበለን ምኽንያት ኣሎ። ንኽትኣምኑ ዝተመደበ ምኽንያት ኣሎ። ንኽይትኣምኑ ዝተመደበ ምኽንያትድማ ኣሎ። ልክዕ ከምታ - ከምታ ቀለም። ሕራይ እምበኣር እዚ ኣብዚ ንዛዝም።

ናብ . . . ተመሊስና እንገብሮ ናይ መጀመርታ ነገር ክሳብ ሜለኩል ክንምለስ ኢና። ሕራይ ሜለኩል ንውሰድ'ሞ፡ከምዚ 1 ጊዜ 9ሜለኩል፣ 12 ሜለኩል እንተኢሉ። 11ሜለኩል እንተዝኸውን ነይሩ ቀይሕ ምኾነ ነይሩ። ጸሊም ንኽኸውን ግና 12 ክመጽእኣለዎ።

ካብኡ ድማ ኣተም'ዩ ነይሩ። ስለዚ ድማ ናብ ኣተም ነውርዶ። ጊዜ +፣ ምስኣተም ማዕረ ነው። እንተዝኸውን ነይሩ ወይኒ ጠጅ ምኾነ። ርኢኹም? ስለዚ እንዳውረድኩም ኣውርድዎ።

195 ፈለማውን ብንየው ማዕዶ ገለ ስውር ነገር ነይሩ ማለት እዩ። ብግምታዊኣፋፍኖት ዝፍለጥ እዩ። ፍጥረት ስለዝኾነ ፈጣሪ ክህልዎ ግድን እዩ። ስለዚ ካብ ፈጣሪ ወጺኡ ድማ ናብዘም ዝተፈላለዩ ምግሃዳት ይኣቱ። ሳይንስ እዚ ንኽፈጥር ኣተም ክባዛሕ ብ12፣ ክባዛሕ ብ14 ወዘተ ክሕዝ ኣይኽእልን። ኣምላኽ 'ዩ ክገብሮዝግባእ።

ብድሕሪኡ ድማ ሳይንስ ክተናኽፎ ናብ ዝኽእሉ ደረጃ ናብ ኣተምይወርድ። ካብኡ ሓሊፉ ድማ ብዝበለጸ ክርእይዎ ናብ ዝኽእልሉ ደረጃ ሜለኩል ይልወጥ። ካብ ሜለኩል ምኺን ድማ ናብ ሓደ ነገር ይወርድ፡ መጀመርታ ኬሚካል ይኸውን፣ ብድሕሪኡ ድማ ይቐያይጥዎ።

196 ሰብ ቅድሚ ምውዳቑ፡ ሕጂ ይዛዝም እየ ዘለኹ፡ እዚ ከየምልጠኩም።ሰብ ምስ ሓጥአ፡ ብምትሕልላፍ ምስ ኣምላኽ ቅርሕንቲ ብምፍጣር ገዛእ ርእሱ ካብ ኣምላኽ ፈለየ፡ ገዛእ ርእሱ ናብ ኲርናዕ ሞት ደርበየ።ተፈልዩ ኸደ። በቃ ደጊሙ ክምለሰሉ ዝኽእለሉ መንገዲ ኣይነበረን።ብፍጹም። ተመሊሱ ዝመጸሉ መንገዲ ኣይነበሮን። ደሓር ግና ንሱ ብኸምኡ ምስ ጠፍአ፡ ኣንጻር እቲ ብዛዕባ ኣዳም ዝተነግረ ቅርሕንቲንኣንጻር እቲ ብዛዕባ ኣቤል ዝተነግረን፡ ኣምላኽ፡

ምእንቲ መተካእታ ሓጢኣት ዝኸውን፡ ደም ናይ ገንሸል ወይ ድማ ናይ ጤል ወይ ናይበጊዕ፣ ወይ ከዓ ናይ ካሊእ ደም ተከአ።

በቲ ሓደ መዳዩ ወዲ ኣምላኽ እዩ። ካብ ኣምላኽ ዝተረኽበ ዘርኢ። ተፈጥሮ ከመርሕ ዝኽእል ወራሲ ምድሪ እዩ። ካብ ዘይምንባር ናብምንባር ነገራት ክእውጅ ዝኽእል እዩ። ንምንታይ፣ ንሱውን ፈጣሪ ስለ ዝኾነ። ቦኽራት ኣምላኽ እዩ።

197 ምስ ተሓላለፈ ግና፡ ውሉድ ካብ ምኽን ተፈለየ። ብፍጥረቱ ሓጥእኮነ። ኣብ ትሕቲ ኢድን ግዝኣትን ሰይጣን ወደቐ።

ኣምላኽ ድማ ናይ ደም ውህደታዊ መስዋእቲ ገበረ። ደም ኮርማንኣጣልን ግና፡ ሓጢኣት ክሽፍን ጥራይ እምበር ካብ ሓጥያት ከፋትሕ ኣይተኽኣሎን። ቀይሕ ንጣብ ኣብ ኢደይ እንተድኣ ሃልዩኒ፡ ብጻዕባሕብሪ እንተድኣ ተሸፊኑ፡ እቲ ቀይሕ ነገር ሕጂውን ኣሎ ማለት 'ዩ።ርኢኹምዶ ገና ኣሎ።

ኣምላኽ ግና ካብ ሰማይ መጽረይ ሓጢኣት ዝኾነ በረኪና ካብ ሰማይ ሰደደ። ደም ወዱ ለኣኸ።ዝተናዘዝናዮ ሓጢኣታትና ናብ በረኪና ኣምላኽ ምስነጠበ እስኪ ደጊምኩም ድለይዎ? እቲ ከም ኣለላ ቀይሑ ዝነበረሓጢኣት ብማእኸላይ ይሓልፍ'ሞ፡ ጊዜኡ ሓልዩ ነቲ ኸሳሲ ንሰይጣን ብምዝባጥ ክሳብ መዓልቲ ፍርዲ ኣብቲ ኸሳሲ ይልጠፍ።

198 እቲ ወዱ'ኸ? ደጊም በቲ ሓደ መዳይ፡ ከም ቀደሙ መዘከርታ ናይሓጢኣቱ ብምርሳዕ፡ ምስ ኣቦ ፍጹም ዝኾነ ሕብረት ብምሓዝ ይጸንዕ። የለን፡ ድሕሪ ደጊም ዝረኣይ ማኪያ ይኹን ርስሓት ኣይርከቦን።ነጻ እዩ፡ ሃሌሉያ! ልክዕ ከምቲ ክሎሮክስ ወይ ድማ ከምታ ሕብራዝተሰባበረት ነጥቢ ናይ ቀለም እሞ ደጊማ ዘይትርከብ ነጻ እዩ። ሓጢያት ብንስሓ ተናዚዙ ናብ ደም እንተተኣሊኹ . . . ሓደ ወዲወይ ጓል ናብ እየሱስ ክርስቶስ እንተድኣ ተኣሊኾም፡ ምልክታት ሕማሞም ኩሉ ይጠፍእ። ሓድሕድ ሜለኩል ናይ ሓጢያቶም ናብ ሰይጣንይኣቱ ናብቲ ብፍርዲ ዝድርበየሉ ቃላይ ሓዊ ክሳብ ዝኣቱ ድማ ኣብ ልዕሊኡ ይልጠፎ። እቲ ጽልኢ ድማ ድልድል ይግበረሉ፡ ደጊም ፈጺሙመዘከርታ ኣይርከቦን። ሰብ ድማ ከም ወዲ ኣምላኽ ይጸድቕ። ትሕትና!

199 ሙሴ ኣብ ትሕቲደም ደዓውልን ኮርማን ኮይኑ፡ በቲ ኣብ ቃል ኣምላኽ ዝነበሮ ምስክርነቱ! ኣምላኽ በቲ ትሕትናኡ ነዚ ትሑት ሰብ ይወስድ እሞ ቃላቱኣብ ኣፉ የንብረሉ ነበረ። ይኸይድ እሞ ጀሆቫህ ድማ ብራእይ የዛርቦ ስለዝነበረ ባርያ ናይ ጀሆቫህ ምኧኑ ኣረጋገጸ። ኣእዳዉ ናብ ገጽ ምብራቕዘርጊሑ ድማ ኸደ። ሕጂ ድማ፡ ኣምላኽ ከምዝተዛረቦ ዘክሩ። ሓሳብ ኣምላኽ እዩ። ኣምላኽ ድማ ሰብ' ዩ ዝጥቀም። እወ ብሓቂ ኣምላኽ ኣዛሪቡዎ።

“በትሪኻ ኣብ ኢድካ ሒዝካ ኺድ እሞ፡ ንገጽ ምብራቕ ዘርጊሕካ፡- 'ጽንጽያ!' ኢልካ ኣውጅ” በሎ።

200 ሙሴ ድማ በትሩ ሒዙ ኣብ ትሕቲ ደም ደዓውልን በጊዕን ኮይኑ ናብ ገጽ ምብራቕ ኣቢሉ ኸደ። ኢዱ ዘርጊሑ ድማ “ኅይታ ሰራዊት'ጽንጽያ ይኹን!' ይብል ኣሎ።” ብምባል ኣወጀ። ጽንጽያ'ኮ ኣይተሰምዐን። ብኡ ድማ ናብ ቦታኡ ተመልሰ። በቃ ተባሂሉ ኣሎ። ሓሳብእዩ። ሕጂ እቲ ሓሳብ ዝነበረ ብዘረባ ቃል ተዘሪቡስ ተተንቲኑ እዩ። ቃል ኣምላኽ 'ዩ፡ ነገር ግን ናብ ከናፍር ትሑት ሰብ መጸ፡ኣብ ትሕቲ ደም ደዓውልን በጊዕን ናብ ዘሎ ሰብ።

ብመጀመርታ ንኽትፈልጡ፡ ቆጽለዋይ ሃመማ ክተምም ጀመረ፣ ብኻልኣይደረጃ ድማ ኣብ ሓንቲ ሜትሮ 5 ፓውንድ ዝኣኸሉ። እዚኸ እንታይ? ብኣፍ ሙሴ እቲ ፈጣሪ፡ ዝተነግረ ቃል ኣምላኽ። ምኽንያቱ ኣብትሕቲ ደም ኮይኑ ብህልውና ኣምላኽ ደው ኢሉ ስለዝነበረ ቃል ኣንደበቱ ናይ ገዛእ ርእሱ ቃላት ኣይነበረን።

201 “ንስኻትኩ ኣባይ ቃለይ ድማ ኣባካኻትኩም እንተሃልዩ፡ ዝደለኹምዎ ትሓቱ'ሞ ይወሃበኩም።” ቤተክርስትያንከ ኣብ ምንታይ እያ ቀይማ ዘላ?

“እንቁርያብ ይኹን!” ክብል እንከሎ፡ ኣብታ መላእ ሃገር እንቁርያብኣይነበረን፡ ኣብ ውሽጢ ሰዓት ግና ኣብ ኩሉ ስፍራ ዓሰርተ ኢድ ተጥለቕለቓ። እዚኸ እንታይ ነይሩ? ኣምላኽ እቲ ፈጣሪ ዝኾነ ኣምላኽ፡ ገዛእ ርእሱ ኣብ ትሑትሰብ ሰዊሩ ነበረ።

ሕጂ ሓንቲ ሕቶ ክሓተኩም! እቲ ሓጢያት ምሽፋን ጥራይ ዝከኣሎ ነገር ግን ንስርየት ሓጢያትዝፈስስ ደም ድዓውልን ኣባጊዕን፡ ንሓደ ሰብ ኣብ ስፍራኡ ከጽንዑ እንተተኻኢልዎን፣ ንጽ ንጽያታት ካብ ዘይምህላው ናብ ህልውና ዘምጽእ ቃል ክእውጁ እንተገይሩስ፡ ንምንታይ ድኣ በቲ ሙጹጽላይወይድማ ኻሊእ ፍጥረት ናብ ህልውና ዘምጽእ ስርየት ደም እየሱስ ክርስቶስ እትሰናኸሉ?

ከምኡ ኣይትግበሩ! ብትሕትናኡ ኣይትሰናኸሉ። ንሱ ኹሉሻብ ኣምላኽኮይኑ ከም ዝነብር እመኑ። ኦ - ማይ! ምሕረት ናይ ሓጢያት። ኦ . . . ምቕጻል እንተዝኽእል ነይረ።

ብድሕሪኡ ድማ ኣብ ማርቆስ 11፡22 “የሱስ ድማ መለሰ በሎምውን፡ ብኣምላኽ እመኑ። ዝኾነ ይኩን እቲ ዝበሎ ኸም ዚኸውን ዚኣምን እምበር፡ ብልቡ ዘይዋላወል፡ ነዚ ኸረን፡ ተንሲእካ ናብ ባሕሪ ጥሐል፡ እንተ በሎ፡ ንእኡ ኸም ዚኾነሉ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ።”

202 ማ-ይ! ሰለስተ ወይ ኣርባዕተ ገጻት ኣለዉኒ። በቃ ክንሓድጎ ኣለና። የቐንየለይ። ኣምላኽ ገዛእ ርእሱ ኣብ ትሕትና ይስውር ኣሎ። ኣይረኣየኩምን ድዩ ዘሎ? ብዝኾነ ነገር እማ ገለ ስሕተት ኣሎ። ኣብ ዝኾነ ነገር ስሕተት ኣሎ። ኅይታ እንተተዛሪቡ ክሕሱ ኣይከኣሎን እዩ። ተስፋ ቓል ይህብ። ርኢኹም? ኣብ ትሕትና ይስወር። ቀሊል እዩ!

እቶም ምሁራት ዝበሃሉ ከምዚ ይብሉ “ኦ፡ ኣሃ . . . እዚኮ ተለፓቲ ወይድማ ካሊእ ኣእምሮኣዊ ሸወዳ እዩ። ትፈልጡ እዚ . . . ”

203 ኣምላኽ እኮ ናብ ምንጪታት ጊዜ ተመሊሱ ክጥቕልል ዝኽእል ኣምላኽ እዩ። ነገራት ከመይ ከምዝነበረ፣ ትማሊእንታይ ኔርኩም ድሕሪ ጊዜ እንታ እንታይ ከም እትኾኑ ኩሉ ክነግረኩምዝኽእል ኣምላኽ እዩ። እዚውንእንተኾነ

በቲ ንሓጢያተኛ ኣንጺሁ ናብ ባዕሉ ዘምጽእ ሓጺቡ ድማ ኣብ ቅድሚ ህልውና ኣምላኽ ዘቕርብ እየሱስ ክርስቶስ እዩ። “ንስኻትኩ ኣባይ ቃለይ ድማ ኣባካኻትኩም እንተሃልዩ፡ ዝደለኹምዎ ትሓቱ'ሞ ይወሃበኩም። እቲ በኣይ ዝኣምን እቲ ኣነ ዝገብሮግብርታት ክገብር ይከኣሎ እዩ።”

“ስለ ምንታይ ድኣ እትኹኑኑኒ? ሕግታትኩም ባዕሉስ ነቶም ቃልኣምላኽ ዝመጸሎም ንነብያት 'ኣማልኽቲ' ኢልኩምዶ ትጽውዑዎም የለኹምን?እሞኸድኣ ወዲ ኣምላኽ እየ ብምባለይስ ስለምንታይ ትኹኑኑኒ ኣለኹም?” ክርድእዎ ኣይተኸኣሎምን። ኣይተረድእዎን።

204 እምበኣርከስ ቤተክርስትያን ካብ ሎሚ ምሸት ጀሚርኩም ነቲ ስዒቡዝመጽእ መልእኽታት፡ መልእኽቲ እቲ እንነብረሉ ዘለና መዓልታት ከይትስሕትዎ ሓደራ። ርኢኹም? ደም እየሱስ ክርስቶስ ድማ ክሳብ ሕጂዝነበረ ሓጢያትኩም ከምዘንጽሀ ከይትርስዑ፡ ኣብ ዝኽሪ ኣምላኽ ድሕሪ ደጊም የለን። መራት ዘበለ ኹሉ ወሲድዎ እዩ።

ሓጢያት ከም ኣለላ ኣቒሑኒ

ንሱ ግን ከም በረድ ኣጻዕዲኒ

ስለዚ ኣብ ቅድሚ ዙፋኑ

ብኡ ፍጹም ኮይነ 'ለኹ።

205 ኦ - ማይ! ብኸመይ እየ ፍጹም ዝኸውን? ብኸመይ እየ ፍጹም ዝኸውን?ብባዕለይ ኣይኮንኩን፡ በቲ ደም 'ዩ። እቲ ደም ኣብ ሞንጎይን ኣብ ሞንጎ ኣምላኽን ደው ይብል። ስለዚ ድማ ኣነ ይቕበሎ። ንሱ ውን የንብረለይ . . . ኣነ ሓጥእ እየ ንሱ ግና ኣምላኽ እዩ። ነገር እቲ ኬሚስትሪ ኣብ ሞንጎ ኣነ ብሓጢያት ዝሞትኩ ደው፡ይብል እሞ ኣምላኽ ድማ ከም'ቲ ናብ - መጽረይ ዝኣተወ ጽሩይ -ጻዕዳ ማይ ይጥምተኒ። ሓጢያተይ ደጊም የለን፡ ዝወደቐ መስዋእቲ ኣብ ቅድሚኡ ስለ ዘሎ ሓጢያተይ ናብኡ ኣይበጽሕን።

206 እቲ ቀሊልን ትሑትን ቃል ኣምላኽ እንኣምነሉ እምነትናስ ኣበይ ኣሎ? በቃ ኣምላኽ ዝተዛረቦ ኹሉ ከም ቃሉ ውሰዱዎ። ሕጂ ኣምላኽ ብትሕትና ገዛእ ርእሱ ኣብዞም ትሑታት ሰዊሩ ኣሎ፡ ኣብዘን መዓልታትሓንቲ መዓልቲ ግና፡ ከምቲ ቀደሙ ገዛእ ርእሱ ከግህድ እዩ። ተፍቅሩዎዶ? [ጉባኤ ኹሎም “ኣሜን” ኢሎም መለሱ።]

የፍቅሮ'የ የፍቅሮ'የ

ፈለማ ስለ ዘፍቀረኒ

ምድሓነይ ዓደጎ

ኣብ ኦም ቀራንዮ።

207 ተፍቅሩዎዶ? [ጉባኤ ኹሎም “ኣሜን” ኢሎም መለሱ።] ማ-ይ! ደስዶኣይብልን? [“ኣሜን።”] እቲ መልእኽቲ፡ ነቲ ቀደም ዝተመደበ ፍረ ብምፍራይ፡ ቁሳቑስ ናብ ዘይትሓስቡሉ ስፍራ ከም ዘብጽሐኩም ይኣምንንተስፋ ይገብርን። . . . ንኣምላኽ ብልዕልናኡ ክትርእይዎ እንከለኹም፡ ከመይ ትሑት ኣምላኽ ምኳኑ ርኣዩ'ሞ ንኣምላኽ ክትርእይዎ ኢኹም። ናብኡ ብ . . . ኣይትርኣዩ።

208 ኤልሳዕ ኣብቲ በዓቲ እንከሎ፡ ትኪ፣ደም፣ ነጎዳ፣ መስመስታ ኣብዙርያኡ ነበረ፡ ርኢኹም ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ስምዒታውነት ነይሮምና፡ ኣብ ገጽን ኣብ ኢድን ደም ብምቕባእ፣ ወኻዕታን ስምዒታትን። እዚ ወዲ ኸምዚ ነቲ ነብዪ ፍሕት ኣየበሎን። እታ ንእሽተይ ድምጺ ክሳብ እትመጽእንሱ ኣብ ስፍራኡ ነበረ። (እዚኸ እንታይ ነይሩ?) ቃል ኣምላኽ፡ብድሕሪኡ ገጺ ሸፊኑ ወጺኡ ተመላለሰ። ርኢኹም፡ በቃ እዚ እዩ።

209 ኣቱም ፈተውተይ ዘክሩ! ዓብዩን ሓያል ነገራትን ኣይትጸበዩ .. . ከምቲ “ኣምላኽ ብዛዕባ ሰናይን ዓበይቲ ነገራትን እዩ ዝዛረብ። ድሕሪ እዋን እዚን እቲን ካሊእን ክኸውን እዩ” እትብልዎ።ክብሎ ዝደልዮ ዘለኹ ይርድኣኩም ከም ዘሎ ተስፋ ይገብር። ርኢኹም? “ሰናይን ዓበይቲ ነገራትን፡ ርኢኹም! ኦ! ከምኡ ምስ ኮነ ድማ፡ኦ! ካሊእ ሰናይን ሓያል ነገርን ክኸውን እዩ።” ነገር ግን ንሱ ብትሕትና ክገሃድ እዩ'ሞሓደ'ኳ ኣይፈልጦን። ከምኡ እንዳበለ ድማ ይቐጽል። ርኢኹም?

ንድሕሪት ጠሚትኩም ድማ “ኣይ! ክሳብ ሕጂ ኣይተፈጸመን . . . ” ክትብሉኢኹም። ርኢኹም! ብልዕሊ ርእስኹም እንዳሓለፈ ፍጹም ኣይትርእይዎን። በቃ ብቐሊሉ ይሓልፍ። ርኢኹም! ኣምላኽ ሓይሉ ንኸርእይ ቀሊልወይ ድማ ኣብ ትሑት ነገር ይነብር። ንኣምላኽ ልዑል ዝገበሮ እንታይእዩ? ገዛእ ርእሱ ስለ ዝትሕት። ዓብዩን ክቡርን ሰብ ክብሩ ክሕሉ ስለዝደልይ፡ ገዛእ ርእሱ ትሑትክገብር ኣይኽእልን። ርኢኹም? ግን'ኮ ገና ኣይዓበየን። ክብሩ እኹል ምስ ኮነ ግና፡ ክትሕት ይጅምር፡ ገዛእ ርእሱ ምትሓት ይኽእል።

210 ከምቲ ኣብ ቺካጎ ዝነበረ ሓደ ቅዱስ ዝተዛረቦ “እቲ ሰብ ንሱምስ ኩሉ ፍልጠቱን ነገራቱን ደይቡ ነበረ” ነገር ግን “ርእሱ ኣድኒኑ ብሓለንጊ ተገሪፉ፣ ፍጹም ስዕረት ተሳዒሩ” ተመልሰ። “ከምቲልዕል ልዕል ኢሉ ዝኸደ ርእሱ ኣትሒቱ እንተ ዝኸይድ ነይሩስ፡ ከምቲ ንታሕቲ ዝወረዶ ልዕል ምበልኩ” ኢሉ ተዛረበ። እወ ርኢኹም! ትኽክል 'ዩ።

ትሑታት ኩኑ፣ በቃ ርእስኹም ኣትሕቱ። ፍሉያት ኣይትኹኑ። ን- ንእየሱስ ፍተዉዎ። “ጎይታ፡ ኣብ ልበይ ገለ ተንኮል እንተሃልዩ፡ ዎ! ኣቦ ገለ ጌጋ እንተሃልዩኒ፡ ከምኡ ዓይነት ሰብ ምኳንኣይደልይን እየ። ካባይ ኣርሕቆ፡ ከምኡ ዓይነት ሰብ ምኳን ኣይደልይን። ዎ! ጎይታ እታ መዓልቲ ክትቀርብ ይርእያ ኣለኹ'ሞ፡ ኣብታመዓልቲ ንሳ ከም ሓደ ካባታቶም ክቑጸር እየ ዝደልይ።” ድማ በልዎ።

ኣምላኽ እንተድኣ ኸፊትልናስ፡ ብዛዕባ እተን ማሕተማት ክንጅምርኢና። ዘክሩ! ንሱ በይኑ ጥራይ እዩ ክኸፍት ዝኽእል። ስለዚ ድማ ኣብኡ ንውከል። ኣምላኽ ይባርኽኩም።

211 ሕጂ ድማ ፓስተርና ንስኻትኩም እትብልዎ ወይድማ ንሱ ምሸት ቅድሚ ምርኻብና ን - ንዓኻትኩም ዝብለኩም

ነገር ይህልዎ ይኸውን ይብል። እቲ ጉባኤ ድማ፡ መዝሙር . . . ሰዓት ሽዱሽተን ፈረቓን!ፓስተር? እንደገና . . . [ሓው ነቪለ፡ “ሽዱሽተን ፈረቓን 'ዩ ዝጅምር” በለ።] ሽዱሽተን ፈረቓን። [ማዓጹ ድማ . . .“ሰዓት ሽዱሽተ ይኽፈቱ”] ማዕጾ ሰዓት ሽዱሽተ ተኸፊቱ፣ መዝሙር ሽዱሽተን ፈረቓን ይጅመር።

ፍቓድ ጎይታ እንተኾይኑ ድማ ሎሚ ምሸት ብዛዕባ እታ ብሾብዓተ ማሕተም ዝተሓትመት መጽሓፍክዛረብ እየ፣ ብድሕሪኡ ሰኑይ ምሸት ብዛዕባ እቲ ጋላቢ ጻዕዳ - ፈረስ (ትግርኛ ኣንበላይ ፈረስ ይብሎ)። ካብኡ ሰሉስ ምሸት .. . ብዛዕባ ጋላቢ ጸሊም - ፈረስ ድማ ሮቡዕ ምሸት (ትግርኛ መጋል ፈረስ ይብሎ)። ብዛዕባ ግራጫ ፈረስ፣ ቡላ ፈረስ። ከምኡድማ ብዛዕባ ጋላቢ ቀይሕ - ፈረስ። ብድሕሪኡ ናብ ሻዱሻይ . . . ራብዓይ፣ ሓሙሻይ፣ ሻዱሻይ፣ ካብኡ ድማ ሰንበት ምሸት። ምናልባት ዝቖጽል ሰንበት ንጉሆ፡ ናይፈውሲ ፕሮግራም። ምናልባት።

212 እምበኣርከስ፡ ንሕና ገዛእ ርእስናን ቸርችናን ንስራሕ ኣምላኽከም ዝተወፈና ዘክሩ። ኣምላኽ ሓደ - ሓደ ሰዓት ኣርፈደኩም እየ። ይቅርታ ትገብሩለይ ዲኹም?[ጉባኤ ኹሎም “ኣሜን” ኢሎም።] ከምኡ - ከምኡ ንኽገብር ኢለ ኣይኮንኩን። ነገር ግን - ርኣዩ፡ ንሓደ ሰሙን ጥራይ እየ ምሳኻትኩምዝጸንሕ ካብኡ ንደሓር ክፍለየኩም እየ። ናበይ ከምዝኸይድ ኣይፈልጥን እየ፡ ነገር ግን ንሱ ናብ ዝመርሓኒ እየ። ምሳኻትኩም ዘልኣለምክነብር ስለዝደልይ ድማ ሓድሕድ ደቒቓ ክሳተፍ እየ ዝደልይ።

ኣምላኽ ይባርኽኩም፡ ሕጂ ድማ ሓውና ነቪለ።

www.messagehub.info

Sermons By
William Marrion Branham
"... in the days of the voice ..." Rev. 10:7